# ኣግኢዘ

## ደቂ - ኣንስትዮ


















ጽንዓትና ዋሕስና! صمودنا.. ضماننا!
OUR RESILIENCE: OUR GUARANTEE!



"ንፍቕሪ ማሕበረኮም በይሩት፡ ክኣብ ሕጂ እየ ዝናፍቖ"
ተጋዳሊት ራህዋ ሃብቱ



"ብሓልዮት ክስኩሱ፡ ባህሊ ስራሕ ዘፍለጠንን ክእለት ዘቕሰመንን ህዝባዊ ግንባር እዩ"
ተጋዳሊት ጅሮም ኣምለሶም



"ታሪኽና፡ ደወራረስን ይመሓላለፍን ኣሎ"
ወይዘሮ ፋጥማ ዑስማን እድሪስ



"ኣብ ሃገረ ባዕዲ፡ ንገድሊ ዋጋ ተኸፊሊዎ እዩ!"
ወይዘሮ ሓረጉ መልኣኩ

ብሃገራዊ ማሕበር ደቂ-ኣንስትዮ ኤርትራ
ዝዳሎ መጽሄት
ኣብዛ መጽሔትና ዘለኩም ርእይቶ፡ ኣበርክቶ
ይኹን ነቐፌታ፡ በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ልኣኹልና፡-

ኣድራሻና
ሃገራዊ ማሕበር ደቀንስትዮ ኤርትራ
ፖ. ሳጹን፡ 239
ተሌ፡ 291-1-111134 - 291-1-118753
ፋክስ፡ 291-1-111140

መርበብ ሓበሬታ ሃማደኤ
E-MAIL – nuew@nuew.org
WEB SITE – www.nuew.org

ኣሰናዳኢት
ፋጥና ዓብዱራሕማን

ምክትል ኣሰናዳኢት
ሜሪ ጸሃየ

ስእሊ
ኣገልግሎት ዜና ዞባ ማእከል
ኣሃዱ ስእሊ ክ/መ/ሓበሬታን ሃማደኤ

ሰደኣውት
ኣብረሃት ንጉስ

ካቨር ዲዛይን
joሲ

ዘርጋሒ መጽሔት
200454 / 07121322
ዞባታት ሃማደኤ

# ትሕዝቶ

ልሳን —— 2

ዜና ማሕበር —— 3

ቃለ-ማጠይቕ —— 5
“ብሓልዮት ኮስኩሉ፡ ባህሊ ስራሕ ዘፍለጠንን ክእለት ዘቕሰመንን ህ.ግ እዩ”
ተጋ/ጅርም ኣምለሶም

ትምህርቲ —— 7
- “ፍልጠትና ክሰፍሕ ልምዲ ንባብ ክህልወና ኣለዎ”
- ምኽሪ ዝምድና ሓዳር ንደቀንስትዮ
- ’ዕላማይ፡ ንመጻኢ ታሪኽ ምስግጋር እዩ”
- ሞያና ከነውርስ ንደሊ
- ንበዓልቲ ቤት ክበሃሉ ዘይብሎም ነገራት

ጥዕና —— 13
- ኣጠቓቕማ መድሃኒት ንውሑስን ውጽኢታውን ፍወሳ

ሕግን ሕብረተሰብን —— 15
- ቴክኖሎጂስ ንስናይ ተግባር ድኣ!
- ብሓባር ምንባር

ማህደር ታሪኽ —— 19
- ተጋዳሊት ኣዝመራ ኩብሮም “መምህር ጽንዓት”
- “ታሪኽና ይወራረስን ይመሓላለፍን ኣሎ”

ዲያስፖራ —— 23
- ኣብ ሃገር ባዕዲ፡ ንገድሲ ዋጋ ተኸፊልዎ እዩ!” - ወ/ሮ ሓረጉ መልኣኮ
- “ንፍቕሪ ማሕበርኩም በይሩት፡ ክሳብ ሕጂ’የ ዝናፍቖ”

ስነ-ልቦና —— 28
- ብድህያታት ህይወት

ትርጉም ሰማእትነት —— 29
- ሰውእቲ

ስነ-ጥበብ —— 32
- ሙዚቃ ቀመም ህይወት እዩ!

ደቂ-ኣንስትዮን ኣከባብን —— 34
- መገሳ ኣድሓኑትን ኣገባብን

ደቂኣንስትዮ ዓለም —— 36
- “ዝቐትስ ‘ግምቢ ፒሳ’ ከይደግም፡ ምሒርየ ዝተንቀቕ”
- ምስእነ ድቃስ ኣትኩሮ ሓንጎል ከምዝጥፍእ ተሓቢሩ

ስፖርት —— 38
- ንዓወት ስፖርታውያን ዝሕግዝ ምኽራታት

ይብሉ ነበሩ! —— 40
- “ብዘይ ክንፊ’ዶ ይብርር ሲሎ፡ ብዘይ ሃገሩ’ኸ ዝኸብር መን ኣሎ፧”

# ልሳን

## ክብረት ዘዃነጸፈ ክብሪ

ወርሓት ግንቦት-ሰነ፡ ንህዝቢ ኤርትራ፡ ናይ ሓጐስን ዝኽሪ ሓበንን ወርሓት እየን። ኤርትራዊ ኣብ ውሽጢ ሃገር ኮነ፡ ኣብ ዝኾነ ኲርናዕ ናይ ዓለም ይሃሉ፡ ንበዓል ናጽነቱ 24 ግንቦት ብድምቀት፡ ብልዑል ማዕርግን ፍስሃን ጸንቢሉ፡ ወርሒ ኣብ ዘይመልእ ግዜ፡ 20 ሰነ ክብሪ ኣሕሊፉ፡ ነቶም ምእንቲ ሃገራዊ ናጽነትን ክብረትን መተካእታ ዘይብላ ህይወቶም ብዘይ ብቑ ዝወፈዩ ጀጋኑ ሰማእታት ብረዚን መንፈስን ልዑል ሓበንን ዘኪሩ። እዚ ን35 ዓመታት ድምቀቱን ርዝነቱን ከይነከየ ዝመጸ ጽንብልን ዝኽሪ ሓበንን፡ ሎሚ ኣካል ባህሊ ህዝቢ ኤርትራ ኮይኑ ኣሎ። ብኣጋጣሚ እዘን ክልተ ረዘንቲ ዕለታት እምበኣር፡ መጽሔት ኣግእዞ ንሓደ ካብቲ ሃገራዊ ክብረት ዘዃናጸፈ ዓበይቲ ክብርታት ማለት “ባህሊ ተወፋይነት” ተመሊሳ ከተዘኻኽር ትደሊ።

ህይወት ካልኦት ንምምቃር፡ ብዘይ ነግ ፈረግ ህይወትካ ምብጃዉ፡ ብዘይካ ኣብ ውሑዳት ኣብ ብዙሓት ሕብረተሰባት ደሊኻ ዘይርከብ ክቡር ባህሊ እዩ። “ኣነ ክጠሚ ንስኻ ጽገብ፣ ኣነ ክሓልፍ ንስኻ ሰዓብ፣ ኣነ ክጸምእ ንስኻ ርወ” ዝመለለይኡ ባህሊ ሰማእታት ኤርትራ፡ ኣብ ውሽጢ’ዛ ብስሰዐ፡ ፍቕሪ ንዋይን ገንዘብን ዝዓወሩ ገበትቲ ዝጾረት ዓለም ክርከብ ምኽኣሉ፡ ንወረጃነት ባህሊ ሕብረተሰብናን ንዕኡ ዘቕመ ክብርታትን ኣጕሊሑ የርኢ። ምእንቲ እተፍቅሮ ሰብ፡ ህይወትካ ኣሕሊፍካ ምሃብ፡ ዓቢይ መስዋእቲ እዩ። ምእንቲ ህዝብን ሃገርን ህይወትካ ምዉፋይ እሞ ከኣ፡ መዘና ዘይርከቦ ተወፋይነት እዩ።

ሰባት ንብጻዮም ወይ ንዝኾነ ፈላጢኦም ግዜኦምን ጉልበቶምን ሰዊኦም ሓደ ውዕለት ምስ ዝፍጽሙ ዓስቢ’ቲ ዝፈጸምዎ ክፍሊት ወይ ፍሉይ ምስጋና ክሓቱ ልሙድ እዩ። ኣብ ከምዚ ዝበለ ዓለም እናነበረ፡ ህይወቱ ብዘይ ብቑ ከፊሉ ናጽነት ዘጨበጠካን ልኡላዉነትካ ዝዓቀበልካን ወዲ መሬት እምበኣር፡ ንኽብሩ ይትረፍ’ዶ መማዝንቲ መቓርብቲ እውን የብሉን። ስለዚ ድማ፡ ዋላ እኳ ንኽብሩ ዝዳረግ እንተዘይኮነ፡ እምብዛ ክተኽብሮን ለበዋኡ ንምፍጻም ለይትን ቀትርን ክትጽዕትን ግቡእ እዩ። “ኢድ ሸናሒት ጸናሒት” ከም ዝበሃል፡ ምእንቲ ብጻዩ፡ ገንዘቡ፡ ክብረቱ፡ መዓርጉ፡ ምቾቱ፡ ዝሰዉአ ሰብ ዓስቢ፡ መስዋእቱ ብዕጽፍታት ክምለሰሉ ይኽእል ይኸውን። ህይወቱ ዝኸፈለ ሰብ ግን፡ ተመሊሳ ኣይትመጾን እያ። የግዳ፡ እቲ ጽቡቕ ነገር፡ ብመስዋእቲ ዝተኸፍለት ህይወት ናብ ዋናኣ ዘይኮነ፡ ናብቶም ብህይወት ዘለዉ’ያ ብኻልእ መልክዕ እትምለስ። ነቶም ብህይወት ዘለው፡ ትንፋስ እትህቦም፡ ብርሃን እትምጥዎም ንሳ እያ። ነቶም ንቕሓት ዝጎደሎም ንቕሓቶም ከበራብሩ እትሕግዞም...ዒብ፡ ኒሕ፡ ተጻዋርነት ዝኣመሰሉ ክብርታት ሕብረተሰብ እትምህሮም ንሳ እያ። ኣብ መንፈስ ዜጋታት ፍሉይ ድራኸ ኣስሪጻ ከም ዝበራበሩን ብዝተዓጻጸፈ ሓይሊ ንሃገሮምን ህዝቦምን ከም ዘገልግሉን እትገብሮም ንሳ እያ። “ሕድሮም ኣይንረስዕ” ዝብል ረዚን ቃላት፣ ነዚ’ዩ ዘንጸባርቕ።

“ተወፋይነት” እንሕበነሉ ክቡር ባህሊ ኤርትራውያን እዩ። ንድሕሪት ተመሊስና፡ ነዚ ሕጂ እነስተማቕሮ ዘለና ንፋስ ናጽነት ንምምጻእ ዝተሓልፈ መስገደል እናከንዘከር፡ እቶም ምእንታና ዝሓለፉ ጀጋኑ፡ ኣብ ኲርኳሕ ደቂሶም፡ ጥሜትን ዕርቃንን ተጻዊሮም፡ ምስ ተመነ-ዕንቅርቢት ተመሓዚዮም፡ ኣብ ሸላታት ማእሰርቲ በልዮም፡ ነዛ ክብርቲ ናጽነት ከም ዘምጽኡልና ኢና እንግንዘብ። ሰማእታትና እምበኣር ወዶም ዷሎም፡ ዓቢኦም ንእሽቶኦም…፡ መማህራንናይዚ መግለጺ ልዑል ፍቕሪ ህዝብን ሃገርን ዝኾነ ክቡር ባህሊ ተወፋይነት እዮም። እቲ ንሓድነትና ጠሚሩ ሒዙ ዝርከብ ባህልን ክብርታትን ንሃነጽቱ ንሳቶም እዮም። ባህሎምን ክብርታቶምን ክሳብ ዝዓቀብና ድማ፡ ወትሩ ኣብ መንፈስና ህያው እዮም።

መጽሔት ኣግእዞ እምበኣር፡ ኣብ’ዚ ናይ መበል 49 ሕታማ፡ ነዚ ክቡር ባህሊ ተወፋይነት ዘንጸባርቕን ክብርታት ገድልን ሕብረተሰብን ዘጕልሕን - ብፍላይ ድማ፡ ንተራን ኣበርክቶን ሰራሕቲ ቅያ ኤርትራውያን ደቂ ኣንስትዮ ዝውክል ጽሑፋት ሒዛትልኩም ቀሪባ ኣላ - ሰናይ ንባብ!

# ዜናታት ማሕበር

## ፕረዚደንት ሃማደኤ፡ ንደቂኣንስትዮ ኣባላት ሚኒስትሪ ምክልኻል ሰሚናር ኣካይዳ





ስእሊ ዙቤር ስዒድ

ፕረዚደንት ሃገራዊ ማሕበር ደቂኣንስትዮ ኤርትራ ወ/ሮ ተኽኣ ተስፋሚካኤል፡ ንደቂኣንስትዮ ኣባላት ክፍልታት ሚኒስትሪ ምክልኻል፡ ኣብ "ተራ ኤርትራውያን ደቂኣንስትዮ ኣብ መኸተን ልምዓትን" ዘተኮረ ሰሚናር ኣካይዳ።

ኣብ'ቲ ኣብ ኣስመራ-ኣዳራሽ መዓስከር ደንደን ዝተኻየደ ሰሚናር፡ ህዝባዊ ግንባር ማዕርነት ብስራሕን ተሳትፎን ንምስራጽ፡ ሓያል ናይ ምንቃሕን ምውዳብን ስርሓት ከምዘካየደ፣ ከም ውጽኢቱ ድማ ኣብ ወርሒ ሕዳር 1979 ኣብ ሓራ መሬት ሃማደኤ ከምእተመስረተ ገሊጻ።

ደቂኣንስትዮ፡ ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ ብዝተራሕወለን ርሒብ ዕድላት፡ ኣካዳሚያዊ፡ ፖለቲካውን ሞያውን ትምህርቲ ብምቕሳም፡ ኣብ ኩሉ መዳያት ናይ'ቲ ቃልሲ ብብቕዓት ከምእተሳተፋ፣ ኣብ ዓውደ ውግእ'ውን ክሳብ ደረጃ ኣዘዝቲ ብጅግንነት ከምእተቓለሳን ከምዝመርሓን ኣብሪሃ።

ፕረዚደንት ሃማደኤ ወሲኻ፡ ድሕሪ ናጽነት - መንግስቲ ኤርትራ ኣቐዲሙ ንዘነበረ ንደቂኣንስትዮ ዝሃስን ዘዳሉን ሕግታት ብምስራዝን ንዘመሓየሸ ብምምሕያሽን፡ ብሓድሽን ፍትሓውን ትሕዝቶ ከምዝትካእ ከምዝገበረ፡ እዚ ድማ ምስ'ቲ ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ ዝተኸሰከሰ ክብረታት ተደሚሩ፡ ናብ ሓድሽ መድረኽ ከምዘሰጋገረ ኣነጺራ።

"ውዳበ ሓይሊ'ዩ" ዝበለት ወ/ሮ ተኽኣ፡ ማሕበር ኣብ ውሽጢ ሃገርን ወጻእን ውዳባታቱ ብምስፋሕ ተሳትፎኡን ኣበርክቶኡን ንምዕዛዝ ይንቀሳቐስ ምህላዉ ብምግላጽ፡ ናይ ኩለን ደቂኣንስትዮ ጻዕርን ተሳትፎን ክሕይል ኣተሓሳሰበት።

## ኣብ ንኡስ ዞባ ሎጎ-ዓንሰባ፡ 22 ዓድታት ነጻ ካብ ክሽቦ ደቂኣንስትዮ ኣዊጀን



ኣብ ንኡስ ዞባ ሎጎ-ዓንሰባ፡ ኣብ 13 ምምሕዳራት ከባቢ ዝሕቑፋ 22 ዓድታት፡ ብደረጃ ንኡስ ዞባ ኣብ ዝተኻየደ ጽንብል፡ ነጻ ካብ ክሽቦ ደቂኣንስትዮ ኣዊጀን።

ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ፡ ኣመሓዳሪ ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣምባሳደር ማሕሙድ ዓሊ ሕሩይ፡ ፕረዚደንት ሃማደኤ ወ/ሮ ተኽኣ ተስፋሚካኤል፡ ጸሓፊ ህግደፍ ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣምባሳደር ማሕሙድ ዓሊ ጃብራ፡ ከምኡ'ውን ወከልቲ ማዕከን ህጻናት ሕቡራት ሃገራት (UNICEF)ን ማዕከን ህዝቢ ሕቡራት ሃገራት (UNFPA)ን ተረኺቦምነይሮም።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ሎጎ-ዓንሰባ ኣቶ ኣብርሃም ሓጎስ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ክሽቦ ደቂኣንስትዮ ዝርከቦም ሃሰይቲ ልምድታት ንምውጋድ ብደረጃ ንኡስ ዞባ ኮሚተ ብምቛም ንዘተኻየደ ኮም ማእከል ዝገበረ ስራሕን ገስጋሱን ድሕሪ ምግላጽ፡ ብዝተገብረ ዳህሳስ ኩለን ዓድታት ክሽቦ ከምዘወገዳ ከምእተረጋገጸ፣ ደግሲ ከየጋጥም ድማ ዕቱብ ምክትታል ከምዝግበር ገሊጹ።

ግዝያዊ ሓላፊ ጨንፈር ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣቶ ተስፋጉብርኤል ጉብረስላሴ ብወገኑ፡ ጎዳኢቲ ልምድታት ብሓፈሻ ክሽቦ ደቂኣንስትዮ ድማ ብፍላይ ንምውጋድ ሓያል ጻዕሪ'ኳ ክካየድ እንተጸንሐ፡ ክሽቦ መሊኡ ስለዘይተወገደ ብዙሓት ደቂኣንስትዮ ግዳይ ከኾና ምጽንሐን ብምጥቃስ፡ ካብ 2018 ብምውህሃድ ሚኒስትሪታት ጥዕናን ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ከምኡ'ውን ሃማደኤ ሰፊሕ ጎስጓሳዊ መደባት ብምክያዱ፡ እቲ ተርእዮ እናንቈልቈለ ከምዝመጸ፣ ኣብ ንኡስ ዞባ ሎጎ-ዓንሰባ ዝተበጽሐ ደረጃ ድማ ናቱ ውጽኢት ከምዝኾነ ኣረዲኡ።

መራሕቲ ሃይማኖትን ወለድን ድማ፡ ምስ ኣካላት መንግስትን ግንባርን ብምውህሃድ ብዝተኻየደ ሓያል ጻዕሪ፡ ሳዕቤናት ክሽቦ ደቂኣንስትዮ ብግቡእ ክግንዘቡ ከምዝኸኣሉ ብምጥቃስ፡ ከባቢኦም ካብ'ዚ ዘይሕጋዊ ተግባራት ሓራ ከምዝኾነ መስኪሮም።

ኣብ'ቲ ጽንብል፡ ኑቲ ዕለት ዘንጸባርቕ ስነ-ጥበባዊ መሰናድኦታት ቀሪቡ።

ንኡስ ዞባ ሞልቀ፡ ብ25 ጥቅምቲ 2025 ነጻ ካብ ክሽቦ ከምዝኣወጀ ዝዝከር'ዩ።

# ኣብ ዓዲተከሌዛን፡ ንደቂኣንስትዮ ሰሚናርን ኣስተምህሮን ተኻዪዱ

ጨንፈር ሃማደኤ ዞባ ዓንሰባ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ዓዲተከሌዛን ሰሚናር ኣካዪዱ።

ኣደ-መንበር ጨንፈር ወ/ሮ ኣምና ሓሰን፡ ምዕሩይ ተጠቃምነት ደቂኣንስትዮ ኣብ ኣገልግሎታት ትምህርቲ፡ ጥዕና፡ መሬትን ካልእን ንምርግጋጽ ምስ ዝምልከቶም ኣካላት ተወሃሂዱ ዘካይዶ ጻዕሪ፡ ገና ዝተርፍ ስራሕ'ኳ እንተሎ ጽቡቕ ውጽኢት ይርከቦ ከምዘሎ ገሊጻ።





ኣብ ልዕሊ ደቂኣንስትዮ ሃስያ ዘስዕቡ ልምድታት ከውገዱ ምስራሕ'ውን ኣካል ዕላማታት ማሕበር ከምዝኾነ ዝጠቐሰት ወ/ሮ ኣምና፡ ደቂኣንስትዮ ኣብ ቁጠባዊ፡ ማሕበራዊ፡ ባህላውን ፖለቲካውን መዳያት ማዕርነተን ብንጡፍ ተሳትፎአን ንምርግጋጽ ብንቕሓት ክሰርሓ ኣዘኻኺራ።

"ተራ ደቂኣንስትዮ ኤርትራ ኣብ ዝተፈላለየ መድረኻት ዘሐብንዩ" ዝበለት ወ/ሮ ኣምና፡ ሎሚ'ውን እንተኾነ ኣብ ውሽጥን ወጻእን ዝርከባ ደቂኣንስትዮ ኣብ መደባት መኸተን ልምዓትን ብምሉእ ዓቕመንን ፍልጠተንን ክሳተፋን ዓጸፉ ክሰርሓን ከምዝግባእ ኣገንዚባ።

ኣብ መወዳእታ፡ መንእሰያት ደቂኣንስትዮ ንምውዳብ፣ ሃሳዪ ልምድታት ንምውጋድ፣ ከምኡ'ውን ሞያዊ ዓቕሚ ደቂኣንስትዮ ንምዕባይ፡ ተራን ዕማምን መላእ ሕብረተሰብ ብሓፈሻ ናይ'ተን ኣብ ንጡፍ ስራሕ ዝርከባ ወከልቲ ሃማደኤ ከኣ ብፍላይ ከዓዝዝ ተማሕጺና።

ተሳተፍቲ ብግደአን፡ ከምዚ ዓይነት ሰሚናራት ቀጻልነት ክህልዎ ተማሕጺነን።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣብ ተመሳሳሊ ዕለት ኣብ ጠንቂን ሳዕቤናትን ሕማም ዓሶ፡ HIV/ኤይድስ፡ ነድሪ ጸላም ከብዲን ካልኦት ተመሓላለፍቲ ሕማማት ዘተኰረ ጥዕናዊ ኣስተምህሮ ከምእተዋህበ፡ ወኪል ኤሪና ሓቢሩ።

# ሃማደኤ፡ ብምኽንያት በዓል ናጽነት ንቕያን ጅግንነትን ኤርትራዊት ጓልኣንስተይቲ ዘንጸባርቕ መደብ ኣካዪዱ

ሃገራዊ ማሕበር ደቂኣንስትዮ ኤርትራ፡ ብምኽንያት ጽንብል መበል 35 ዓመት ናጽነት፡ ንቕያን ጅግንነትን ኤርትራዊት ጓልኣንስተይቲ ኣብ ቃልሲ ንናጽነት፡ ምውሓስ ልኡላውነትን ህንጸት ሃገርን ዘንጸባርቕ መደብ፡ ኣብ ኣስመራ ኣካዪዱ።


ስኢሊ-የውሃንስ መብርሀቱ

ኣብ'ቲ ሚኒስተር ትምህርቲ ዶ/ር ሓሊማ መሓመድ ዝኸፈተቶ መደብ፡ ሚኒስተራት ዝርከብዎም ላዕለዎት ሰበ-ስልጣን መንግስትን ግንባርን ተረኺቦም ነይሮም።

ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ፡ ንተራ ኤርትራዊት ጓልኣንስተይቲ ኣብ ምውሓስ ድሕነትን ጸጥታን ባሕሪ እተንጸባርቕ፣ ከምኡ'ውን ኣብ ሓቀኛ ታሪኽ ዝተመርኰሰት "ምትግባር ሕድሪ ሰማእታት ዘየቋርጽ መስርሕ" ከምዝኾነ እትገልጽ - ክልተ ሰነዳዊ ፊልምታት ንምርኢት ቀሪበን።

ኣወሃሃዲት ናይ'ቲ ጽንብል ወ/ሮ ዛይድ መስፍን ኣብ ዘስመዓቶ ቃል፡ ብግቡእ ተሰኒዱ ዝጸንሐ ታሪኽና፡ ኣብ ምብራኽ ጽንዓት መንእሰያትናን ምድልዳል ሓድነትናን ልዑል ተራ ከምእተጻወተ ብምጥቃስ፡ ማሕበር ካብ ዝሓለፈ ዓመታት ጀሚሩ ንቕያን ጅግንነትን ኤርትራውያን ደቂኣንስትዮ ዘንጸባርቕ ሓቀኛ ስራሕ ኣብ ምስናድ ተጸሚዱ ከምዝርከብ ሓቢራ።

እቲ "ጽንዓትና ዋሕስና" ብዝብል ቴማ ዝተኻየደ መደብ፡ ብባህላዊ መደብ ዝተሰነየ ነይሩ።

# ቃለ መጠይቕ

## “ብሓልዮት ኮሰኩሉ፡ ባህሊ ስራሕ ዘፍለጠንን ከእለት ዘቕስመንን ህ.ግ እዩ”

ዳህላክ ነጋሲ

### ተጋ. ጅሮም ኣምለሰም



*** ምስ ኣንበብቲ መጽሔት ኣግእዞ ክትላለዪ፣**

ጅሮም ኣምለሶም እብሃል። ኣብ ኣስመራ ተወሊደ። ኣብ መፋርቕ 1977 ገና 13 ዓመት ከይመላእኩ ብከረን ኣቢለ ናብ ብረታዊ ቃልሲ ተጸንቢረ። ኣብቲ ግዜ'ቲ፡ ብዛዕባ ሰውራ እኹል ንቕሓት ሃልዩኒ ወይ'ውን ተወዲበ ኣይኮንኩን። መብዛሕትኦም ካብ ኣባላት ስድራ-ቤተይ ንሜዳ ወጺኦም ስለዝነበሩ፡ ኣሰሮም ተኸቲለ'የ ከይደ። ሽው ናብ ክፍሊ ታዕሊም ከምርሕ ድሌተይ ነይሩ፡ የግዳ ትሕቲ-ዕድመ ስለ ዝነበርኩ፡ ናብ ቤት-ትምህርቲ ሰውራ'የ ኣምሪሐ። ነዊሕ ከይጸናሕኩ ግን፡ ናብ ብሌቃት ብምኻድ፡ ግቡእ ወተሃደራዊ ታዕሊም ወሲደ።

ድሕሪ ታዕሊም ኣብ ከበሳ (ጊንዳዕ) ኣብ ኮምሽን ሕርሻ ተመዲበ። ፈለማ ኣብ ድርፎ (ወዓጋ) ኣብ ፋብሪካ ምድላው ሜል-ሜላታ ንዝተወሰነ እዋን ሰሪሐ፡ ቀጺለ ናብ ዊና ኣምሪሐ። ኣብ መፋርቕ 1978 ምዝላቕ ምስ ኮነ፡ ናብ ውሑስ ቦታ ኣዝሊቕና። በዚ ከኣ፡ እተን ኣብ ትሕቲ ክፍሊ ቁጠባን ዝነበራ ኣሃዱታት ኣብ ብሌቃት ምስ ተኣከባ፡ እቶም ብዕድመ ዝዓኾኹ ብጾትና ናብታ ሽው ዝቖመት ብርጌድ 27 ክጽንበሩ ተጸምቢሮም፣ እቶም ዕድመና ዘይኣኸለ ከኣ ናብ ክፍሊ መጓዓዝያ ተመዲብና።

*** ኣብ መጓዓዝያ ዝቐጸለ ገድላዊ ህይወት ከመይ ትዝክርዮ፣**

ኣብ መጓዓዝያ ምስ ተመደብኩ፡ ናብ ጸብራ ብምምራሕ፡ ኣብ ቤት-ትምህርቲ ቴክኒክ፡ ክፍሊ ትምህርትን መጽናዕትን'የ ተጸንቢረ። ኣብቲ ግዜ'ቲ እቲ ትምህርቲ ብቋንቋ ኣደ እዩ ዝወሃብ ነይሩ። ብድሕሪ'ዚ፡ ኣብ መጀመርያ 1979 ናብ ጋራጅ ዓራግ ተመዲበ። እቲ ጋራጅ ብክኢላዊ ዓቕሚ-ሰብን ንዋታዊ ትሕዝቶን ዓብዩ ስለ ዝነበረ፡ ድንቁርና ኣጥፊእና ብዙሕ ፍልጠትን ክእለትን ክንወርስ ባይታ ረኺብና። ኣገባብን ባህልን ስራሕ ዘፍለጡና፡ ብሓልዮት ዝኾሰኰሱናን ፍልጠት ዘሰነቑን መምህራና ከም በዓል ብሩኖ ቴዛ፡ መንቀርዮስ፡ ግርማይ ሽቓልቀልን ካልኦትን ብቐሊሉ ዘይሃስስ ኣሰር ኣብ ልዕሌና ኣንቢሮም እዮም። ብዛይካ'ዚ፡ ነቲ ጋራጅ ዝመርሑ ዝነበሩ ላዕለዎት ሓለፍቲ፡ ከም በዓል ብርሃነ ሃንጀማን ዳዊት መንግስትኣብን፡ነቲውድባዊዕማማት ብግቡእ ኣብ ምትግባር ዝለዓለ እጃም ነይሩዎም።

*** ደብዳብ ነፈርቲን ካልእ ተጻብኦን ጸላኢ ኣብ ስራሕኩም እንታይ ጽልዋ ነይሩዎ፣**

ድሕሪ ምዝላቕ ኣብ ሓደ ምስ ተኣከብና፡ ደብዳብ ነፈርትን ካልእ ዕግርግርን ብተደጋጋሚ የጋጥም ነይሩ። ተጻብኦታት ጸላኢ ንምፍሻል፡ ካብ ጋራጅ ዓራግ ክንለግስ ተገዲድና። ገለ ክፋል ናይቲ ጋራጅ ናብ ሓስታ፣ ገለ ክፍሉ ድማ ናብቲ ኣብ ዓንበርበብ ዝርከብ ጋራጅ ተሰጋጊሩ። እቲ ዝዓበየ ጋራጅ ኣብ ሰዋኪንን መራፊትን ከምዝድኰን ስለ ዝተገብረ፡ ኣነ ምስታ ናብ ዓንበርበብ ዝገዓዘት ኣሃዱ ንዝተወሰነ እዋን ጸኒሐ፡ ናብ ሱዳን ኣምሪሐ። ካብኡ ፈለማ ሰዋኪን ተመዲበ፡ ካብኡ ናብ ባድን ንማእቶታዊ ንጥፈታት ኣምሪሕና። ቀጺለ፡ ናብ ሱዳን ተመሊሰ ንዝተወሰነ እዋን ኣብኡ ጸኒሐ፡ ናብ ጋራጅ ሓሊበት ከይደ። ኣብቲ ግዜ'ቲ ኣብ ሳዋ ተንቀሳቓሲ ጋራጅ ቈይሙ ስለዝነበረ፡ እቶም ኣብ ሓሊበት ዝነበረና ኣባላት ክሳብ መጥቃዕቲ ተሰነይ 1984 ዝሓለፍ ኣብኡ ጸኒሕና፡ ናብ ሱዳን ተመሊሰ። ኣብ 1986 ብምኽንያት ወሊድ፡ ካብ ሰዋኪን ናብ ዓራርብ ከይደ፡ ቦኹሪ ዓለይ ተገላጊለ፡ ናብ ሰዋኪን ተመሊሰ ንጥፈታተይ ከካይድ ጀሚረ። ሽው ትካል ቶዮታ ቈይሙ ብምንባሩ፡ ድሕሪ ናይ ሰዋኪን ጉዕዞይ ኣብቲ ሓድሽ ጋራጅ ዓንበርበብ ተመዲበ፡ኣብንኣሽቱመካይንክነጥፍጀሚረ። ካባኡ፡ ኣብ መጓዓዝያ ዝነበርና ኣደታት ደቅና እናኣለና ሰውራዊ ንጥፈታት ንምዕያይ ኣብ እንዳ 17 ከም እንጥርነፍ ተገይሩ። በዚ ከኣ፡ ኣብ ሓሊበት ንዝተወሰነ እዋን ጸኒሕና። ብድሕሪ'ዚ፡ ብምሉእ ኣሃዱ እንዳ 17 ናብ ኣፍጨዋይ ግዒዙ። ኣብቲ እዋን ምክትል መራሒት መስርዕ እየ ነይረ። ብዘይካ'ዚ፡ እተን ኣብኡ ዝነበርና ደቀንስትዮ ማዕረ-ማዕረ'ቲ



ኣካዳያዊ ትምህርቲ ኣውቶ-ስኮላ (ምምራሕ መኪና) ክንመሃር ዕድል ረኺብና። ልክዕ ኣብቲ ዕለት መመረቕታና ከኣ፡ ሓርነት መላእ ኤርትራ ተበሲሩ። ብዘይካ'ዚ፡ ዕለተ-ልደት ናይታ ቦኽሪ ጓላይ ብምንባሩ፡ ንኹሉ'ቲ ፍጻመታት ብሓደ ክንጽንብሎ እዝከረኒ።

*** ድሕሪ ናጽነት ኣብ መጓዓዝያ'ዶ ቀጺልኪ፧**

እውን ኣብ መጓዓዝያ ኣብ ጋራጅ ዓንበርበብ ቀጺለ። እንተኾነ፡ መካኒን ዘይኮንኩ ጸሓፊት ኮይነ ኣርባዕተ ዓመት ሰሪሐ። ኣብ 1992 ጋራጅ ዓንበርበብ ነቲ ኣብ ሜዳ ዝተመስረተ ጋራጅ ቶዮታ ከዕብዮ ስለዝወጠነ፡ ንውክልና ናይቲ ትካል ዝበቅዕ ክልሰ ሓሳብን ካልእ መመርሒታትን ሒዙ ተበጊሱ። በዚ ከኣ፡ ኣብ ሜዳ ብዛዕባ ዓበይትን ንኣሽቱን መካይን ዝነበረ ናይ ቴክኒክ ኣፍልጦይ ክሰፍሕን ክዓብን እንከሎ፡ ኣብ ጋራጅ ዓንበርበብ ከኣ ኣብ ወረቐት ዝሰፍር ቴክኒካዊ ቃላት ብግብእ ክፈልጥ ባይታ ረኺበ። ብዘይካ'ዚ፡ ንኽልተ ዓመት ኣብ ሞተረ ምሕዳስ መካይን ናይ ቶዮታ ሰሪሐ'የ። ኣብ 1996 ጋራጅ ዓንበርበብ ወኪል ቶዮታ ኮይኑ፡ ዓንበርበብ ሼር ካምፓኒ ዝብል ስም ሒዙ ተበጊሱ። ኣብ 1998 ከኣ፡ ናይ ኮማትሶን ያማሃን ውክልና ስለዝሓዘ፡ ኣብ ያማሃ ተመዲበ ምስ ሰርቪስ ያማሃ ዝተሓሓዝ እኹል ፍልጠት ደሊበ፡ ይሰርሓሉ ኣለኹ። ኣብ መሬት ይኹን ባሕሪ ንዝካየድ ናይ ያማሃ ምግጥጣም፡ ምጽጋን፡ መሸጣን ካልእ ንጥፈታትን ከኣ የሰላስል።

*** ሞያዊ ብቕዓትኪ ንምዕባይ ዝወሰድክዮ ስልጠናታት ኣሎ'ዶ፧**

ዓንበርበብ ሼር ካምፓኒ፡ ስልጠናታት ብምውዳብ ዝፍለጥ ትካል'ዩ። ናይ ነዊሕ፡ ማእከላይን ሓጺርን ስልጠናታት ሰሪዑ፡ ኩሉ ሰራሕተኛ ፍልጠትን ሞያዊ ክእለትን ክዓጥቕ ከኣ ይጽዕር። ብወገነይ፡ ካብ 2007 ኣትሒዘ ኣብ ብዙሕ ስልጠናታት ተሳቲፈ'የ። እቲ ዝወሰድኩዎ ስልጠናታት ገሊኡ ንልዕሊ ሓደ ዓመት ዝቕጸለ ክኸውን እንከሎ፡ ገሊኡ ናይ ኣዋርሕ እዩ።

*** ብዘይካ'ቲ ምዱብ ስራሕኪ ካልእ ኣብ ምንታይ ትንጥፊ፧**

ምስ ሞያይ ዝተሓሓዝ ምስ ዝተፈላለያ ማሕበራትን መሻርኽቲ ኣካላትን ይነጥፍ'የ። ንኣብነት፡ ኣብ ሃማደኤ ዞባ ማእከል ኣደ መንበር ቦርድ፡ ማለት ናይ ፈደረሽን ከሚካልን ማዕድንን ኮይነ ይነጥፍ። ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ሰለስተ ወርሒ እናናተራኸብና ኣኼባታት ነካይድ። ካልእ፡ ብዝተፈላለየ ዓውደ-ትምህርቲ ተመሪቐን ኣብ ስራሕ ዝተዋፈራ መንእሰያት ደቀንስትዮ፡ ኣብ ሓደ ደረጃ ዕብየት ደው ንኸይበላ ንጽዕር። ኣብ ዓንበርበብ ሼር ካምፓን ድማ ብዙሓት ደቀንስትዮ ፈርየን እየን። ብተወሳኺ፡ ኣብ ኮምሽን ባህልን ስፖርትን፡ ኣብ ፈደረሽን ምክትታል ደቀንስትዮ ኣብ ሞተር ሳይክልን ቅድድምን ከምኡ'ውን፡ ኣብቲ ዝውደብ ቅድድም ከም ሓላፊት ፕሮቶኮል ኮይነ ይሰርሕ ኣለኹ። ናብ ሩዋንዳ ከይደ፡ ዝተሳተፍክዎ ስልጠና ኣሎ።

*** ኣብቲ እትነጥፈሉ ሞያ ዕውት ክትኮኒ ዝኽኣለኪ እንታይ'ዩ ትብሊ፧**

ዝወሃበኒ ትምህርቲ ኮነ ስራሕ፡ ሓንጎፋይ ኢለ'የ ዝቕበል። ኣብዚ እዋን'ዚ ከኣ ብያማሃ ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ክበጽሕን ሓላፊት ሰርቪስ ያማሃን ኮይነ ይነጥፍ ኣለኹ። ኣብ 2012'ውን፡ ሓንቲ ካብ ብሉጻት ሓሙሽተ ሰራሕተኛታት ብምኳንተሸሊመ። ስለዚ፡ ንቕሓትን ፍልጠትን ኣዕጢቑ መካኒክ ግዘበረኒ ህዝባዊ ግንባር እዩ።

*** ኣብ መወዳእታ ክትብልዮ ትደልዪ እንተሎ፧**

ኣብ ሰውራ፡ ገዛእ-ርእሰይ ዘዕብየሉ ሞያ ክዓጥቕ ክኢለ'የ። ስለዚ ኣብዚ ደረጃ ንኽበጽሕ ኣብ ሜዳ ዝመሃሩንን ዘማእዘኑን በዓል ብሩኖ፡ መንቀርዮስ፡ ግርማይ (ሽቕል-ቀል)፡ በለጠም፡ ባዱ፡ ኬርን ካልኦትን፣ ከምኡ'ውን፡ ኣብ ሰውራ ብልዑል ንቕሓትን ተወፋይነትን ንኽቃለሱ ዝኹስኳሳኒ ደቀንስትዮ መቓልስተይ በዓል ጸሃይነሽ፡ ኣረጋሽ፡ ባኮ፡ ለምለም በራኺ፡ ስተል፡ ጺጋ ኣስመላሽ፡ ሚርያም ወዘተ ልባዊ ምስጋናይ ኣቕርብ። ካብ ዝሓለፈ 34 ዓመታት ጀሚሩ፡ ፍልጠትን ሞያን ክንሕዝ ብልዑል ኣተኩሮ ዝሰርሕ ዘሎ፡ ኣካያዳ ስራሕ ዓንበርበብ ሼር ካምፓኒ ኣቶ ግርማይ ኣብርሃ፣ ከምኡ'ውን ኣብ ክፍሊ ያማሃ መሳርሕተይን ናይ ቀረባ ሓላፊየይን ተስፋይ ተኪኤ ከምስግኖም እፈቱ።





# ትምህርቲ

## “ፍልጠትና ክሰፍሕ ልምዲ ንባብ ክህልወና ኣለዎ”

መርሃዊ ታደሰ

*ኣባል 25 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት'ያ። ህድኣታ ኣብ ገጻ'ዩ ዝንበብ። ፍሕሸው ኢ ቃባብለኣን ደሙቕ ፍሸኽታኣን ብዘይ ስክፍታ ንክተዛራረባ ዓዳሚ'ዩ። ሓንቲ ካብቶም ናይ ምንባብ ልዑል ሸውሃት ዘለዎም፡ ወትሩ ሓድሽ ፍልጠት ንምድላብ ህርድግ ዝብሉ ትስፉዋት መንእሰያት'ያ። ኣብ ሆስፒታል ሓይሊ ኣየር (ኢናኢል) ሓፈሻዊ ሓኪም ኮይና ትሰርሕ ዘላ በዓልቲ ሓዳርን ኣደ ሓንቲ ቆልዓን ዶክተር ሊድያ ዓብዱዝጊ፡ ናይ ሎሚ ዕድምቲ መጽሔት ኣግእዞ እያ ሰናይ ንባብ፡-*

**◆ ቆልዓ እንከለኺ ትብህግዮ ዝነበርኪ ሞያ እንታይ ነይሩ፧**

ናይ ቆልዓ ነገር ብዙሕ ሞያ'የ ዝብህግ ነይረ። ሓንሳብ ዶክተር፡ ሓንሳብ ኢንጅነር፡ ሓንሳብ ፓይሎት ክኸውን እየ እናበልኩ ዓብየ። ክሳብ ካልኣይ ደረጃ ብልጫ እናወሰድኩ'የ ትምህርተይ ዛዚመ። ኣብ ሳዋ ዘመዝገብኩዎ ምሉእ ነጥቢ (4) ናብ ሕክምና ዘእትወኒ ብምንባሩ ድማ፡ ሞያ ሕክምና መሪጸ፡ ብሓፈሻዊ ሕክምና ትምህርተይ ዛዚመ።

**◆ መዓስ ንሳዋ ወሪድኪ፧ መዓስ'ከ ብሞያ ሕክምና ተመሪቕኪ፧**

ኣብ 2011 ምስ ኣባላት 25 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት'የ ናብ ሳዋ ወሪደ። ትምህርተይ ወዲአ ብሓፈሻዊ ሕክምና ዝተመረቕኩሉ ድማ ኣብ 2022 እዩ ነይሩ።

**◆ ክንዮ ዶክተር ሊድያ፣ ንኹብሰኺ ምግልጽክለይ'ዶ፧**

ሰብ ክገልጸካ እንከሎ'ዩ ጽቡቕ ነይሩ። ግድን ካብ በልካኒ ግና ዶክተር ሊድያ ዓብዱዝጊ፥ ክንዮ'ቲ ዶክተር ምኻና ሓሊፉ፥ ሓጋዚት ሰብ፡ ልዑል ናይ ምንባብ ሸውሃት ዘለዋ፡ ጽን በሃሊት፡ ፈቃርን ዕላማኣ ንምጭባጥ ተስፋ ከይቆረጸት ህርድግ እትብልን መንእሰይ'ያ። ሓደ ካብቲ ሕክምና ዝመረጽኩሉ ምኽንያት ምስ ባህረይ ዝኸይድ ናይ ሕልና ስራሕ ምዃኑ እዩ።

**◆ በጺሕክዮ ዘለኺ ደረጃ ናይ መን ውጽኢት'ዩ ትብሊ፧**

እዚ ውጽኢት'ዚ ናተይ ውልቃዊ ጻዕርን ሓርኮትኮትን እኳ እንተለዎ ብቐንዱ ግና ናይቶም ብእሩም ስነ-ምግባር ኮስኲሶም ዘዕበዩኒ ወለደይን ብነጻ ዘምሃሩኒ ህዝበይን መንግስተይን ውጽኢት'ዩ።

**◆ ትምህርትኺ ምስ ዛዘምኪ ኣበይ ክትምደቢ ትደልዪ ነይርኪ፧**

ተመኩሮ ንምቕሳምን ምስ ዝተፈላለዩ ባህልን ልምድን ናይ ሕብረተሰብና ንምልላይን ካብ ኣስመራ ወጻኢ ክምደብ ባህጊ ነይሩኒ። እንተኾነ ብቐጥታ ኣብ ሆስፒታል ኢናይል ኣስመራ'የ ተመዲበ። ክሳብ ሕጂ ድማ ኣብ እሰርሕ ኣለኹ።

**◆ ሓኪምን ኣደን ምዃን ከመይ ትገልጽዮ፧**

ክልቲኡ ምስ ሓልዮትን ርህራሀን ዝተኣሳሰር፡ ከቢድ ሓላፍነት ዘሰክም ስራሕ ብምዃኑ ምምስሳል ዘለዎ ኮይኑ'የ ረኺበዮ።

**◆ ትርፊ ግዜኺ ኣብ ምንታይ ተሕልፍዮ፧**

ናይ ምንባብ ሸውሃተይ ኣዝዩ ልዑል'ዩ። መጻሕፍቲ፡ ጋዜጣታትን መጽሔታትን ኣብ ምንባብ፡ ጸወታ ኩዕሶ እግርን ብሽክለታን ኣብ ምርኣይን ናይ ገዛ ዕዮታት ኣብ ምዕያይን'የ ዘሕልፎ።

**◆ ኣብ ኩዕሶ ናይ መን ደጋፊት ኢኺ፧**

ብዙሕ ደኣ ኣብ ጸወታ ኣይሕጐሰሎምን እምበር ካብ ቀደም ኣትሒዘ ደጋፊት ናይ ማንቸስተር ዩናይትድ'የ። በዓል ቤተይ ከኣ ደጋፊ ሊቨርፑል። ኣጋጣሚ ኮይኑ ክልቲኣን ኣብ ዝጋጠማሉ ብሓንሳብ ኮፍ ኢልና ኩዑሶ ሪኢና ኣይንፈልጥን። ብምኽንያት ስራሕ ኣነ ኣብ ኣስመራ ንሱ ከኣ ኣብ ግላስ ኣብ በበይኑ ቦታታት ኢና ንቕመጥ ዘለና።



**◆ ንበዓል ቤትኪ ከመይ ትገልጽዮ፧**

ምስ በዓል ቤተይ ዶክተር ቶማስ ዑቕባይ ብሓንሳብ ኢና ተማሂርና። ኣብ ኩሉ'ቲ ኣነ ዝገብሮ ንጥፈታት ከኣ ኣዝዩ ልዑል ኣበርክቶ'ዩ ዘለዎ። ካብዚ ዘለኹዎ ደረጃ ንላዕሊ ንኽበጽሕ ድልየት ስለ ዘለዎ ብሞራልን ንዋትን ወትሩ'ዩ ዝሕግዘኒ። በዚ ኣጋጣሚ'ዚ ከመስግኖ ኣዝዩ ደስ ይብለኒ።

**◆ ኣብ ቋንቋ ተገዳስነት ከመይ'ዩ፧**

ኣብ ቋንቋ ኣዝዩ ልዑል ተገዳስነት'ዩ ዘለኒ። ምኽንያቱ ቋንቋታት ምፍላጥ ኣገዳሲ'ዩ። ሓደ ቋንቋ ዝፈልጥ ሓደ ሰብ፡ ክልተ ቋንቋ ዝፈልጥ ክልተ ሰብ፡ ሰለስተ ቋንቋ ዝፈልጥ ድማ ሰለስተ ሰብ'ዩ ኢልና ክንገልጾ ንኽእል ኢና። ቋንቋታት እንተፈሊጥና ኢና ኣብዛ ዓለም ዝካየድ ንጥፈታት ኩሉ ክንፈልጥን ክንምርምርን እንኽእል። ቋንቋታት እንተደኣ መሊኽና ድማ ኢና ምስ ዝተፋላለዩ ኣካላት ሕብረተ ሰብ ዓለም ክንረዳዳእ ንኽእል። ኣነ ብወገነይ ቋንቋታት ክፍለጥ ህርድግ ይብል እየ። ትግርኛን እንግሊዝን ጽቡቕ ገይረ ይመልኮ እየ። ዓረብ፡ ኣምሓርኛ፡ ጣልያን፡ ትግረ፡ ቻይና እውን ይፈታትን እየ።

**◆ ኣብ ህይወትኪ ዘይገበርኩዎ ኢልኪ ትጠዓሰሉ፧**

ቅድሚ ሳዋ ምውራደይ ተጻዋቲት ቴንስ ባይታን ቴንስ ሰደቓን እየ ነይረ፡ ነዚ ሞያ'ዚ



በዚ ዝነጥፈሉ ዘለኹ ዓውዲ ሕክምና ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ምብጻሕ።

**◆ ናብ ሕብረተሰብና ዝቐነዐ መልእኽቲ እንተለኪ፧**

ከም መንእሰይ መጠን ናብ መንእሰያት ዝቐንዐ መልእኽቲ'ዩ ዘለኒ። ንባብ ንህይወትና ኣዝዩ ኣገዳሲ'ዩ። ኣብዛ ዓለም ዝነበረን ዘሎን ኩነታት ክንፈልጥን ፍልጠትና ብቐጻሊ ከነስፍሕን እንተድኣ ኴንና ቀጻሊ ከነንብብ ኣለና። ዕድመ ናይ መንእሰይ ተረካቢ ዕድመ ስለ ዘይኮነ ንመንእሰያት ኣንብቡን ግዜኹም ብግቡእ ተጠቐምሉን ክብሎም እደሊ።

ኣብቲ ዝድለ ደረጃ ስለ ዘየብጻሕክዎ ከም መንእሰይ መጠን ቅሩብ ይስመዓኒ'ዩ።

**◆ ከም ሓኪም መጠን ኣሰካፍቲ ካብ ዝበሃሉ ሕማማት ንሓደ ኣልዒልና ክንዘራረብ ምደለኹ፧**

ጸገም የብሉን፡ ብዛዕባ ሕማም መንገኛ ዝበሃል ናይ ማህጸን ሕማም ክንዘራረብ ንኽእል ኢና። ሕማም መንገኛ ኣብ ማህጸን ዝፍጠር ጥረ'ዩ። ዛጊት እዚ'ዩ ጠንቅታቱ ኢልና ብንጹር ክንዛረበሉ ኣይንኽእልን ኢና። ምልክታቱ ካብ ሰብ ናብ ሰብ ክፉላለ ይኽእል'ዩ። ገለ ካብ ምልክታቱ ንምጥቃስ፡ ኣብ እዋን ወርሓዊ ጽግያት ኮነ ጽግያት ኣብ ዘቋረጸሉ እዋን ብዙሕ ምፍሳስ ደም፣ ቃንዛ ኣብ ማህጸን፣ ጥሪቕ ጥሪቕ ናይ ሽንቲ፣ ምህዋኽ ንሽንቲን ዘይምቁጽጻርን.... ወዘተ. ገለ ካብ ምልክታት ናይዚ ሕማም'ዚ እዩ። በዚ ኣጋጣሚ'ዚ እዚ ምልክታት'ዚ ዝረኣየት ዓለንስተይቲ ፍርሒ ከይተሰመዓ ናብ ሕክምና ብምኻድ ብኣጋኡ ክትፍወስ ከዘኻኽር እደሊ።

**◆ ኣገባብ ኣፉዋውሳኡ፧**

ክልተ ዓይነት ኣፉዋውሳ'ዩ ዘሎ። እቲ ሓደ ካብ መጥባሕቲ ወጻኢ ክሕከም ዝኽእል እንተደኣ ኮይኑ እቲ ዓቐን ይውስኽ ኣሎ ድዩ የለን እናተኸታተልካ ምጽባይ'ዩ። እቲ ካልኣይ ከኣ ነቲ ዝተኣከበ ስጋ ብምጥባሕቲ ምእላይ'ዩ። ሓደ-ሓደ ግዜ ከኣ፡ እተን በዚ ሕማም'ዚ ዝተጠቕዓ ደቀንስትዮ ወሊደን ዝወደኣ እንተኾይነን ማህጸን ብምእላይ ይፍወስ።

**◆ ራእይኪ እንታይ እዩ፧**

## *ምኽሪ ዝምድና ሓዳር ንደቀንስትዮ*

◆ ***ፍሉይ ኣደህባ ሃብዮ፡*** *ብዛዕባ'ቶም ንሱ ክዛረቦም ዝደሊ ነገራት ተፈታዊን ህንጡዩን ብዝኾነ ምብህሃል ተዋስኢ። እዚ ከኣ ሽሕ ግዜ እቲ ንሱ ክዛረቦ መሪጹዎ ዘሎ ኣርእስቲ ዘሰልቹ እንተኾነ መሰዋእቲ ከፊልኪ ብጽቡቕ ገጽን መልሓስን ምዝርራብ ማለት'ዩ። ሓደ ካብቲ በዓል ቤት ኩሉ ግዜ ዝፈትዎ ነገር መግቢ'ዩ'ም እቲ ንሱ ዝፈትዎ ዓይነት መግቢ ኣዳሊኺ ቀርብሉ።*

◆ ***ርእይቶኡ ደግፊ፡*** *ርእይቶ በዓል ቤትኪ ክትፈልጢ ምድላይ ሓደ ካብቲ ንዝምድና ሓዳር ዘትርርዮ ነገር'ዩ። ርእይቶ በዓል ቤታ ከይፈለጠት ውጽኢታዊ ነገር ክትገብር እትኽእል ሰበይቲ መቸስ የላን። ስለዚ፡ ሓደ ነገር ቅድሚ ምግባርኪ ርእይቶ በዓል ቤትኪ ተወከሲ'ሞ ሸሎ ግበርዮ፡ እዚ ከኣ ንኽልተኹም ሕጉሳት ገይሩ ክቕጽለኩም'ዩ።*

◆ ***ፍሉይ ኣጋጣሚታት ምውጣን፡*** *ነዚ ኩሉ ግዜ በዓል ቤትኪ ጥራይ ክትግብሮ ኣይትግደፍዮ። ፍሉይ ኣጋጣሚ ማለት ማዕረ'ቲ ንበዓልቤትኪ ደስ ዘብሎ ከምዘብለኪ ኣርእይዮ። ንጻዕሪታትኪ ድማ ብርግጽ ከድንቖ'ዩ። በዚ ከኣ ምስኡ ዘለኪ ዝምድና ይሕይል።*

◆ ***ወለንታዊት ኩኒ፡*** *ኣብ ቤትኪ ፍሉይ ናይ ምሳሕ መኣዲ ኣብ ምውዳብ ደዩ፡ ቡን ኣብ ምስታይ፡ መደባት ቴለቪዥን ኣብ ምዕዛብ፡ መጻሕፍቲ ኣብ ምንባብን ካልእ ንፍቕሪኹም ዘሐይል ነገራትን ኣብ ምስንዳእ እተርእይዮ ገጽ-ባህሪ ኩሉ ግዜ ወለንታዊ (ተገዲድኪ ዘይኮነ) ክኸውን ኣለዎ። ወለንታዊ ወይ ፈቲኻ ምውሳእ ድማ ንዝምድና ሓዳር ዝኹልዕ፡ ንሓዳር ተፈታዊን ህያዊን ገይሩ ዝሕዝን'ዩ።*

◆ ***ርእሰኺ ምእላይ፡*** *ደቂ-ተባዕትዮ ማራኺቲ ወይ መሰጥቲ ኮይነን ንክርእያ ኣንስትዮም ይፈትውወን። ስለዚ፡ ጽሬት ኣካላትኪ፡ ጸጕሪኺን ክዳውንትኺን ብቐጻሊ ዝሓለኹ ክትኮኒ ይግባእ። እዚ ምስ በዓል ቤትኪ ንዘህልወኪ ዝምድና ከምዘጕለዕልዕ ይገብሮ።*

◆ ***ብላሕ (Intellectual) ምኻን፡*** *ሽሕ ግዜ ዝበዝሕ ግዜኺ ኣብ ደቅኺ ምእላይ ኣሕልፍዮ፡ ንትምህርትኺ ሽለል ኣይትበልዮ። ኣነቓቓሕቲ ጽሑፋት ምንባብ ኣይረስዒ። ኣፍልጦ ህሉው ዜናዊ ኩነታት ኣከባቢኽን ካልእ ኣገደስቲ ፍጻሜታትን ይሃሉኺ። ኣእምሮኣዊ ብልሕኺ ምስ ዘነቓቕሑ ጕጅለ ምጽንባር ኣይትጽልኢ። ደቂ-ተባዕትዮ ደረጃእን ኣበርኽ ምስ ዝብላ ደቀንስትዮ ክዘራረቡ ኣዝዩ'ምዮም ዝብህጉ'ሞ ብስለጥ ኣእምሮኺ ብምዕባይ ኣቓልቦ በዓል ቤትኪ ጠምዝዝን ምሳኺ ንኽዘራረብን ካብ ፍልጠትኪ ንኽትምጥውዮን ንኽብህገኪ ጸዓሪ፡ እዚ ንዝምድና ክልቴኹም ከሓይሎ ግድን'ዩ።*

***ምስጋና ሳሙኤል***

# ’ዕላማይ፡ ንመጻኢ ታሪኽ ምስግጋር እዩ”

ተስፋሚካኤል ገብረየስ



ድልያ ንሓርነት - ዝኽርታተይ ኣብ ገድሊ ኤርትራ፣ ልኡኻት ሳጥናኤል፣ ዳርጋ ኩሉ ቅጽታት ዛንታታት ተመክሮ ገድሊ፣ የጋዜጠኛው ማስታወሻ፣ — ወዘተ ልዕሊ 150 መጽሓፍቲ፣ ቅድምን ድሕሪ ሓርነትን ዝተሓትሙ መጽሔታት፣ ካብ ፈለማ ሕታም ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራን ካልእን ብግቡእ ተሰኒዶም ምስ ርኣኻ፡ እንዳ መሻጣ መጽሓፍቲ እምበር፡ ኣብ መንበሪ ቤት ዘለኻ ኣይመስለካን።

እዚ፡ ኣብ ከተማ ከረን፡ ‘እንዳ ቪላ’ ተባሂሉ ኣብ ዝጽዋዕ መንበሪ ቤት ተጋዳሊት ዛይድ ደብረጽዮን [ኳትሮ] ዝኣተወ ጋሻ ዝዕዘቦ እዩ። እዚ ኣብ ብዙሕ ኣባይቲ ቀስ ብቐስ እናተረፈ ዝኸይድ ዘሎ ግሩም ባህሊ’ዚ ብኸመይ እያ ተጋዳሊት ኳትሮ ክትዕቅቦ ክኢላ፣ ነዛ ኣብነታዊት ኣደን ተጋዳሊትን ኣዕሊልናያ ነይርና።

ተጋዳሊት ዛይድ ደብረጽዮን {ኳትሮ} ኣብ 1961 ኣብ ኣስመራ ተወሊዳ። ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ ኣርባዕተ ኣስመራ፣ እንዳ ማርያም፣ ቀዳማዊ ሃይለስላሰ (ቀሃስ) ሎሚ 2ይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ቀይሕ ባሕሪ፣ ብቕደም ተኸተል ክሳብ 9ይ ክፍሊ ምስ ተማሃረት፣ ከም ኩሎም ናይቲ ግዜ’ቲ መዘናታታ ብ1978 ንሃገራዊ ናጽነት ክትጋደል ናብ ህዝባዊ ግንባር ተሰሊፋ። ኣብ ሜዳ ኣብ ዝተፈላለየ ኣሃዱታት ሰሪሓ። ኣብ እዋን ሻዱሻይ ወራር፡ ሓንቲ ዓይና ስኢና ንናጽነት ክርእዩ ካብ ዝበቕዑ ተጋደልቲ እያ። ናብ ነጻ ኤርትራ ምስ ክልተ ደቃ እያ ኣትያ። ድሕሪ ናጽነት እውን ኣብ ዝተፈለላየ መንግስታዊ ትካላት ኣገልጊላ። ኣብዚ እዋን እዚ ኣብ ኮለጅ ሕርሻ ሓመልማሎ፣ ፐርሰናል ኮይና ትሰርሕ ኣላ።

ናይ ምንባብ ልምዲ ኣብ ሜዳ ከም ዘጥረየቶን ድሕሪ ሓርነት ድማ ብዝሓየለ ከምዝቐጸለቶን እትሕብር ተጋዳሊት ኳትሮ፣ ድሌት እንተሎ፣ ንንባብ ኩነታት፡ ቦታ፡ ደረጃ ትምህርትን ካልእ መሰናኽላትን ክዓግተካ ከም ዘይክእል ትምስክር። ኣብ እዋን ውግእ ኣብ መዓስከራት ጸላኢን ምስ ምሩኻትን ዝርከብ ዝነበረ መጽሓፍቲ ብምንባብ ፍቕሪ ንባብ ዘሕደረት ኳትሮ፡ ክሳብ ሕጂ ምስ ኩሉ ናይ ዓይኒ ጸገማ ካብቲ “ኩለንትናዊ ፍልጠተይ ኣዕቢዩለይ” እትብሎ ምንባብ ኣይተፈልየትን። ዘንበበቶ መጻሕፍቲ ብግቡእ ትሕዝን ትስንድን ምኽና ድማ ፍሉይነት ኣለዋ። በዚ ድማ፡ ንኑብሳ ኮይና ገዝኣ ንግዱሳት ኣንበብቲን መጽናዕቲ ዘካይዱን መወከሲ ክኾውን ኣብቂዓቶ።

ኣብ ሃገርና መጽሓፍቲ ዓዲግካ ናይ ምንባብ ባህሊ ከምቲ ዝድለ ኣይኮነን። ክብሪ ዋጋ ሓደ ምኽንያት ክኸውን ይኽእል። ኳትሮ ግን ኣይትሰማማዓሉን። ድሌት እንተሎ፣ ከንብብ ክፈልጥ ንዝበለ፣ ንሱ ምኽንያት ከምዘይከውን ትገልጽ። ንሳ ንባዕላ ኣኽል ታርፍ ገንዘብ ሃልዩዋ ኣይኮነትን። የገድሰኒ ዝበለቶ መጽሓፍ



ካብ ምግዛእ ግን በኹራ ኣይትፈልጥን። “ደበስ ብዓል ቤተይ ናብ ቁምነገር ከውዕሎ ኣለኒ ዝብል ዕላማ ሒዘ እየ፡ መጽሓፍቲ ብሓፈሻ፣ ናይ ታሪኽ መጽሓፍቲ ድማ ብፍላይ ዝገዝእ” እትብል ተጋዳሊት ዛይድ፣ እተን ዝዋህባኣ ደበስ፡ ኣብ ቁምነገር ተውዕሎ ብምህላዋ ኣዝያ ሕጉስቲ ምኻና ትገልጽ።

ተጋዳሊት ዛይድ መጽሓፍቲ ናይ ምንባብን ምዕቃብን ልምዲ፣ ኩሉ ዜጋ ምስ ዘዘውትሮ፣ ናይ ምንባብ ባህሊ ኣብ ምዕባይ በቲ ሓደ፣ ታሪኽ ናብ ወለዶታት ኣብ ምስግጋር ድማ በቲ ካልእ ዘልዓለ እጃም ከምዘለዎ ተረድእ። ብፍላይ ጸላእቲ ታሪኽና ንምብላልን ምጥምዛዝን፣ ስራሕና ኢሎም ተተሓሒዞም ኣብ ዘለውሉ እዋን፣ ታሪኽ ህዝብኻ፡ ሃገርካ፡ ዝገልጽ መጽሓፍቲ ምንባብን ኣፍልጦኻ ምስፋሕን ይጽንሓለይ ክብሃል ከምዘይግባእ፡ ታሪኽ ዘይምፍላጥ ከቢድ ዋጋ ዘኽፍል ምኳኑ ትሕብር።

ተጋዳሊት ዛይድ ኳትሮ፡ ደቂ ደቃ ኣብ ወጻኢ ሃገር ብምህላዎም፣ እቲ ዝዓቀበቶ መጻሕፍትን ጋዜጣታትን ናይ እዋን ገድሊ መጽሔታትን ንጽባሕ መወከሲ ታሪኽ ክኾውን፡ ግዱሳት ክውከሱዎ ምእንቲ ንዝምልከቶ ኣካል መንግስቲ ክተረክቦ መደብ ከምዘለዋ ትገልጽ።

ኤርትራውያን ፈጻምቲ ታሪኽ እምበር ነገርትን ጸሓፍትን ኣይኴንናን ይበሃል እዩ። እቲ ዝኸፍኣ ከኣ ዝጽሓፉ ኣገደስቲ መጽሓፍቲ ናይ ምግዛእን ምንባብን ባህሊ ከነዕቢ ኣይከኣልናን። ተጋዳሊት ኳትሮ ዝኾስኮሰቶ ባህሊ ንባብን ምስንዳን እምበኣር፡ ክንስዕቦ ዘለና ኣዝዩ ስልጡንን ኣብነታውን እዩ።



# ምያና ከነውርሰ ንደሊ

ብርሃነ በርሀ

ኤርትራ በርሀን ኣስመረት ጺጋይን ኣብ መፋርቕ 60ታት ዕድመ ዝርከባ ኣብ ሞያ ምድላውን ምሕታምን ንዓይነ ስዉራን ዘገልግል ብረይል ኣብ ምስራሕ ዝርከባ ኣብነታውያን ተጋደልቲ እየን።

ኤርትራ በርሀ ኣብ 1978 ጓል 15 ዓመት ተማሃሪት 9ይ ክፍሊ እንከላ ካብ ኣስመራ ምስ 3 ኣሕዋታ ናብ ሜዳ ተሰሊፋ። ታዕሊም ድሕሪ ምውዳኣ ኣብ ብርጌድ 51 ቦጦሎኒ ሓደ ተወዚዓ ኣብ እዋን ምዝላቕ ኣብ ዝነበረ ውግኣት ተሳቲፋ። ኣብቲ ብዘይ ድፋዕ እናተኸላኸልካ እናጥቃዕካን ዝካየድዝነበረ ግጥማት ስትራተጂያዊ ምዝላቕ፡ ድሕሪ ሓደ ዓመት ኣብ የማናይ ምሕኩልቲ እግራ ብከቢድ ተወጊኣ ሃለዋታ ኣጥፊኣ። ምስቲ ዝነበረ ኩነታት እታ ኣሃዱ ንድሕሪት ተመሊሳ። ሓደ በረቐ ተስፋይ ዝተባህለ ተጋዳላይ ግን፡ ሃለዋታ ንምፍላጥ ንድሕሪት ተመሊሱ። ኣብ ትሕቲ ገረብ ብደም ጨቅያ ጽኒሓቶ። ቀሪቡ ድማ ረኣያ። ትንፋሳ ከም ዘላ ኣረጋገጸ። ተቐላጢፉ ተሰኪሙ ኣውጽኣ። ናብ ሕክምና ተወሲዳ ድሕሪ ሰዓታት ሃለዋታ ፈሊጣ። ኣብ ሕክምና በቶም ውፉያት ተጋደልቲ ሓካይም ብተገብረላ ተደጋጋሚ መጥባሕትን ክንክንን ኩነታት መውጋእታ እናተመሓየሸ መጺኡ። እንተኾነ ግንየማነይቲ እግራ ካብቲ ንቡር ብምሕጻራ፡ ድሕሪ 2 ዓመት ስንኩላን ናብ ዝእለየሉ መደበር "ዓራሬብ" ተላኢኻ።ምስቶም ኣብኡ ዝጸንሕዋስንኩላን ተጋደልቲ ብጾታ ድማ፡ ሓድሽ ህይወት'ሀ' ኢላ ፈሊማቶ።

ተጋዳሊት ኣስመረት ጺጋይ እውን ተማሃሪት እንከላ ተወዲባ ክትሰርሕ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ብተመሳሳሊ ኣብ 1978 ጓል 17 ዓመት ከላ ካብ ከባቢ ኣስመራ ናይ 2ይ ክፍሊ ትምህርታ ኣቋሪጻ ምስ ምንኣስ ሓውታ ናብ ሜዳ ተሰሊፋ። ግቡእ ውተሃደራውን ፖለቲካውን ታዕሊም ድሕሪ ምቕሳማ፡ ኣብ ብርጌድ 70 ተወዚዓ ቃልሲ ንናጽነት ፈሊማቶ። ድሕሪ ሓደ ዓመት፡ ክልተ ኣእጋራ ብከቢድ ተወጊኣ። ኣብ ሕክምና ሜዳን ኣብ ፖርት ሱዳንን ድማ ክልተ ዓመት ዝውሰደ ተደጋጋሚ መጥባሕቲ ተኻይዱላ፡ ኩነታታ ተመሓይሹ ብሓገዝ ምርኩስ ክትንቀሳቐስ ጀሚራ።፡ ጸጋመይቲ እግራ ግን ብ10 ሰንቲ ሜተር ብምሕጻራ ብቐጥታ ናብ መደበር ስንኩላን ተላኢኻ። ኣብ መደበር ስንኩላን ኣብ ዝጸንሓትሉ እዋን፡ ነቲ ኣብ 2ይ ክፍሊ ዘቋረጸቶ ትምህርታ ብምቕጻል ካሳብ 7ይ ክፍሊ ኣብጺሓቶ።

እዘን ክልተ ተጋደልቲ ኣብ እንዳ ስንኩላንድሕሪ ምእታወን፡ ካብአን ዝኸፍአ ስንክልና ንዘለዎም ብጾተን ኣብ ምእላይ፡ ኣብ ምግብና፡ ሕጽቦን ጽሬትን ካልእ ንጥፈታትን እናተሓጋገዛ ህይወት ቃልሲ ቀጺለንኦ። ኣብ ከምዚ ኩነታት እንከለዋ፡ ምስቲ ዝነበረ ካቢድን ጽዑቕን ናይ ምርብራብ እዋን፡ ናይ ዓይኒ መውጋእቲ ዘጋጠሞም ተጋደልቲ ቀ'ጽሮም እናወሰኸ ብምኻዱ፡ "ዓይነ ሰውራንተጋደልቲ፡ ተኣለይቲ ካብ ምዃን ወጺኦምኣፍረይቲ ክኾኑ ኣለዎም።" ዝብል ሓዲሽ ሓሳብ፡ ኣቦ ወንበር ስንኩላን ኰናት ተጋደልቲ ብዝነበረ ስዉእ መምህር ገብረብርሃንተበጊሱ። እቲ ዝተበገሰ ሓሳብ ተቐባልነት ረኸበ። ናብ ግብሪ ንምልዋጥ ድማ ናይ ትምህርቲ መደብ ተኣታትዩ። ነቶም ትምህርቲ ዘይነበሮም ተጋደልቲ፡ ነቲ ትምህርቲ ብቃል ከም ዝመሃሩ ተገበረ። እንተኾነ ግን ኣብ ግብሪ ውጽኢታዊ ብዘይ ምንባሩ፡ "ዓይነ ስዉራን ዝጥቀሙሉ ብረይል ክተኣታቶ ኣለዎ።" ዝብል ካልእ ሓሳብ ብምቕራቡ፡ ነዊሕ ግዜ ዝወሰደ መጽናዕቲ ተኻይዱ። ምድላዋቱ ተጻፊፉ ድማ ኣብ 1985 ኣብ ባረንቱ ካብ ዝነበረ ግዱስ ኤርትራዊ ዓይነ ስዉር 'ፐርኪንስ' ዝዓይነታ ዘገልገለት ናይ ብረይል መጽሓፊት (ታይፕራይተር) ኣብ ፖርት ሱዳን ካብ ዝነብር ካልእ ኤርትራዊ ዓይነ ስዉርን ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ካብ ዝነበሩ ሓፋሽ ውዱባትን ብዝተረኽበ ዝተፈላለየ ጥረ ነገራትን፡ እቲ መደብ ተጀመረ።

ኣቐዲሙ ብብረይል ዝተማሃረ መንግስ ዝተባህለ ንሜዳ ዝተሰለፈ ዓይነ ስዉር ከም መራሕ መሰርዕ፡ ኣቐዲማ ናይ ብረይል ትምህርቲ ዝቐሰመት ኤርትራ ከም ምክትል መራሒት መስርዕ፡ ክልእ ሳልሳዮም ተጋዳለይን ነቲ ስራሕ ተመዚዞም፡ ካብ ጋንታታት ንዝተዋጽኡ ዓይነስዉራንን



ኤርትራ በርሀ



ኣስመሪት ጺጋይ

ዝርእዩ ተጋደልትን ናይ ብረይል ትምህርቲ ተዋሂቡ። ድሕሪ'ቲ ስልጠና ድማ 11 ኣባላት ዘለዋ ሓንቲ ናይ ብረይል ክፍሊ ቆይማ። እዛ ጉጅለነቲ ናይ ቤት ትምህርቲ ሰውራ መምሃሪ መጽሓፍቲ፡ ከም'ኡ'ውን መዓልታዊ ዝወጹ ዝነበሩ ከም ሳግም ዝኣመሰሉ መጽሔታትን ካልእ ጽሑፋትን፡ ናብ ናይ ብረይል ጽሑፍ እናቐየረት ክትዝርግሕን ኣብ ቤተ መጽሓፍቲ ከምዝበጽሕን ብምግባር እቶም ዓይነ ስዉራን ተጋደልቲ ከም ዝጥቀሙሉ ኣብ ምግባርዓቢ ኣበርክቶ ክትገብር ጀሚራ።

ድሕሪ ናይ 30 ዓመት መሪር,ቃልሲ፡ "ኤርትራ" ኣብ 1991 ናጻ ምስ ወጽአት እቲ ናይ ብረይልኣሃዱ ምስ 11 ኣባላቱን ኩሉ መሳርሒታቱን ኣብ ኣስመራ ናብ ዝርከብ ቀጽሪ ቤት ትምህርቲ ዓይነ ስዉራ ኣብርሃ ባህታ ግዒዙ "ማእከል ብረይል" ዝብል ስያመ ተዋሂብዎ፡ ኣብ ትሕቲ ምሕደራ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሚኒስትሪ ትምህርቲ

ስርሑ ጀሚሩ። ኣብቲ እዋን'ቲ: ኣብቲ ቤት ትምህርቲ ዝጸንሑ ዓይነ ስዉራን ተማሃሮ: መብዘሕትኦም ኢትዮጵያውያን ብምንባሮም ናብ ሃገሮም ከም ዝፋነዉ ተገብረ። እቶም ተመሃሮ ክጥቀሙሉ ዝጸንሑ ናይ ኢትዮጵያ ናይ ብረይል ካሪክለም ብዘይ ምንባሩ: እቶም ኣብኡ ዝጸንሑ ውሑዳት ኤርትራውያን በቲ ብብረይል ዝተዳለወ ናይ ሜዳ ካሪክለም ከም ዝመሃሩ ተገብረ።

ኣብ 1996: እቲ ማእከል ኣብ ትሕቲ ምሕደራ ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ማእከል ተሰጋጊሩ። እቲ ሓላፊ ናይታ ማእከል ዝነበረ ተጋዳላይ መንግስትምህርቱ ንምቕጻል ናብ ዓዲ እንግሊዝ ከደ። ክልተ ኣባላት ድማ ተጣይሶም: ክልተ ከኣ ኣብ ወራር ወያነ ከቲቶም። እቶም ካልኦት ድማ ብዝተፈላለየ ምኽንያታት ካብቲ ስራሕ ብምእላዮም: ብዝሒ ኣባላት ናብ 3 ወሪዱ። እቲ ብ11 ኣባላት ዝስራሕ ዝነበረ ስራሕ ከኣ ኣብ እንግድዓ ኤርትራ: ኣስመረትን ሕብረትን ተጻዒኑ። እዘን ሰለስተ ኣባላት እቲ ስራሕ ከይሰናኸልን እቶም ተማሃሮን መምሃራንን ቀረብ መጽሓፍቲ ከይጎድሎምን ብዘይ ዕረፍቲ: ብትግሃት ይሰርሓ። እቲ ናይ ስራሕ ጸቕጥን ክብደትን ነዘን ስንክልና ዘለወን ተጋደልቲ ኣዝዩ በዳሂብምኳኑ: ሕብረት ኣብ ጎኒ እዘን 2 ብጾታ ብምዃን ዝከኣላ ከተበረክት ድሕሪ ምጽናሕ: ኩነታት ጥዕናኣ እናኸፍአ ከይዱ ኣብ 2015 ካብቲ ማእከል ናብ ናይ መዋእል ህጻናት ተሰጋጊራ ክሳብ ሕጂ ብትግሃትን ተወፋይነትን ኣብ ምስራሕ ትርከብ።

"ብብሓደ ሰብ ወሓደ" ከም ዝበሃል: ማእከል ብረይል ብዝሒ ኣባላቱ ኣናጎደለ መጺኡ። ብኣንጻሩ ድማ ብዝሒ ተጠቀምቲ ተማሃሮ እናለዓለ ብምምጽኡ: እቲ ዕዮ ኣዝዩ እናኸበደን እናጸዓቐን ከይዱ። ምስ ጥንስን ሕርስን ምእላይ ስድራ ቤትን: እቲ ዘለወን ስንክልና እግሪን ምስ ምውሳኽ ዕድመ ዝመጽእ ድኻም ተወሲኽዎ: ነቲ ዘድሊ ኩሉ ጠለብ ናይ መምህራን: ተማሃሮን ኣብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት ዝርከቡ ካልኦት ተጠቀምትን ንምምላእ ንናብራ ገዛእንን ግዚእንን ወፍየን በቲ ዝተረፈ ሓቦን ክገብረ'የ ናይ ምባል ልዑል ኒሕን ነቲ ስራሕ ኣብ ምዕያይ ይርከባ።

ኣብ ዓመተ ትምህርቲ 2025/2026 ኣብ ቤት ትምህርቲ ዓይነ ስዉራን ኣብርሃ ባህታ: ክልተ ሚእቲ ዓይነ ስዉራን ተማሃሮ: ኣብ ኣሕዳሪ ቤት ትምህርቲ ደቀምሓረን ኣስማጥን: ከምኡ'ውን ኣብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት ናይ ኤርትራ ካብ 6ይ ክፍሊ ንላዕሊ ምስ ስድርኦም ኮይኖም ዝመሃሩ ተማሃሮ: ኣብ ሳዋን ኮለጃትን ዝበጽሑ ተማሃሮን ወሲኻ ልዕሊ 400 ተጠቀምቲ ከም ዘለዉ: ኤርትራ ሓላፊት ናይቲ ማእከል ትሕብር። ብዘይካ እዞም ቀወምቲ ተጠቀምቲ ኣብ ነንበይኑ ትካላት ተመዲቦ ንዝሰርሑዘለዉ ዓይነ ስዉራን'ዉን ተወሳኺ ኣገልግሎት ከም ዝህባ ብምግላጽ: ነዚ ኩሉ ጠለብ ብክልተ ኣባላት ምምላእ ክሳብ ክንደይ ከቢድ ምዃኑ ትገልጽ።

እቲ ማእከል: ብቛንቋታት እንግሊዝኛን ትግርኛን መጽሓፍቲ ብብረይል ናይ ምድላውን ምብዛሕን ኣገልግሎት ከም ዝህብ ዝሓበረት ኣስመራት: እቶም ዓይነ ስዉራን ተማሃሮ ምስቲ ዘለዎም ናይ ቆልዑነት ባህርን ስንክልናን ዓይንን: ነቲ ዝወሃቦም መጽሓፍቲ ቀልጢፎም ስለ ዘበላሽውዎ ብቐጻሊ ሓድሽ እናባዝሓ ከም ዝህባኦም ብምጥቃስ: እዚ ኣብቲ ስራሕ ተወሳኺ ጸቕጢ ከም ዝኾነንተረድእ።

ኤርትራን ኣስመራትን ኣብ ወርሒ ሓምለ 1978 ተሰሊፈን። ብዙሓት ደቀንስትዮ ናብ ሜዳ ዝተሰላፋሉ "ካምቦድያ" ብዝብል ዝጽዋዕ ናይ ታዕሊም ኮርስ ኣብ ሓደ ጋንታ ተዓሊመን። ንሓደ ዓመት ኣብ በበይኑ ብርጌድ ተመዲበን ኣብ ተዋጋኢ ሰራዊት ኣብ ውግእ እናተሳተፋ: ኣስመራት ኣብ ወርሒ ነሓሰ ኤርትራ ድማ ኣብ ወርሒ ታሕሳስ 1979: ኣብ ተበግሶ ናቕፋ ተወጊኤን ኣብ ሕክምና ተራኺበን። ቀጺለን'ውንኣብ መደበር ስንኩላን ዓረሬብ ብሓደ ተሰጋጊረን። ምስ ምቛም ክፍሊ ብረይል ብሓደ ቀጺለን። ድሕሪ ናጽነት ድማ ካብ 1991 ክሳብ ሕጂ ብሓደ ይሰርሓ ኣለዋ። እዘን ክልተ ትጉሃትን ውፉያትን ተጋደልቲ: ንኣስታት 47 ዓመታት ብሓደ'የን ህይወተን ኣሕሊፈንኦ። እዚ ተመሳሳልነት ከኣ እቲ ዝገርም ካልእ ገጽ ህይወት ናይዘን ክልተ ብጾት'ዩ።

"ዳርጋ ካብ ዕድመና ሰለስተ ርብዒ ብሓደ ኢና ኣሕሊፉናዮ። ኣብ መዓልቲ ዝበዝሐ ሰዓታት ኣብ ስራሕ ብሓደ ኢና ነሕልፎ። ምሸት ንገገዛና ክንከይድ ከለና ጥራይ ኢና ንፈላለ። ስለዚ ባህርያትናን ድሌታትናን ኣጸቢቕና ኢና እንፋለጥ። ኣብ ስራሕ'ውንእናተረዳዳእናን እሂን ምሂን እናበልናን ኢና ንኸይድ: ክሳብ ሎሚ ከኣ ኣምላኽ ይመስገን: ኣብ መንጎና ዝኾነ ዘይምርድዳእ ይኹን ባእሲ ኣየጋጠመናን። እዚ ከኣ ኣብ ስራሕና ዓቢ



ዝተፈላለየ መሳርሒ ናይ ብረይል

ድርኺትን ሓይልን ስለ ዝፈጥረልና፡ ነቲ ድኻምና፡ ጾር ስራሕን መነባብሮናን ረስዒና ወትሩ እናሰሓቕና ብሕጉስ መንፈስ ስራሕና ክንዓዪ ሓጊዙና እዩ።” ብምባል እየን ንዘለወን ጥቡቕ ዝምድናን ርክብን ብብሩህ ገጽን ፍሽኽታን ኣብሪሀናለይ። እዚ ዘቕንእ ጥዑይ ዝምድንኣን፡ ኩላትና ክንመሃረሉ ዘለና ካልእ ብሉጽ መለለዩ ባህርያት ናይዘን ክልተ ኣብነታውያን ኣሓትና እዩ።

ኩነታት ትምህርትን ዝወሰድኦ ስልጠናን ብዝምልከት ክትገልጸለይ ዝተወከስክዋ ኤርትራ፡ “ድሕሪ ናጽነት ናይ ኮምፕዩተር ስልጠናን ካብ ስዊድን ብዝመጽኣ መምህራንን ንስርሓናን ዝሕግዝ ስልጠናን ቀሲምና። ብመንግስቲ ንዝተፈጥረልና ናይ ትምህርቲ ባይታን ዕድላትን ብዝግባእ ተጠቒምና ከኣ፡ ጎኒ ጎኒ ስራሕና እናተመሃርና ደረጃ ትምህርትና ናብ 12 ክፍሊ ኣብጺሒናዮ።”ትብል። ብውልቃ ኣብ 1997፡ ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ ብምኻድ ናይ ፐርኪንስ ዝዓይነተን ናይ ብረይል መጽሓፊ መኪና ናይ ጽገና ስልጠና፡ ኣብ 2011 ከኣ ኣብ ቻይና ብምኻድ ንስርሐን ዝሕግዝ ትምህርቲ ከም ዝወሰደት ዝጠቐሰት ኤርትራ፡ ነቲ ዝቐሰመቶ ስልጠና ናብ ብጾታ ከም ዘሰጋገረቶን፡ ነቲ ዝጠቀማሉ መሳርሒት ባዕለን ከም ዝጽግንኦን ኣረዲኣ።

ኣስመረት ብወገና ኤለክትሪክ ኣብ ዝቋረጸሉ እዋን፡ ኣብ ስርሐን ዕንቅፋትን ምድንጓያትን ይፈጥረለን ከም ዝነበረ ብምዝኽኻር፡ ሱከ(SUKE) ዝተባህለ ገባር ሰናይ ትካል፡ ጸሓያዊ ጸዓት ስለ ዝተኸለለን ኣብዚ ሕጂ እዋን ዕዮኣን ብዘይ ጸገም ከካይዳ ከም ዝከኣላ ሓቢራ። ብረይል ንምጽሓፍን ብግእዝን እንግሊዝኛን ዝተጻሕፉ ብሶፍት ኮፒ ዝተዳለዉ ጽሑፋትን ናብ ብረይል ንምቕያር እትሕግዝ ኮምፕዩትርን ፕሪንቲን ማሽንንዓጢቓን ብምህላወን እቲ ብታይፕ ዝካይድ ዝነበረ ኣድካምን ግዜ ዝወስድን ስራሕ ከም እተፋኾሰለን እውን ወሲኻ ኣረዲኣ።

ኣብ 2011 ኣብ 2018 ክልተ ደቀንስትዮ መእሰያት ናብቲ ማእከል ተመዲበን ዘድልየን ስልጠናን ትምህርትን ወሲደን ንኣስታት 3 ዓመት ድሕሪ ምስርሐን ነቲ ስራሕ ስለ ዝቋረጽኦ ተካእቲ ከም ዘይረኸባ ዝተዛረባ ኤርትራን ኣስመረትን፡ ኣብዚ ሕጂ እዋን እቲ ትካል በዋሕዲ ኣባላት ኣብ ኣስካፊ ኩነታት ከም ዝርከብ እየን ገሊጸናለይ። ንሳተን፡ “ኣብ ዝሓለፉ 35 ናይ ናጽነት ዓመታት፡ ኣዝዮም ብርክት ዝበሉ ዓይነ ስዉራን ዜጋታት ተጠቀምቲ ናይ’ዚ ማእከል ብምዃን፡ ኣብ ሚኒስትሪታት ትምህርቲ፡ ዜና፡ ፍትሒ፡ ዕዮን ሰብኣዊ ድሕነትን፡ እንዳ ስነዳን ካልን ትካላት ተመዲቦም ንነብሶምን ንሃገሮም ኣበርክቶ ይገብሩ ብምህላዎምን መብዛሕትኦም ኣብ ሓዳርን ውላድን ብምብጽሖምን፡ ሓጎስናን ልዑል እዩ።” ክብላ’የን ብሓበንን ገሊጸናለይ። እንተኾነ ግን ይብላ ንሳተን፡ “ንኣን ሓዊስካ ብህይወት ናይ ዘለዉን ዝተሰዉኡን ብጾትና ሓሳብ፡ ጸዓትን ጉልበትን ባህግን ከምኡ’ውን ናይ ውፉያት ሓፋሽ ውዱባት ኣባላት ኣበርክቶን ጻዕርን፡ ብዓብዩ ከኣ እቲ ሞያን ብሕድሪ ዝተቐበልናዮ እንኮ ሃገራዊ ማእከል ብረይልን፡ ብዘይ ተካኢ ከይተርፍ፡ ልዕሊ ጥዕናናን ናብራናን ስለዘሰክፈና ተካእትና ክነፍሪ ልዑል ድሌት ኣለና” ብምባል እየን ባህገንን ስክፍታአንን ገሊጸናለይ።

ኣብ መወዳእታ ኤርትራን ኣስመረትን፡ ኣብዚ ሕጂ እዋን ሓንቲ ሓዳስ መንእሰይ ኣባል ተመዲባ’ ከምዘላብምጥቃስ፡ እቲ ማእከል ካብዚ ዘለዎ ንላዕሊ ናብ ዞባታትን ኮለጃትን ክሰፍሕን ናብ ተካእቲ መንእሰያት ክሰጋገርን፡ ንግዱሳት ሞያዊ ስልጠናክህብን ዓለም በጺሓቶ ናብ ዘላ ደረጃ ምዕባለ ክሰጋገርን፡ ሚኒስትሪ ትምህርቲ፡ ሚኒስትሪ ዕዮን ሰብኣዊ ድሕነትን፡ ማሕበር ዓይነ ስዉራን ኤርትራን ካልኦት መንግስታዊ ማሕበራትን ግዱሳት ዜጋታትን፡ ነዚ ማእከል ቆላሓታ ክገብሩሉ፡ ብስም እቲ ማእከልን ተገልገልቲ ዓይነ ስዉራንን ጻውዒተን ብምቕራብ እየን ዕላለን ዛዚመን።ስለዚ ነዚ ቅዱስ ሓሳብን ረዚን ሃገራዊ ሓላፍነት ዘሰክም ዓቢ ጻውዒት ናይዘን ውፉያትን ትጉሃትን ኣሓትና ኣብ ሽቶኡ ንምብጻሕ፡ ኩላትና ክንዓጥቀሉን ክንሳተፍሉን ግዜ ዝጠልቦ ጉዳይ እዩ’ሞ፡ ሃየ ንሰዓበን!

## *ንበዓልቲ ቤት ከበሃሉ ዘይብሎም ነገራት*

### *1. “ከም ኩሱቶ ፍጹም ዕዉትቲ ክትኮኒ ኣይትኽእልን ኢኺ” ምባል*

*ንበዓልቲ ቤትካ ምስ ካልእ ሰብ ዘይምንጽጻር። ደቂ ኣንስትዮ ከነጻጸራ ኣይደልያንዮን።*

### *2. “ካባይ ንላዕሊ እተፍቅርዮ ኣለኪ” ምባል*

*ዋላ ንስለ ዋዛ ከምዚ ዘይምባል፣ እንተኺኢልካ ማዕረ ክንደይ ከምእተፍቅራ ሓብራ። ዘረጋግጽካዮ ዘይብልካ ምስ ካልእ ትዘውር ኣላ ዝዓይነቱ ናይ ምጥርጣርን ልብኺ ናይ ምሕባእን ባህሪ ኣይተንጸባርቖላ። እንተታት ብዘየገድስ ፡ንግስቲ ፍቕርኻ ምዃና ግለጸላ።*

### *3. ሕማቕ ቃላት ዘይምውጻእ*

*ዝበዝሕ ግዜ ኣብ እዋን ክርክር ብሰንኪ ሕርቃን ዘይቅበላት ቃላት ክሞልቁ ይስምዑ’ዮም። ንስኻ ግን ካብ ከምዚ ምጥንቃቕ። “ንስኺ ርግምትን ከፍእትን እንዲ’ኺ” ወዘተ እናበልካ ናይ ዘለፋን ሕማቕ ቃላት ብስምዒት ከይተውጽእ ስምዒትካ ሓልዎ። ብዘየገድስ ማዕረ ክንደይ ኣብ ልዕሊኣ ሓሪቕካ ኣለኻ፡ ኣእምሮኻን ቃላትካን ሓሉ።*

### *4. “ሎሚ ኣዝየ ደኺመ ስለዘለኹ ምናልባ ት ንጽባሕ” ምባል*

*በዓልቲ ቤትካ ሓደ ነገር ክትፍጽመላ ምስ ትሓትካ’ሞ ንስኻ ግን ኣብ ስራሕ ሕማቕ ስለዝወዓልካ፡ ንኺይትፍጽመላ መመኽነይታ ምቕራብ መንሽሮ ፍቕሪ ምዃኑ ኣይትዘንግዕ። ንትእዛዝ ወይ ጠለብ በዓልቲ ቤትካ ብዝኾነ መመኽነይታ ክትሓልፎ ኣይግባእን። ደኺምካ እንክለኻ ጠለባታ ንጽባሕ ከይበልካ ምስ ተማልኣላ ግን፡ ንድኻምካ ናብ ሓይሊ፣ ንኹራኻ ድማ ናብ ፍቕሪ ክትቕይሮ ሓይሊ ክትረክብ ኢኻ። ጠለባት በዓልቲ ቤትካ ምስ ኣማላእካ ድማ ብዛዕባ ዝነበረካ ድኻምን ዝወዓልካዮ ጸገምን ሃዲእኪ ኣዕልካ – ንሳ ድማ ንመጻኢ ክትድንግጸልካን ክትርዳኣልካን ክሕግዛ እዩ።*

*ኣድሓነት ሳሙኤል*

# ጥዕና

## ኣጠቓቕማ መድሃኒት ንውሑስን ውጽኢታውን ፍወሳ

ፋርማሲስት ኑሩ ዓብዱ

ብመሰረት ኣገላልጻ ውድብ ጥዕና ዓለም፡ መድሃኒት ሕማም ንምክልኻል፡ ንምንጻር፡ ንምፍዋስ ወይ ምልክታት ሕማም ንምቅላል፡ ንሰባት ወይ ንእንስሳታት ዝወሃብ ከሚካላዊ ጥረ ነገር እዩ። ንምቹእነት ተሓካማይ፡ ዓይነትን ኩነታት ሕማምን ኣብ ግምት ኣእትዩ ድማ ብዝተፈላለየ ኣገባባት ማለት፡ ብመልክዕ ከኒና፡ ስተል (capsule)፡ ፈሳሲ (syrup)፡ መርፍእን ካልእን ኣገባባት ይቐርብ። መድሃኒት፡ ብምኽሪ በዓል ሞያ ተሰንዩ ምስ ዝውሰድ ጥራይ'ዩ ፈውሲ ዝኸውን። ስለዚ፡ ትሕተ ግቡእ ዓቐን ምስ ዝውሰድ ጥቕሚ ኣይህልዎን፣ ልዕሊ ግቡእ ዓቐን ምስ ዝውሰድ ከኣ መርዚ እዩ።

ዘይርትዓዊ ኣጠቓቕማ መድሃኒት ኣብ ዓለም ዓቢ ብድሆ ኮይኑ ዘሎ'ዩ፡ ኣብ መላእ ዓለም ካብ ዝርከቡ መድሃኒታት፡ ልዕሊ ፍርቂ ብዘይግቡእ ኣገባብ ኣብ ጥቕሚ ከም ዝውዕሉ ከኣ፡ እቲ ውድብ ይሕብር። ብተወሳኺ፡ ልዕሊ ፍርቂ ካብ ተሓከምቲ፡ ነቲ መድሃኒት ብግቡእ ኣይወስዱዎን እዮም። ዘይርትዓዊ ኣጠቓቕማ፡ ብዘይ ናይ ሓኪም ትእዛዝ መድሃኒት ምውሳድ፡ ንረኽሲ ቫይረስ ጸረ-ባክተርያ (Antibiotics) ምጥቃም፡ ዝተኣዘዘ መጠን መድሃኒት ከይተወድአ ምቁራጽ፡ ከምኡ'ውን ከኒና ክውሰድ እናተኻእለ ኣድላዪ ዘይኮነ መርፍእ ምጥቃም የጠቓልል። እዚ ተግባር እዚ፡ ንህይወት ኣብ ሓደጋ ዘውድቕን ተጻዋርነት መድሃኒታት ጸረ-ታህዋስያን ዘቃልዕን እዩ።

ኣብ ደቂ ኣንስትዮ፡ ኣብ እዋን ብጽሕና፡ ወርሓዊ ጽግያት፡ ጥንሲ ሕርስን ምጥባውን ምስኡ ተኣሳሲሩ ዝመጽእ ምቅይያር ሆርሞናት፡ ንውጽኢታውነትን ሳዕቤናትን መድሃኒታትን ንጥፈታት ስራሕ ኣካላትን ክጸሉ ይኽእል እዩ። ስለዚ፡ ኩነታት ጥዕናኦን ንምሕላው፡ ደቂ ኣንስትዮ ነዞን ስዒበን ነጥብታት ክኽተላ ይግባእ።

**1. ርእሰ-ፍወሳን ዘይግቡእ ኣጠቓቕማን ምውጋድ፡-** ብዙሕ ግዜ፡ ምስ ጥዕና ደቂ ኣንስትዮ ተኣሳሲሩ ንዘጋጥም ቃንዛን ረስኒን ንምዕጋስ፡ ብቐጥታ ናብ ርእሰ-ፍወሳ ምጉያይ ልሙድ እዩ። ብመሰረት መምርሒ ሚኒስትሪ ጥዕና፡ ከም ቫይታሚንን ውሱናት ጸረ-ቃንዛን ዝኣመሰሉ መድሃኒታት፡ ብምኽሪ በዓል ሞያ ካብ ፋርማሲ ክግዝኡ ዝፍቀዱ'ዮም። ልዕሊ ዓቐን ምስ ዝውሰዱ ግን ውሑሳት ኣይኮኑን። ከም ጸረ-ታህዋስያን ዝኣመሰሉ መድሃኒታት ድማ፡ ሓኪም ኣድላዪ መርመራ ድሕሪ ምግባር ጥራይ እዮም ዝእዘዙ'ዮም። እዞም መድሃኒታት ብኢደ-ዋንነካ ምስ ዝውሰዱ ወይ "ሒሹኒ" ብዝብል ከይተወድኡ ምስ ዝቋረጹ፡ ናይ ምፍዋስ ዓቕሞም ኣጉዲሎም፡ ናብ ስንክልናን ሞትን ከብጽሑ ይኽእሉ።

ሓንቲ ጓለንስተይቲ፡ ቃንዛ ወርሓዊ ጽግያት ምስ ዝህልዋ፡ ኣብ ክንዲ ብቐጥታ ጸረ-ቃንዛ መድሃኒት ትጥቀም፡ ኣብ ታሕተዋይ ክፋል ከብዳ ማይ ውዑይ ዝመልአ መትሓዚ ብምግባር፡ ቅልል ዝበለ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ምዝውታር፡ እኹል ማይ ብምስታይን ዝተመጣጠነ መግቢ ብምብላዕን ከተህድኦ ትኽእል'ያ። ጸረ-ቃንዛ መድሃኒት ክትወስድ ግድን ምስ ዝኸውን ግና፡ ብዛዕባ ጎድናዊ ሳዕቤናቶም ብዕምቆት ክትፈልጥ ይግባእ። እዞም መድሃኒታት ብተደጋጋሚ ወይ ንነዊሕ እዋን ምስ ዝውሰዱ፡ ነድሪ ከስዐ፡ ጸገማት ኩሊት፡ ወቕዒ ልቢን ተነቓፍነትን ከስዕቡ ይኽእሉ። ስለዚ፡ ጸረ-ቃንዛ መድሃኒታት ንግዝያዊ መዐገሲ ብትሑት ዓቐን ካብ 2-3 መዓልታት ጥራይ እዮም ክውሰዱ ዝግባእ።




**2. መድሃኒት ብመምርሒ በዓል ሞያ ጥዕና ምውሳድ፡-** ሓንቲ ተሓካሚት፡ ንኣጠቓቕማ መድሃኒት ዝምልከት ብበዓል ሞያ ጥዕና ዝተዋህባ ንጹር ሓበሬታ ክትወስድ ኣለዋ። መድሃኒት ዝውሰደሉ ንጹር ሰዓታት ኣኽቢራ ክትከይድ፡ ቅድሚ መግቢ ዲዩ ድሕሪ መግቢ ዝውሰድ ከተረጋግጽ፡ ምስ ኣየናይ ዓይነት መግቢ ወይ ፈሳሲ እዩ ዝሰማማዕ ክትፈልጥ ይግባእ። ብተወሳኺ፡ መድሃኒታ ከይቋረጸት ክንደይ እዋን ክትወስዶ ከም ዘለዋ ክትፈልጥ ይግባእ። ዝበዝሑ መድሃኒታት ናይ ምፍዋስ ዓቕሞም ንምዕባይ፡ ንዝተወሰነ ግዜ ከይተቛረጹ ዝውሰዱ ኣለዉ። ንዘይተረድኣ ነገር ደጊማ ክትሓትት ኣለዋ። ብዛዕባ ኣወሳስዳ መድሃኒታ ምሉእ ሓበሬታ ከይወሰደት ካብ ፋርማሲ ክትወጽእ የብላን። ብዘይካ'ዚ፡ ሕማማ ተመሳሳሊ ምልክታት ኣለዎ ኢላ መድሃኒታ ምስ ካልኦት ሰባት ክትካፈል የብላን። ዝተፈላለዩ ሕማማት ተመሳሳሊ ምልክታት ስለ ዘለዎም፡ ኣፋዋውሳኦም በበይኑ እዩ። ምኽንያቱ፡ ኩነታት ጥዕና፡ ዓይነት ሕማም፡ ብርትዐ ሕማም፡ ዕድመ፡ ክብደት ሰብነትን ህላወ ትወስዶም ካልኦት መድሃኒታትን ኣብ ግምት ኣትዩ እዩ ዓይነትን ዓቐንን መድሃኒት ዝእዘዘልካ።

**3. ርትዓዊ ኣጠቓቕማ መድሃኒት ኣብ ግዜ ጥንሲን ምጥባውን፡-** ነፍሰ-ጾር ኣደ እትወስዶም መድሃኒታት፡ ንመዳሕንቲ ሓሊፉ ናብቲ ዝምዕብል ዘሎ ዕሸል ብምብጻሕ፡ ካብ ስንክልና ክሳብ ሞት ዝበጽሕ ሃስያ ከውርዱ ይኽእሉ እዮም። ብፍላይ ኣብ ቀዳማይ ሰለስተ ወርሒ (ኣካላት ዕሸል ዝፍጠረሉ ወሳኒ እዋን)፡ ከምኡ'ውን ካብ 7ይ ክሳዕ 9ይ ወርሒ ዝውሰድ መድሃኒት፡ ብርቱዕ ጽልዋ ኣለዎ። "ባህርያዊ ስለዝኾነ ውሑስ እዩ" ብዝብል ግጉይ ርድኢት፡ ብስነ-ፍልጠታዊ መንገዲ ዘይተጸንዑ ልምዳውያን መድሃኒታት ምውሳድ ንጥዕና ዕሸልን ኣደን ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ምእታው እዩ። ኣብ ግዜ ምጥባው፡ ጸባ ጡብ ኣደ ንጥዕና ህጻን መሰረታዊ'ዩ። ውሱናት መድሃኒታት ግን ብጸባ ኣቢሎም ናብ ህጻን ክሓልፉ ይኽእሉ። ብመሰረት መምርሒ በዓል ሞያ ጥዕና፡ መድሃኒት ኣብ ዕሸል ክህልዎም ዝኽእል ጽልዋ ንምጉዳል መድሃኒት ድሕሪ ምጥባውን ምድቃስን ህጻን ክወሃብ ይኽእል። እዚ ከኣ መድሃኒት ስርሑ ወዲኡ ካብ ኣካላት ኣደ ክወጽእን ዓቐን መድሃኒት ኣብ ጸባ ጡብ ክጎድልን ይሕግዝ።

**3. ርትዓዊ ኣጠቓቕማ መድሃኒት**

**መከላኸሊ ጥንሲ፦** መድሃኒት መከላኸሊ ጥንሲ፡ ውልቀሰባትን መጻምድትን፡ ቈልዑ ክወልዱ እንተደልዮምን መዓስን ክውስኑ ዘኽእል እምነ ኩርናዕ ውጥን ስድራቤት እዩ። ብሓፈሻ፡ ሜላታት መከላኸሊ ጥንሲ ኣብ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ይምቀሉ። ኮንዶም ንዘርኢ ወዲ ተባዕታይ ናብ እንቋቑሖ ከይበጽሖ ብኣካል ብምዕጋት ይሰርሕ። ኮንዶም እቲ እንኮ ካብ ጥንስን ብጾታዊ ርክብ ዝመሓላለፉ ረኽስታትን ዝከላኸል ሜላ እዩ። ብኻልእ ወገን ድማ ሆርሞናዊ ኣገባባት፡ ምውጻእ እንቋቑሖ ደው ብምባል ይሰርሑ። ሆርሞናዊ ኣገባባት ንሓጺርን ነዊሕን እዋን ክሰርሑ ዝኽእሉ መከላኸሊ ጥንሲ ዘጠቓልሉ ኮይኖም፡ ንሓጺር እዋን ዘገልግሉ ካብ ሓደ ክሳዕ ሰለስተ ወርሒ ጥንሲ ዝከላኸሉ (ከም ብኣፍ ዝውሰድ ከኒና፡ ኣብ ቆርበት ዝጥቃዕን መርፍእን) የጠቓልሉ። ንነዊሕ እዋን ዝሰርሑ ድማ ክሳዕ ሰለስተ ዓመት ጥንሲ ክከላኸሉ ዝኽእሉ ኣብ ማህጸን ወይ ኣብ ትሕቲ ቆርበት ዝትከሉ መሳርሒታት የጠቓልሉ። ቀወምቲ ሜላታት ንመጸኢ ጥንሲ ከምዘይደልዩ ርግጸኛታት ዝኾኑ ውልቀሰባት ብሙብጣሕቲ ዝግበሩ ሜላታት እዮም። እዞም መድሃኒታት ሓሓሊፉ ከም ቃንዛ ርእሲ፡ ለውጢ ኣብ ክብደት ኣካላትን ምዝንባዕ ወርሓዊ ጽግያትን ዝኣመሰሉ ልሙዳት ጎናዊ ሳዕቤናት ክህልዎም ስለዝኽእል፡ ንውሑስ ምርጫ ዓይነት መከላኸሊ ጥንሲ ምኽሪ በዓል ሞያ ጥዕና ምውካስ ኣገዳሲ እዩ።

ከኒና መከላኸሊ ጥንሲ፡ ኣብ ግዚኡ እንተ ዘይተወሲዱ፡ ናብ ጥንሲ ከቃልዕ ይኽእል። ኣጋጣሚ መድሃኒት ምውሳድ እንተ ረሲዓ ግና እቲ ዝውሰድ ስጉምቲ ክንደይ ከኒና ከም ዝተረሰዐን ኣብ ኣየናይ ሰሙን ከም ዝተረሰዐን እዩ ዝምርኮስ። ሓንቲ ከኒና እንተ ተረሲዓ ግና ነታ ዝተረስዐት ከኒና ኣብቲ ዝዘከረትሉ እዋን ሽው ንሽው ክትወስዳ ኣለዋ። ክልተ ወይ ልዕሊኡ ከኒናታት ብተኸታታሊ እንተ ተረሲዐን (ልዕሊ 48 ሰዓታት እንተ ሓሊፉ) ነታ ናይ መወዳእታ ዝረሰዓታ ሓንቲ ከኒና ጥራይ ሽው ንሽው ትወስዳ። ኣብዚ ኩነታት'ዚ ግን ውሕስነት ስለዘጎድል፡ ንዝቕጽሉ 7 ተኸታታሊ መዓልታት ተወሳኺ መከላኸሊ (ኮንዶም) ክትጥቀም ወይ ካብ ጾታዊ ርክብ ክትቁጠብ ይግባእ። ንውሑስ ምርጫ ስሩዕ መድሃኒት መከላኸሊ ጥንሲ፡ ደቂ ኣንስትዮ



ኩሉ ግዜ ምኽሪ በዓል ሞያ ጥዕና ክውከሳ ኣለወን።

**4. ህጹጽ መድሃኒት መከላኸሊ ጥንሲ ንህጹጽ ኩነታት ጥራይ፦** ህጹጽ መድሃኒት መከላኸሊ ጥንሲ፡ ድሕሪ ዘይውሑስ ጾታዊ ርክብ ወይ ዘይዕዉት ኣወሳስዳ መከላኸሊ ጥንሲ ንህጹጽ ኩነታት ጥራይ ኣብ ውሽጢ 72 ሰዓታት ክውሰድ ዘለዎ መድሃኒት እዩ። እዚ መድሃኒት፡ ኣብ ግዜ ጽፍዮ (Ovulation) ምስ ዝውሰድ ፈጺሙ ውጽኢታዊ ኣይኮነን። ብተወሳኺ 100% መከላኸሊ ጥንሲ ኣይኮነን፤ ዋላ'ውን ኣብ ውሽጢ 72 ሰዓታት ይወሰድ እምበር ግዜ ብዝሓለፈ መጠን ዓቕሙ'ን ውጽኢታውነቱን እናነከየ እዩ ዝኸይድ።

ህጹጽ መድሃኒት መከላኸሊ ጥንሲ፡ ካብ ብጾታዊ ርክብ ዝመሓላለፍ ሕማማት ይከላኸል እዩ ዝብል ግጉይ ርድኢት ሕብረተሰብ ኣሎ። የግዳ፡ ኮንዶም ጥራይ'ዩ ካብ ጥንስን ብጾታዊ ርክብ ዝመሓላለፍ ሕማማትን ዝከላኸል። ብሓፈሻ ደቂ ኣንስትዮ ካብ ዘይተደለየ ጥንስን ሕማምን ንምክልኻል ካብ ዘይውሑስ ጾታዊ ርክብ ክሕረማ ይግባእ። ካልእ፡ ህጹጽ መድሃኒት መከላኸሊ ጥንሲ፡ መነጸሊ ጥንሲ ኮይኑ ከገልግል ይኽእል እዩ ዝብል ግጉይ ርድኢት ህዝቢ ኣሎ። ህጹጽ መድሃኒት መከላኸሊ ጥንሲ ግን፡ ጥንሲ ንኸይፍጠር ኣብ ውሽጢ 72 ሰዓታት ክውሰድ ዘለዎ ንህጹጽ ኩነታት ጥራይ ዘገልግል መድሃኒት'ዩ። ህጹጽ መድሃኒት መከላኸሊ ጥንሲ፡ ከም ስሩዕ መከላኸሊ ከገልግል ይኽእል ዝብል ግጉይ ርድኢት'ውን ኣሎ። እዚ መድሃኒት ግን ንህጹጽ ኩነታት ጥራይ እዩ ክውሰድ ዝግባእ።

**5. መድሃኒት ሕዱር ሕማማት ስሩዕ ክትትል ብምግባር ንወስድ፦** መድሃኒት ሕዱር ሕማማት (ከም ጸቕጢ ደም፡ ሽኮርን ናይ ልቢ ጸገማትን) ዝወስዳ ተሓከምቲ፡ ኣብ ሕክምና ስሩዕ ክትትል ክገብራን ብስሩዕ መድሃኒተን ክወስዳን ይግባእ። በዓል ሞይስ ጥዕና፡ መድሃኒት ሕዱር ሕማማት ምስ ተኣዘዘለን፡ ብዘይ ስሩዕ ክትትል ካብ ኣብያተ መድሃኒት (ፋርማሲ) እንዳ ገዛኣ ምጥቃም፡ ንሕማመን ኣጋዲዱ ዘይተደልየ ጸገማት ከስዕበለን ይኽእል'ዩ። ብዘይ ኣፍልጦ በዓል ሞያ ጥዕና መድሃኒት ሕዱር ሕማማት ሃንደበት ምቁራጽ ንዘይተደለየ ሳዕቤን የቃልዕ። ሕዱር ሕማም ዘለዋ ነፍሰ-ጾር ኣደ፡ ክትወስዶ ዝጸንሐት መድሃኒት ንጥዕና ዕሸል ጽልዋ መታን ከይገብረሉ፡ ሃንደበት ምውሳድ ምስ ተቋረጸ፡ ንጥዕናኣን ጥዕና ዕሸላን ኣብ ሓደጋ ከተውድቕ ትኽእል። ናይ ጥንሲ መደብ ምስ ዝህሉ ወይ ኣብ ግዜ ጥንሲ ክውሰዱ ዝጸንሑ መድሃኒት ሕዱር ሕማማት ኣብ ጥንሲ ዘለዎም ውሕስነት ምስ በዓል ሞያ ጥዕና ምዝርራብ የድልያ።

**6. መድሃኒት ንምቕያሕ ቆርበት ካብ ምጥቃም ነወግድ፦** ከም ቤታሜታሶን (Beta-methasone) ዝኣመሰሉ ብዘይ ናይ ሓኪም ትእዛዝ ክግዝኡ ዘይፍቀዱ መድሃኒታት ኣለዉ። ደቂ ኣንስትዮ ጸቢቖን መታን ክርኣያ፡ ንምቕያሒ ቆርበት ምስ ዝጥቀማሉ፡ ንብኽነት ቆርበት፡ ተነቃፍነት ቆርበት፡ ማዳን መንሽሮ ቆርበትን የቃልዕን። ብዘይካ'ዚ፡ መመላኽዒ ማለት፡ ከም ፓራቤን ፍታሌትን ፎርማልዲሃይድን (ንመዐቀቢ ዘገልግሉ)



ዝኣመሰሉ ዝተፈላለዩ ጸገማት ከስዕቡ ዝኽእሉ ሕቡኣት ኬሚካላዊ ጥረ-ነገራት ምጥቃም፤ መረዝቲ ባእታ ከበድቲ ሓጺንን (ከም ሊድ፡ ሜርኩሪ) ናይ እንስሳታት ጥረ-ነገራትን ክህልዎም ስለ ዝኽእል፡ ብዛዕባ ውሑስን ኣድማዕን ኣገባብ ክንክን ቆርበት፡ ካብ በዓል ሞያ ጥዕና (ብፍላይ ክኣ ክኢላ ሕክምና ቆርበትን ክኢላ ስነ-መድሃኒትን) ግቡእ ምኽሪ ምውሳድ ይግባእ። ብተወሳኺ፡ ምሕላው ጽሬት ኣካላት ንጥዕና ቆርበት መሰረታዊ ባእታ እዩ።

# ሕግን ሕብረተሰብን

## ቴክኖሎጂስ ንሰናይ ተግባር ድኣ!

ሚኪኤል ጸጋይ

ኣብ ህይወትና ጠቓሚ ኣበርክቶ ዝገብር ዘሎ ኮምፒዩተር፡ ኢንተርነት፡ ሕጂ ድማ “ሰብ ሰርሖ ብልሒ” ገበርቲ ክፉእ’ውን ነቲ ዝደልዩዎ ዕላማ ንምዕዋት ክጥቀምሉ ጸኒሖም’ዮም። ካብዚ መሳለጥያታት’ዚ ንረኽቦ ዘሎና ጥቕምታት ርዱእ ኮይኑ፣ ከም ስርቅን ምጥፍፋእን፣ ትምየናን ምጉርጓር ምስጢርን ዝኣመ ሰሉ፣ ጐዳእቲ ነገራት’ውን በዚ ቴክኖሎጂ’ዚ ዝሳለጡ ምዃኖም ክፍለጥ ጸኒሑ’ዩ። እንተኾነ ኣብዚ እዋን’ዚ በዚ ቴክኖሎጂታት’ዚ ዝሕገዝ ‘ከቃልዓካ’የ’ እናበልካ ብምፍርራሕ፡ ገንዘብ ምሕታት፡ ጸቕጢ ምግባርን ድሌትካ ምስግዳድን (ብላክመይሊን) ዝተባህለ ገበን እናሳዕረረ ብምምጻእ ኣብ ግዳያት ሃስያ የስዕብ ኣሎ።

ብላክመይሊን፣ ሓደ ገበነኛ፣ ካልእ ሰብ ክቕልዓሉ ዘይደልዮ ውልቃዊ ምስጢር ዝሓዘ ጽሑፍ ወይ ስእሊ ረኺቡ ወይ ባዕሉ ፈብሪኹ ብምድላው፣ ክንድዚ ገንዘብ ወይ ንብረት እንተዘይሂብካኒ ነቲ ምስጢር ክዝርግሖ’የ ወይ ክኸሰካ’የ ብዝብል ጸቕጢ ፈጢሩ ረብሓ ክቕበል’ከሎ’ዩ። እቲ ዝሕተት ነገራት ብዘይካ ገንዘብ ካልእ ክኸውን’ውን ይኽእል። ንኣብነት፣ ‘ከቃለዓካ’የ ወይ ምስጢር ንገረኒ (ዋላ ናይ ድሕነት ሃገር ምስጢር)’። “ከቃለዓኪ’የ ወይ ከምዚ ኢልኪ ኣብ ቤት ፍርዲ መስክርለይ” “ንስጋዊ ርክብ ወይ ንመርዓ ፍቓደኛ ኩኒ” ወዘተ. ክኸውን ይኽእል። ብሓጺሩ ብላክመይሊን፣ ነቲ ዝጥቃዕ ዘሎ ሰብ ኣብ ከቢድ ወጥሪ ዘእትዎ፣ ቁጠባዊ ክሳራን ናይ ኣእምሮ ሳዕቤንን ዘኸትለሉ ሓደገኛ ገበን እዩ።

እቲ ከም ኣበር ዝርአ ነገራት ዝሓዘ ስእሊ ወይ ጽሑፍ ‘ተተቓሊዑ ኣብቲ ግዳይ ዝወርድ ሳዕቤናት ዝተፈላለየ’ዩ። ማለት ነቲ ግዳይ ብላክመይል ብሕጊ




ዘቕጽዖ፣ ካብ መዓርግን ሞያን ዘወግዶ፣ ንሓዳሩ ዝብትን፣ ምስ ወለዱ ወይ ደቁ ዝፈላልዮ፣ ብሕብረተሰብ ዘፍንፍኖን ዘነጽሎን ክኸውን ይኽእል። ዝያዳ ዘተሓሳስብ እቲ ግዳይ ከም መዋጽኦ ወሲድዎ ዝተሓተቶ ገንዘብ እንተኸፈለ ወይ ዝተባህሎ እንተፈጸመ’ውን ካልእ ገበነኛ በታ መፈራርሒት እቲኣ ደጊሙ ተመሳሳሊ ጠለብ ከቕርበሉ ይኽእል። ገበነኛታት እናተቐባበሉ ዝቕጽልዎ ጉዳይ ክኸውን ይኽእል’ዩ። ካብ ዓለማዊ ተመክሮ ከም ንግንዘቦ እዚ ሳዕቤናት’ዚ’ዩ ንብላክመይሊን ኣእምሮ ዝትንክፍን ንርእሰ ቅትለት ዝደፋፍእን ዝገብሮ።

ብላክመይሊን፣ ጾታ ከይፈለየ ዘጥቅዕ ይኹን’ምበር ስምብራቱ ኣብታ ሕብረተሰብ ዝያዳ እምንቲ ኮይና ክትረክብ ትጽቢት ዝገብረላ፣ ደቀይን ሓዳረይን በሃሊት ወይ ሕጽይቲ ይኸብድ እንተተባህለ ምግናን ኣይኮነን። ትውዓሎ ኣይትውዓሎ ኣበራ ብምፍላጥ ወይ ብምስናዕ፣ “ሓዳርኪ ኮነ ክብርኺ ክዕቀበልኪ ‘ተኾይኑ ክንድዚ ገንዘብ ክፈሊ ወይ ከምዚ ዝኣመሰለ ነገር ፈጽሚ” ብዝብል ምፍርራሕ ኣብ መቓቕሮ ትወድቕ፣ ዘይትኣምነሉ ክትገብር ትግደድ፣ ዝተባህለቶ ‘ተዘይፈጺማ ከኣ ምስጢራ ተዘርጊሑ ክብራ የንቁልቁል፣ ሞያኣ ይሰናኸል፣ ወይ ሓዳራ ይብተን፣ ወይ ብኹሉ ትውጻዕ።

ገበን ብላክመይሊን፣ ብኮምፒዩተር ወይ ብኢንተርነት ክድገፍ ድሕሪ ምጅማሩ፣ ሎሚ ‘ዲፐፈይክ’ ብዝተባህለ ስኑዕ ሰነዳትን ስእልታትን ተሓጊዙ መሰል ሃገራት፣ መሰል ትካላትን ውልቀ-ሰባትን ይግህስ ኣሎ።

“ዲፐፈይክ” ካብ ሰብ-ሰርሖ ብልሒ ዝምንጩ ዝተሰነዐ፣ ዝዘምበዐን ብሓሶት ዝተባዘሐን ስእልታት፣ ምስልታት፣ ዝርርብን ጽሑፍን እዩ። እቲ ‘ዲፐ’ ዝብል ክፋል ነቲ ዝዓሞቐ ጥበብ ናይ ኣልጎሪዝም ንምግላጽ ዝተዋህበ ክኸውን’ከሎ፣ እቲ “ፈይክ” ዝብል ከኣ ነቲ ትምየና ወይ ናይ ሓሶት ሰንዓ የመልክት። “ዲፐፈይክ” ብውሑዱ ኣብዚም ዝስዕቡ ትምየናታት ይውዕል፣-

**1) ገጽ ሰብ፣ ድምጽን ካልእ ጠባያትን ብምጽናዕ ሰብ ዘይበሎን ዘይገበሮን ከም ዝፈጸሞ ንኻልኦት ሰባት ንምእማን የኽእል (ንኣብነት**

ሓንቲ ንጽህቲ ጓልኣንስተይቲ ዝሙት ወይ ምንዝርና እናፈጸመት ዘርኢ ሰንዓ ክኸውን ይኽእል፣ ወይ በዓል ስልጣን ግጭት ዝቕስቕስ መደረ ከም ዝተዛረበ ዘምስል ክኸውን ይኽእል።)

2) ሰነዳት ዋንነት፣ ሰነዳት መገሻን ትምህርትን ብምትምያንን ዝተጋነነ ወይ ኣዳናጋሪ ንግዳዊ መዋዕውዒ ብምስራሕ ቅኑዕ ኣሰራርሓን ኮማዊ ምትእምማንን የዳኽም።

ግዳያት ንገበን ብላክመይሊን ንምክልኻል እንታይ ክገብሩ ወይ ክገብራ ይግባእ፣

1) ኣብ መራኸቢ ብዙሓን ብቐሉዕ እንልጥፎ ወይ እንጽዕኖ ሓበሬታታት ንመጥቃዕትና መንገዲ ዝኸፍት ውልቃዊ ሓበሬታ ከይህልዎ ምጥንቃቕ፣ ቃለ-መሕትት ኣብ ዝካየደልና'ውን ብተመሳሳሊ ዝምዝመዝ ውልቃዊ ጉዳይ ከይነቃልዕ ምጥንቃቕ፣

2) "ንበይነይ ዝሕዞ'ዩ" ተባሂሉ ተተቓሊዑ ዘሰክፍ ዘይእሩም ስእሊ ዘይምስኣልን ዘይምሓዝን ምኽንያቱ ኣብ እዋን "ሸየር" ብዘይምስትብሃል ናብ ካልኦት ክሰግር ስለዝኽእል፣

3) ምስ ኣፍቃሪ ወይ ዓርኪ ይኹን ወይ ካልእ ሰብ፣ ሕንከት ወይ ተነጽሎ ዝፈጥር ወይ ብኻልእ ክምዝመዝ ዝኽእል ስእልታት (ካሜራ) ዘይምስ'ኣል (ባእሲ እንተመጽአ ወዮ ዓርኪ-ነበር ንሕማቕ ክጥቀመሉ ወይ ንኻልኦት ኣሕሊፉ ክህቦ ይኽእል።)

4) ዘይንፈልጦ ሰብ ኣብ ዝድወለልና እዋን ሰማዒና ሪከርድ እንተገበሮ ዝጎድኣና ናይ ብሕትና ወይ ናይ ስድራቤትና ሓበሬታ ከይሞልቆና ምስትውዓል፣

5) ገበነኛታት ስእሊ ክልዕሉ ዕድል ኣብ ዝፈጥረሎም፣ ስኽራንን ዝሩግ ተግባራትን ካብ ዝረኣየሎም ምዝንግዓትን ግብጃታትን ምርሓቕ ወይ ምጥንቃቕ፣

6) ጽፈት እትኣትዎም/ትኣት ውዮም ቦታታትን ባህርያት መኻይድትን ምውሓስ፣

7) እቲ ታህዲድ ብቴለፎን ወይ ካልእ መራኸቢ ይመሓላለፍ እንተልዩ ብመቕረጺ ድምጺ ወይ ብጽሑፍ ምሓዝ (ንመርመራን ንመርተዖን ስለዝሕግዝ)፣

8) ብላክመይሊን (ምፍርራሕ) ዝበጽሓ ወይ ዝበጽሖ ንዝምልከቶ ፖሊስ ወይ ጸጥታ ምሕባር። እንተኾነ ትካላት ፖሊስን ጸጥታን'ውን ነቲ ነገር ኣብ ምጽራይ ግዳያት ከይግድዑ ኣብ ግምት ዘእተወ ኣሰራርሓ ክኽተሉ፣

9) እቲ ጸገም ንዘመኽሩን ክሕግዙ ዝኽእሉን ኣባላት ስድራ፣ መሓዙት ወይ ትካላት ምክ'ፉል፣

10) ዝጀመረ ብላክመይሊን ወይ ምስርጣይ ምዝርጋሕ ወይ ምፍናው እንተቐጺሉ፣ "መኣገዲ" ወረቐት ቤት ፍርዲ ንምርካብ ወይ ገበነኛ ተግባራቱ ከቋርጽ ዘገድዶ 'ድንክል' ክተክል ሕጋዊ መንገድታት ምኽታል (ድንክል፣ ኣብ መሰጋገሪ ገበናዊ ሕጊ ፍቕዲታት 139-143፣ መኣገዲ ትእዛዝ ቤት ፍርዲ ኣብ መሰጋገሪ ሲቪላዊ ሕጊ ፍቕዲ 2121 ተገሊጹ ይርከብ።)

11) ኣብ እዋን መርመራን ፍርድን እቲ መፈራርሒ ዝኾነ ኣሳእል፣ ድምጺ ወይ መሳርሕታት ብምልኡ ክእከብ ምትሕብባር። ዳግማይ መፈራርሒ ከይውዕል ምውሓስ የድሊ።

ቀጺልና ዝርዝር ትሕዝቶ ብላክመይል ኣብ ገበናዊ ሕጊ ሃገርና ንርአ፦

ብመሰረት መሰጋገሪ ገበናዊ ሕግና ፍቕዲታት 669-670 ብላክመይሊን ንሓደ ጉድ እትፈልጠሉ ሰብ ወይ ናይ መቕርቡ ኣበር ናብ ህዝቢ ክሽሽሕ'የ (ክቃልዕ'የ) ወይ ድማ ክንድዚ ዝኣክል ገንዘብ ወይ ንብረት ክፈል ብምባል ዝፍጸም ምግዳድ'ዩ። ብላክመይል ምፍጻሙ ዝተረጋገጸ ገበነኛ ካብ 3 ወርሒ ዘይውሕድ ካብ 5 ዓመት ጽኑዕ ማእሰርቲ ክኣ ዘይዛይድ መቕጻዕቲ ይውሰነሉ።

እንተኾነ ብገበን ብላክመይሊን ዝተኸሰሰ ሰብ ኣብዞም ዝስዕቡ ከበድቲ ጉዳያት ዝውሰነሉ መቕጻዕቲ ክሳብ ናይ 10 ዓመት ጽኑዕ ማእሰርቲ ይበጽሕ።

ብላክመይሊን ዝፈጸመ ገበነኛ፣-

1. ነቲ ገበን ብተደጋጋሚ ዝፍጽሞ እንተኾይኑ፣ /ልማደኛ እንተኾይኑ/

2. ነቲ ገበን ዝፈጸሞ ብሕግን ጭውነትን ክሰርሓሉ ንዝተፈቐደሉ ትካል ወይ መሳርሕታት ወይ መዝነት ከም መሳለጢን መታለሊን ብምጥቃም እምነት ተገልገልቲ ብምዝማዝ እንተኾይኑ፣

3. ነቲ ገበን ኣብ ልዕሊ ህጻናት፣ ኮተቴን ጉድለት ኣእምሮ ዘለዎም ሰባትን እንተፈጺምዎ፣

4. ግዳያት ብላክመይሊን ብሰንኪ ዝወረዶም ዘይጽወር ጸቕጢ ርእሰ ቅትለት እንተፈጺሞም ወይ ብፈተነ ርእሰ ቅትለት እንተተጎዲኦም እዩ።

ንምጥቕላል፣ እቲ ብዓለም ደረጃ ዝርአ ዘሎ ኣሉታዊ ሽንኻት ቴክኖሎጂ ኣብ ሃገርና ክሳብ ሕጂ ኣሰካፊ ኣይኹን'ምበር፣ ከም ዓለምና ጽቡቕን ሕማቕን ናባና ምእታዉ ዘይተርፎ ምዃኑ ክፍለጥ ኣገዳሲ'ዩ። ቴክኖሎጂ ዋሕስ ምምሕያሽ ህይወትና ካብ ኮነ ኣማራጺና ነቲ ጎዳኢ ኣጠቓቕማ ንምውጋድ እናተቓለስና ነቲ ኣሳልጦን ፈጢርዎ ዘሎ ዕድላትን ክንጥቀመሉ ምጽዓር'ዩ። ዲፕፈይክ ይኹን ብኢንተርነት ወይ ብኻልእ ዝፍጸሙ ገበናት ንምክልኻልን ገበነኛታት ንምቕጻዕን ዝኽእሉና ሕግታት ምእዋጅን ምምሕያሽን ከድሊ'ዩ። ፈሊጥካን ተዳሊኻን ምጽናሕ ስለዘርብሕ ከኣ በዚ ኣርእስታት'ዚ ምዝታይ ክድገፍ ዝግባእ'ዩ።

# ብሓባር ምንባር

ዓወት ተወልደ

ኣብ መንጎ ሰብኣይን ሰበይትን ዝተፈላለየ ዓይነት ጾታዊ ዝምድናታት ኣለዉ። ካብዞም ብዙሓት ዝምድናታት፡ ብወግዓዊ ኣገባብ ዝፍጸም መርዓ፡ ኣብ መላእ ዓለም ከም መሰረታዊ ዓይነት ዝምድና ይውሰድ። ከምኡ ስለዝኾነዩ ድማ፡ ሕብረተሰብን ሕግን ንሓዳር ከም ሓደ ማሕበራዊ ትካል ኣፍልጦ ዝህቡዎን ሓለዋ ዝገብሩሉን። እንተኾነ ግን፡ ኣብዚ ዘለናዮ ዘመን ብዝተፈላለየ ምኽንያት፡ ደቂተባዕትዮን ደቀንስትዮን ወግዓዊ መርዓ ከይፈጸሙ ከም ሰብ ሓዳር ብሓብር ክነብሩ ምርኣይ ልሙድ ተርእዮ ኮይኑ ንረኽቦ። ብፍላይ ኣብ ምዕራባዊ ዓለም፡ ብሰንኪ ኣጋጢሙ ዘሎ ልዑል ምድኻም ክብርታት ስድራቤትን ሕብረተሰብን፡ እዚ ዓይነት ዝምድና ኣዝዩ ዝተጋነነ እናኾነ ይኸይድ ኣሎ። ብሓባር ዝነብሩ መጻምድቲ፡ ዝምድናኦም ኣፍሪሶም ክፈላለዩን ምስ ካልእ ክጻመዱን ዘለዎም ተኽእሎ ዓቢ እዩ። ከም ማሕበራዊ ተርእዮ ድማ፡ ንቀጻልነት ስድራቤት ኣብ ምልክት ሕቶ ኣእትዩዎ ይርከብ።

## ኣምር ብሓባር ምንባር

ሽሕ'ኳ ሰብኣይን ሰበይትን ተመራዕዮም ብሓንሳብ ክነብሩ ብሕብረተሰብ ዝያዳ ዝምረጽ እንተኾነ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ሕብረተሰባት ዝተፈላለዩ ዓይነት ጾታዊ ዝምድናታት ነይሮምን ኣለዉን። ሰብኣይን ሰበይትን ስድራቤት መስሪቶም ብሓባር ክነብሩ ከለዉ ረብሓ ዘለዎን ኣብ ዝኾነ ኩርናዕ ናይ ዓለምና ቅቡልን ከምዝኾነ ዘየካትዕ እዩ። ብሓባር ምንባር ኣብ ከከባቢኡ ብዝዕብልል ሃይማኖታዊ፡ ባህላውን ቁጠባውን ኩነታት መሰረት ብምግባር ዝተፈላለየ ስያመታት ክወሃቦ ምርኣይ ልሙድ ኮይኑ፡ ብቋንቋ እንግሊዝ Irregular Union (ዘይስሩዕ ሕብረት) ወይ co-habitation (ብሓባር ምንባር) ተባሂሉ ይጽዋዕ። ኣብ ሃገርና ድማ፡ ምጥርናፍ፡ ተኸርሺም ወዘተ... ዝበሃል ስያመታት ኣለዎ።

ኣብ ሃገርና፡ ብሓባር ምንባር ሓዲሽ ተርእዮ እዩ ዋላ እንተዘይተባህለ፡ ምስ ምምስራት ከተማታት፡ ሽቕለትን ንምንዳይን ብዝተፈላለዩ ማሕበራዊ ጸገማትን፡ ካብ ስድራቤቶም ተፈልዮም ንበይኖም ክነብሩ ዝተገደዱ በጽሒታት እናበርከቱ ብዝኸዱ፡ ዝያዳ ክቀላቐል ጀሚሩ ክበሃል ይከኣል። ዋላ'ኳ እዚ ዓይነት ዝምድና ዝተፈላለየ መጸውዒ እንተሃለዎ፡ ብዘንጸባርቖም ባህርያት፡ ኣብ መንጎ ሓደ ሰብኣይን ሓንቲ ሰበይትን ብናይ ክልቲኦም ፍቓድ ጥራይ ዝምስረት ሕብረት ኢልና ክንገልጾ ንኽእል ኢና።

እዚ ዓይነት ዝምድና ልክዕ ከም ትካል መርዓ፡ ዕምሩ ንዘይተወሰነ ግዜ ክቕጽል ብምሕላን፡ ክልቲኦም ወገናት ኣብ ሓደ ገዛ ከም ሰብኣይን ሰበይትን ብሓብር ይቕመጡ። ብዘይካ ናይ ተጻመድቲ ኣብ ሓደ ገዛ ብሓብር ምንባር፡ ኣብ ሕማቕንጽቡቕንምድግጋፍ፡ ከምቁጠባዊትካል ክልቲኦምመጻምድቲዓቕሞምዝፈቕዶሰሪሖም ጺጋኦም ከም ዝዓቢ ምግባር፡ ተካእቶም ዝኾኑ ውሉዳት ምፍራይን ከጠቓልል ይኽእል እዩ።

ብብላክስ ሎው ዝፍለጥ መዝገበ ቃላት ሕጊ ብሓባር ምንባር ማለት፥ "ኑቶም ካብ መርዓ ዝብገሱን ብምርዑዋት መጻምዲ ዝንጸባረቑን፡ ንጾታዊ ርክብ ዘጠቓለለ፡ ግን ከኣ ኣብኡ ጥራይ መሰረት ዘይገበሩ ናይ መጻምድቲ መሰላት ብምኽባር፡ ንውሑት ግዜን ግዴታታትን ብምስካም ከም ሰብኣይን ሰበይትን ብሓብር ምንባር ማለት እዩ" ክብል ይገልጾ።

ሽሕ'ኳ ልዕል ኢሉ ዝተዋህበ ትርጉም ንግዳማዊ ምምስሳል ናይ መርዓን ብሓብር ምንባርን ዝገልጽ እንተኾነ፡ ብመንጽር ነዚ ዝምድና ኣመልኪቱ ብናይ ዝተፈላለያ ሃገራት ሕጊ ዝተዋህቦ ድፉት ኣፍልጦ ክግምገም ከሎ፡ ክልቲኦምወገናትእንታይመሰላትንግዴታታትን ከም ዘለዎም ብልክዕ ንምግላጽ ኣጸጋሚ እዩ።

## ተጻመድቲ ብዘይመርዓ ብሓባር ምንባር ዝመርጽሉ ምኽንያት

ብልምዲ፡ ዝምድና ብሓንሳብ ዝነብሩ ዘይምርዑዋት ከም ገበን ይቑጸር ነይሩ እዩ። ከምዚ ዓይነት ዝምድና ዝምስርቱ ከም ርኹሳትውን ይረኣዩ ነይሮም። ምስዚ ብምንጽጻር፡ ብመርዓ ዝተመስረተት ስድራቤት ብሓፃንቲ ኣካላትን ኣብያተ ፍርድን ተመራጺትን ከም መሰረታዊት ኣሃዱ ሕብረተሰብን ትድገፍን እያ። እንተኾነ ግን፡ ከም "ፈተነን" "ኣብ ሓጥያት ምንባርን" ዝኣመሰሉ ንልዑል ሞራላዊ ዝናግነት ዝእምቱ መግለጺታቱ፡ ንመጻምድቲ ነዚ ዓይነት ዝምድና ካብ ምምስራት ኣይገትኦምን።

ኣብ ልዕሊ ሓዳር ዘለዎ ኣሉታዊ ጽልዋ ከይተገሰየ፡ ብሓባር ምንባር ከም ሓደ ቅዲ መንብሮ እናበዝሐን ኣብ ገለ ሃገራት ድማ ዝያዳ ኣፍልጦ እናተዋህቦን ዝኸይድ ዘሎ ማሕበራዊ ተርእዮ ኮይኑ ኣሎ። ናይዚ ምኽንያት ድማ፡ ኣብ ባህሊ ንዘይወግዓውያን ስድራቤታት ዝቕበሉን ዝጻወሩን ሕብረተሰባት፡ ማሕበረ-ቁጠባዊ ለውጥታትን፡ ኣብ ገለ ገለ ኣጋጣሚታት ድማ ብሰንኪ እዚ ዓይነት ዝምድና ምምስራት ንዘስዕቦ ሕጋዊ ሳዕቤናት ካብ ዘይምፍላጥን ዝነቕለ እዩ። ኣብዚ መዳይ ዝተኻየደ ኣሃዛዊ መጽናዕቲ'ኳ እንተዘየለ፡ ብዙሓት ሰባት ምስ ዘፍቅርዎ ሰብ ብሓባር ምንባሮም ንኡብሶም ከም ብሕጋዊ ሓዳር ተዋሲቦም ዝነብሩ ዘለዉ ገይሮምዮም ዝቖጽሩዋ። እቲ ዝገርም ድማ፡ ብኣንጻር ርእይቶ ናይ ዝበዝሐ ክፋል ሕብረተሰብ ኣብ ገለ ኣጋጣሚታት ካብቶም ብጽንብል መርዓ ዝፍጸሙ መውስቦታት ዝነውሐ ዕድመ ዝጸንሕ ምኳኑ ኣዩ።

ብዘይካ'ዝምልዒሎምዝተጠቐሱ፡መጻምድቲ ብሓባር ንክነብሩ ዘገድዱ ምኽንያታት ኣለዉ። ንሳቶም ድማ፡ ብቁጠባዊ ምኽንያት ተደሪኾም ዝኣትዉዎ ብቕዳምነት ይስራዕ፣ ጽንብል መርዓ ዘስዕቦ ከቢድ ወጻኢታት ከውግዱ ክብሉ ክኣትዉዎውን ይኽእሉ እዮም። ከም ሳዕቤንዚ ድማ፡ ብዘይ ዝኾነ ጽንብል ወይ ናይ መርዓ ቅጥዒ ምምላእ ብሓባር ክነብሩ ይሰማምዑ።

## ሕጋዊ ውጽኢታት ብሓባር ምንባር

መርዓ ብሕጊ ዝተደንገጉን ክማልኡ ዝግባኦምን ረቛሒታት ምስ ዘማልእ ውሒቃውን ገንዘባውን ሳዕቤናት ይህልዎ። እዚ ድማ፡ ኣብቶም ሰብ ሓዳር ኣብ ንሓድሕዶም ግቡኣትን መሰላትን ይፍጥር ማለት እዩ። መትከል መንግስቲ ኤርትራ ንስድራቤት ከም ሓንቲ መሰረታዊት ኣሃዱ ናይ ሕብረተሰብ ስለዝጥምታ፡ ብሓባር ምንባር

ድማ ንስድራቤታዊ ክብርታት ህዝቢ ኤርትራ ዘየንጸባርቕን፡ ኣብ ሕብረተሰብ ብሓፈሻ፡ ኣብ ልዕሊ ደቀንስትዮ ድማ ብፍላይ ሃሳዪ ማሕበረ-ቁጠባዊ ሳዕቤናትውን ከምዘለዎ ስለዝተገንዘበ፡ ነዚ ዝምድናዚ ዝምልከቱ ኩሎም ኣብ ሲቪላዊ ሕጊ ኢትዮጵያ ተደንጊጎም ዝነበሩ ዓናቅጽ፡ ብመሰረት ምዕራፍ 8 ኣዋጅ 2 ናይ 1991 ከም ዝንጸጉ ብምግባር ዝኾነ ሕጋዊ ውጽኢት ከም ዘይህልዎም እዩ ገይሩ።

#### ብሓባር ምንባር ብመንጽር ቅጥዕታት መርዓ

ብሓባር ብምንባር ዝፍጠር ዝምድና፡ ብመንጽር ሰብኣይን ሰበይትን መርዓ ክፍጽሙ ከለዉ ከማልኡዎም ዘለዎም ረቛሒታት ብምዝማድ ንዘለዎ ሕጽረታት ካብዚ ኣስዒብና ክንርእዮ ክንፍትን ኢና።

#### ሀ.ፍቓደኛነት

ሓደ ሰብኣይን ሓንቲ ሰበይትን ጽንብል መርዓ ከይፈጸሙ ብሓባር ክነብሩ ከለዉ፡ ብዘይ ቡራኬ ስድራቤቶም ብናይ ክልቲኦም ፍቓድ ጥራይ ዝምስረት ዝምድና ከም ዝኾነ ክድምደም ይከኣል። ኣብዚ ግን፡ እዚ ዝምድናዚ ብዘይወግዓዊ ኣገባብ ዝፍጸም ብምዃኑ፡ ሓደ ካብ ተጻመድቲ ፍቓዱ ክህብ ብቕዓት ዘይብሉ ክኸውን ይኽእል ኣዩ።

#### ለ.ብቕዓት

ኣብ መሰጋገሪ ሲቪላዊ ሕጊ ኤርትራ (መ/ሲ/ሕ/ኤ)፡ ዋላ ንሓባር ምንባር ዝምልከት ተመሳሳሊ ድንጋገ እንተዘይሃለወ፡ ንመርዓ ወሰንቲ ካብ ዝኾኑ ረቛሒታት ሓደ ብቕዓት ተጻመድቲ እዩ። እዚ እንከሎ ግን፡ ብመሰረት ባህርያትን ዝጠልቦም ረቛሒታትን ብምግባር፡ ሓደ ሕጋዊ ተግባር ብቑዕ እዩ ወይ ሕጋዊነት ዝተኸተለ'ዩ ንክብሃል፡ ውዕል መርዓ ዝፍጽሙ ክልቲኦም ወገናት ንእንታይነት'ቲ ዝፍጽምዎ ውዕል ዝርድኡ ክኾኑ ይግባእ። ኣብ መርዓ ብቕዓት ክበሃል ከሎ፡ ብመሰረት ዓንቀጽ 581 መ/ሲ/ሕ/ኤ ልዕሊ 18 ዓመት ዝዕድመኦምን ብመሰረት ዓናቕጽ 369ን 588ን ናይ መ/ሲ/ሕ/ኤ ድማ ኣእምሮኣዊ ብቕዓት (ጥዕና) ዘማልኡ ምዃን ማለት እዩ። ብሓባር ምንባር ኣብ ቅድሚ ሕጊ ዘይቅቡል ወይ ፍሩስ ኣብ ርእሲ ምዃኑ፡ እቲ ብቕዓት ዘይብሉ ወገን፡ ብፍላይ ጓል ኣንስተይቲ ምስትኸውን፡ ንዘይተደለየ ጥዕናዊ ጸገማትን ሓልኪታትን ዘቃልዓ ክኸውን ይኽእል እዩ።

#### ሐ.ንመውሰቦ ዝኽልክል ደረጃ ዝምድና

ኣብ ኤርትራ፡ ኣብ ያታዊ ይኹን ዝተደብተሩ ሕጋጋት ካብ ዝተወሰነ ደረጃ ንታሕቲ ብደም ወይ ብመውስቦ ዝምድና ዘለዎም ሰባት ንክመራዓዉ ክልኩል እዩ። ኣብ ተኸተልቲ እምነት ምስልምና ካብ ናይ ሓባር ኣበው ዘራኢ (ancestor) ተጸብጺቡ ካብ ሳልሳይ ደረጃ ንታሕቲ ናይ ደም ዝምድና ንዘለዎም መርዓ ክልኩል እዩ። ኣብ ሲቪላዊ ሕጊ ድማ፡ ብመሰረት መ/ሲ/ሕ/ኤ ዓንቀጽ 551 ከምኡ'ውን ዓንቀጽ 583 ካብ ናይ ሓባር ኣበው ዘርኢ ተጸብጺቡ ትሕቲ ሻብዓይ ደረጃ ጋድማዊ ናይ ስጋ ዝምድና ዘለዎም ክዋሰቡ ከምዘይፍቀደሎም ተደንጊጉ ንረኽቦ። ብተወሳኺ፡ እቲ ብሕብረተሰብ ከም ነውሪ ዝቑጸር መውስቦ ኣብ መንጎ ቀረባ ኣዝማድ (incest) ብመሰረት መ/ገ/ሕ/ኤ ዓንቀጽ 621 ብገን ዘቕጽዕ እዩ። ኣብ ብሓባር ክነብሩ ዝውሰኑ መጻምድቲ ነዚ ክልከላ ክጥሕሱዎ ተኽእሎ ስለ ዘሎ ማሕበራዊ ተነጽሎን ሕጋዊ ተሓታትነትን ከስዕበሎም ይኽእል እዩ።

#### መ.ናይ ሓባር ንብረት

መሰጋገሪ ሲቪላዊ ሕጊ ኤርትራ ከምቲ ኣብ መንጎ ብሕጋዊ ኣገባብ ዝተመርዓዉ መጻምዲ ኣብ ሓዳር ከለዉ ዝጥረ ንብረት ናይ ሓባር ከምዝኾነ ዝድንግጎ፡ ብሓባር ንዝነብሩ መጻምዲ ናይ ሓባር ንብረት መሰል ኣይሀብን እዩ። ኣብ ገለ ኣጋጣሚታት፡ እቶም መጻምድቲ ብሓባር ኣብ ዝነበሩሉ ግዜ፡ ገዚፍ መጠን ዘለዎ ሃብቲ ከጥርዩ ይኽእሉ እዮም። እዚ ናይ ሕጊ ሃጓፍ ግን ዋላ ፍትሓዊ ውሳነ ንምሃብ ኣጸጋሚ ይገብሮ። ብፍላይ እቲ ሃብቲ፡ ብንጥፈታት ናይ ሓደ ካብቶም መጻምዲ ዝተረኸበ ምስ ዝኸውን፡ ነቲ ጸገም መሊሱ ኪጋድዶ ይኽእል እዩ። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ድማ፡ እቲ ንመነባብሮ ዘድሊ ወጻኢታት ኣብ ምሽፋን ክህሉ ዝነበሮ ግዴታ ኣብ ብሓባር ዝነብሩ መጻምዲ ብመሰረት ዝምድናኦም ስለዘይፍጠር እዩ። ብኣንጻር መ/ሲ/ሕ/ኤ ዓንቀጽ 652 ዝድንግጎ፡ ነፍሲ ወከፎም ብብወገኖም ዝረኸቡዎ ደሞዝን ኣታዊታትን ብሓባር ከምዘጥረዩዎ ሃብቲ ኣይቑጸርን እዩ። ብተመሳሳሊ፡ ብኣንጻር መ/ሲ/ሕ/ኤ ዓንቀጽ 659 ዝድንግጎ፡ ብሓደ ካብቶም መጻምድቲ ወገናት ዝተኣተወ ዝኾነ ዓይነት ዕዳ ከም ናይ ሓባር ዕዳ'ውን ክርአ ኣይከኣልን እዩ።

#### ረ.ንናይ ሓባር ወጻኢታት መሸፈኒ ገዘብ ምውጻእ

ብሓባር ዝነብሩ መጻምድቲ፡ ብግብሪ ኣብ ንሓድሕዶም ብቁጠባ፡ ናይ ምድግጋፍ ባህርያት የንጸባርቑኳ ኣንተኾኑ፡ ብዓይኒ ሕጊ ግን፡ ከምቲ መ/ሲ/ሕ/ኤ ዓንቀጽ 661 ክልቲኦም መጻምድቲ ብመጠን ናይ ነፍሲ ወከፎም ኣታዊታት ንመነባብሮኦም ከበርክቱ ከምዘለዎም ተደንጊጉ ዘሎ፡ ዘገድድ ሓድሕዳዊ ግዴታ ዝፈጥረሎም ድንጋገ ስለዘየሎ፡ ብሓደ ወገን ዝግበር ወጻኢታት ከም ውልቃዊ ወጻኢታት ናይቲ ወጻኢታት ዝገበረ ወገንምበር ከም ናይ ሓባር ወጻኢ ኣይሕሰብን'ዩ።

#### ሰ.ካልኦት ዕንቅፋታት

ብመሰረት መ/ሲ/ሕ/ኤ ዓንቀጽ 596፡ ሓንቲ ጓል ኣንስተይቲ ምስ ተፋተሐት ዳግማይ ከይተመርዓወት ን180 መዓልታት ናይ መበለትነት ግዜ (period of widow-hood) ክተሕልፍ ይግባእ። እዚ ዝግበረሉ ቀንዲ ምኽንያት ድማ፡ ድሒሩ ኣብ ዝምስረት ጾታዊ ዝምድና ክስዕብ ንዝኽእል ናይ ኣቦነት ሕቶ ንምውጋድ እዩ። ኣብ ብሓባር ምንባር እዚ ሕጊ'ዚ ክጥሓስ ስለዝኽእል ተጻምድቲ ብሓባር ክነብሩ ዝጀመሩሉ ዕለት ብንጹር ዘይፍለጥ ክኸውን ስለዝኽእል ሕቶ ኣቦነት ንምውሳን ኣጸጋሚ ክኸውን ይኽእል እዩ።

#### መደምደምታ

ሰባት፡ ብፍላይ ድማ ደቀንስትዮ ካብ ዝተፈላለየ ምኽንያታት ብምብጋስ ምስ ዘፍቅሩኦ ሰብ ብሓባር ንክነብሩ ክውስና ይኽእላ እየን። እንተኾነ ግን፡ ከምቲ ልዕል ኢሉ ዝተጠቕሰ ካብ መርዓ ዝብገሱ፡ ግን ከኣ ካብ ብሓባር ምንባር ክርከቡ ዘይክእሉ፡ ንሓዳር ወሰንቲ ዝኾኑ ሕጋዊ ሳዕቤናት ከማልኡ ዝኽእሉሉ ሕጋዊ ባይታ ስለዘየሎ፡ ደቀንስትዮ ኣብ ምምስራት ጾታዊ ዝምድና ዕቱብ ጥንቃቕ ክገብራ ይግባአን።

# ማህደር ታሪኽ

ራሄል በርሀ

## ተጋዳሊት ኣዝመራ ክብሮም፡ ‘መምህር ጽንዓት’

ምስ ሰለስተ ኣሕዋታ ናጽነት ከተምጽእ ናብ ገድሊ ዝወፈረት ኣዝመራ ንበይናያ ናብ ኣስመራ ተመሊሳ። ሃብታይ ኣብ እዋን ኲናት ሕድሕድ ኣብ 1974፣ ኣልኣዛር ኣብ 1982- 6ይ ወራር፣ ተስፋንኪኤል ድማ ኣብ 1990 ስለዝተሰውኡ ግን ኣይተመልሱን። ንባዕሉም ከም ሽምዓ መኺኾም ሓንሳእን ንሓዋሩን ብርሃን ናጽነት ፈጢሮም። ከም ኩሎም ስውኣት ደቂ ኤርትራ ድማ ስሞም ብኽብርን ሓበንን እናተዘከረ ይነብር ኣሎ።

ኣዝመራ ካብ ኣቦኣ ክብሮም ቀሺ ሃብተን ኣደኣ ለተብርሃንገብረመድህንን ብ1954 ኣብ ኣፍደዩ ንኣስ ዞባ ሰረጀቓ ተወሊዳ። ስድራቤታ ድማ ሓረስቶት ብምዃኖም ኣብ ትሕቲ ሓልዮቶም ብማሕረስን ጉስነትን ዓብያ። ይኹንምበር፣ ካብ ኣካዳሚያዊ ትምርህቲ ጨሪሳ ዝተገለለት ስለዘይነበረት ክሳብ 4ይ ክፍሊ ኣብ ሽማንጉስ ላዕላይ ተማሂራ። እቲ ቤት ትምህርቲ ካብኡ ንላዕሊ ከምህር ዝኽእል ብዘይምንባሩ ነታ ክቱር ናይ ትምህርቲ ጽምኢ ዝነበራ ኣዝመራ ዓቢ ብድሆ ኔሩ።

ጽቡቕ ኣጋጣሚ ኮይኑ ግን ኣብ ኣስመራ ምስ ስድራቤት መሓዝኣ ተጸጊዓ ኣብ ከባቢ ሓሊበት ዝርከብ እንዳ ኣድቨንቲስት ተባሂሉ ዝፍለጥ ዝነበረ ቤት ትምህርቲ ንኣስታት 6 ኣዋርሕ ተማሂራ። እቲ ትቕመጠሉ ዝነበረት ገዛ መሓዝኣ ትራቮሎ ብምንባሩ ስለዝረሓቓ ምስ ከምኣ ዝኣመሰላ ደቂ ዓዳን ጎደቦኣን ኣብ ከባቢ ሓሊበት ብሓባር ገዛ ብምኽራይ ብቐጠባዊ ሓገዝ ቦኽሪ ሓዋ ክሳብ 7ይ ክፍሊ ተማሂራ። ኩሉ ወጻኢታታ ብምሽፋን ዘምህራ ዝነበረ ሃይለ ዝተባህለ ሽቃጣይ ሓዋ ድሕሪ ምማቱ ግን፣ ብክቱር ጓሂ ትምህርታ ክትቅጽል ኣይከኣለትን።

ሰብኣይ ኣዝመራ ተኽለኣብ ጎድኒ ጎድኒ ናይ ሸቐጥ ስርሑ ሓፋሽ ውድባት ኮይኑ ይነጥፍ ኣብ ዝነበረሉ ህሞት፣ ምስጢራዊ ንጥፈታቱ ብጸላኢ ስለዝተፈለጠ ነታ ኣብ ኣኽርያ ዝሸቅጠላ ዝነበረት ኪዮስኪ ረጥሪጡ ናብ ኣፍደዩ ሃደመ።

ዕድል ኣዝመራ ድማ ምስ ዕድል ሰብኣያ ዝተተሓሓዘ ነበረ። ጸላኢ “ሰይቲ ወንበዴ” ብምባል ኣስቤዛ ምሃብ ምስ ከልኣን ብማሕበራዊ መነባብሮ ምስ ተኸላበተትን ድማያ ኣታኽልቲ ንዝተባህለ ወዲ 2 ዓመት ውላዶም ሒዛ ንተኽለኣብ ዝሰዓበቶ።

ተኽልኣብ ብረት ዓጢቑ ከም ውፉይ ሓፋሽ ውድባት ኣብ ገርገር ተመዲቡ ኣብ ዝሰርሓሉ ዝነበረ ህሞት፣ ኣዝመራ ድማ ኣብ ዓዳ ከም ሓፋሽ ውድባት ተወዲባያ ንጥፈታታ ጀሚራ። ሕጂ ኣብ ኮርፖሬሽን ኤለክትሪሲቲ ኤርትራ (ሴዳው) ከም ኣካያዲት ስራሕ ጨንፈር ምምሕዳር ተመዲባ ተሰርሕ ዘላ ራህዋ ተስፋይ ድማያ ወዲባታ። ንምያኣን ኣበርክቶኣን ክትገልጽ እንከላ ከኣ ከምዚ ትብል፣-

“ኣዝመራ ከም ሓፋሽ ውድባት ዝተወደበትሉ ብ1981 እዩ። ኣብቲ ከባቢ ሓያሎ ውፉያት ጉዳይም ሓፋሽ ውድባትየን ኔረናና። ኣዝመራ ካብኣን ፍልይ ዙብላ ብልጫ ግን ኔሩዋ። ብኣካዳሚያዊ ደረጃኣ ካብኣን ጸብለል ዝበለ ስለዝነበበረት ጸብጻባት ኣብ ምቕራብ ይኹን፣ ዋሃዮታት ኣብ ምምሃር ደሚቑ ዝርኣ ዓቕሚ ኔሩዋ” ድሕሪ ምባል፣ ከም ሓፋሽ ውድባት ኣዝያ ብሰልትን ርጥብትን ምንባራ ትምስክር።

1986፣ ንኣዝመራን ተኽለኣብን ኣብ ኣእምሮኦም ኣሉታዊ ስምብራት ዝገደፈት ዓመትያ ኔራ። ጸላኢ ብደቂ ሽሓይ ወፊሩ ኣብ ድሕሪ መስመር ዝነበረ ተጋዳላይን ሓፋሽ ውድባትን ህዝባዊ ግንባር ኣብ ፍጹም ሓደጋ ምስ ኣተወ፣ ዕለት 29 ሓምለ 86 ናብ ገሉብ ምዝላቕ ኮነ። እቲ ጉዕዞ ብለይቲ ጸላም ከደኖ ስለዝነበረ፣ ጸላኢ ነዚ መደብ ብምጽናዕ ኣብቲ ናይ ጉዕዞ መስመር ድብያ ገበረ።

ጸላኢ ከባቢ ፍርቂ ለይቲ፣ ነቲ ኣብ ጉዕዞ ዝነበረ ሰራዊትን ተጋዳላይን ሓፋሽ ውድባትን ፍርቁ



ኣታኽልቲ ተኽለኣብ



ከምዝሓልፍ ብምግባር፣ ንፍርቂ ተኹሲ ከፈተሉ። ጽዕጹዕ ውግእ ድማ ኮነ። ኣብቲ ከቢድ ዋጋ ዝተኸፍሎ ድብያ ድማ ወዲ 2 ዓመት ኣታኽልቲ ኣብ ኢድ ጸላኢ ወደቐ።

ኣዝመራ ግን ወዳ ብጸላኢ ምትሓዙ ዋላ ሓንቲ ኣፍልጦ ኣይነበራን። ምኽንያቱ፣ ህጻን ኣታኽልቲ “ከም ባባ ብረት ክሕዘየ ዝደሊ” ብምባል ምስ ኣቦኡ ዘለዎ ፍቕሪ ይገልጸላ ብምንባሩ፣ ጓል ስዒድ ዝተባህለት ሓኪም ብርጌድ ናይ ምእላዩ ሓላፍነት ወሲደት።

ድብያ ዝሰንጠቑ ተጋደልቲ ህዝባዊ ግንባርን ሓፋሽ ውድባትን ናብ ገሉብ ድሕሪ ምእታዎም፣ ኣዝመራን ንዓኣ ዝመስላ ኣደታት ሓፋሽ ውድባትን ናብ ሳሕል ኣምርሓ። ናብ እንዳ ህዝቢ ክዕቆባኳ እንተተሓበራ፣ ንሳተን ግን ብዝነበረን ልዑል ናይ ቃልሲ መንፈስ “ኣብደንናብኡ ኪደናስ ኣይንዕቆብን” ብምባል ኣቕበጸ። ኣብ ከምዚ ህሞት ድማየን ናብ ክፍሊ ህዝቢ ተመዲበን ኣብ ሕሽኩብ ዝዓስከራ።

ብክቱር ናፍቖት ውላዳ ዘይቀሰነት ኣዝመራ፣ ናብ በዓል ቤታ ኣብ ትልእኾ ደብዳቤ ኩነታት ወዳ ከተጣይቕ እንከላ “ኣታኽልቲ ወድና ጽቡቕ ኣሎ፣ እመሃር ኣሎ” ብምባል ይምልሰላ ስለዝነበረ እቲ ኩሉ ዝፈለጠ ጉዳይ ንዓኣ ምስጢርዩ ነይሩ።

ህጻን ኣታኽልቲ ብጸላኢ ድሕሪ ምትሓዙ ከም ዝኾነ ምሩኽ ተጋዳላይ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ሰምበልዩ ተሓቢሱ። ንሓደ ዓመትን 10 ኣዋርሕን ምስ ተኣሰረ፣ ተፈራ ወንዴ ዝተባህለ በዓል ስልጣን

ደርግ ኣብ'ቲ ቤት ማእሰርቲ ኮለላ ኣብ ዝነበረሉ ዝነበረ ህሞት ምስ ረኣየ፣-

“ እዚ ቆልዓ እንታይ ዝኾነየ? እንታይ ክኑበር ኣትዩ? ክብል ሓተተ።



ተጋ/ ኣዝመራ ምስ በዓል ቤታ ተኽለኣብ

ሻምባል ሰለሙን ኤርትራዊ ዕጠቕ ኮይኑ ኣብ'ቲ ቤት ማእሰቲ ዝሰርሕ ዝነበረ ሓላፊ'ዩ።

“እሱሮዩ” ክብል መለሰሉ።

“እዚ ቆልዓ?” ደጊሙ ሓተት።

“ እወ እዚ ቆልዓ” ሻምባል ሰለሙን መለሰ።

ብድሕሪዚ እቲ በዓል ስልጣን ደርግ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ኣብ ኮሌጅ እናተማህረ ክዓቢ'ኳ እንተኣዘዘ፣ ሻምባል ሰለሙን ምስ ደቁ ከዕብዮ ኑቲ በዓል ስልጣን ብዘቐረበሉ ሕቶ ተቐባልነት ረኺቡ ምስ ደቁ እናተማሃረ ዓበየ።

ኣዝመራ ወዳ ኣብ ትሕቲ ጸላኢ ወዲቑ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ሰምበል ንኣስታት 2 ዓመታት ከምዝተኣሰረ ዝፈለጠት፡ ሓዋ ዝለኣኸላ ስእሊታት ደቑን ኣታኽልቲ ወዳን ዝሓዘ ደብዳቤ ድሕሪ ምቕባላ ሓጎስን ብኽያትን ዝተፈራረቖ ስምዒት፣-

“ እ ል ል ል !...እ ል ል ል ! ወደይ ተመሊሱ ኣስመራ ኣትዩ!” ብምባል ብሓጎስ ተፈንጨሐት። ብናይ ሓጎስ ንብዓት ጠልቀየት። ድሕሪዚ ህሞት ደማዩ ናይ ወዳ ብጸላኢ ተታሒዙ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ሰንበል ምድጓንን ዝተነግራ።

1988፣ ንጥፈታት ውዳብ ሃ.ግ.ደ.ፌ. ብሰፊሑ ዝተታሕዘላ ዓመት ብምንባራ ኣዝመራን ብጾታን ብዝነበረን ተመኩሮ፣ ካብ ሕሽክብ ናብ ባረንቱየን መጺኦን። ብድሕሪኡ ደማ ምስ ካልኣይታ ናብ ምዕራብ ሽላሎ ተመዲባ ክትሰርሕ ድሕሪ ምጽናሕ ናብ ተኾምብያ ብምቕያር ኣብ ህዝባዊ ድኳን ናይ'ቲ ማሕበር ተመዲባ ውድባዊ ዕማማታ ከተሰላስል ጀመረት። ድሕሪ ሓደ ዓመት ደማ ኣብ ትሕቲ ህዝባዊ ምምሕዳር ናብ ዝምእከል ኣብ ሻምብቆ ዝነበረ ህዝባዊ ድኳን (ቤት ስፈት) ተቐየረት። ኣብ 1990 ኣብ ጀርበት ንሓደ ወርሒ ውተሃደራዊ ታዕሊም ወሲዳ ናብ ቦታኣ ተመለሰ ህዝቢ እናገልገለት ኤርትራ ናጽነታ ተጎናጸፈት።

ድሕሪ ናጽነት፣ ኣዝመራ ኣብ ምምሕዳር ከተማ መንደፈራ ከም ተሓዚት ስተሽነሪ ስለዝተመደበት ብበዓል ቤታን ወዳን ማሚቓ ሕጉስ ህይወት ክትመርሕ ጀመረት።

ጉዲም ተጋዳሊት ሻሹ ገደ ባህርያት ኣዝመራን በዓል ቤታን ኣዕሚቓ ትፈልጥ ብዝዕባኣ ከምዚ ደማ ትብል፣-

“ኣዝመራ ኣዝያ ጥንቅቕትን ዘይናታ ዘይትደልን ሰብ'ያ። ከምኡ ስለዝኾነት ንኣ ትሕዞ ንበረት ፈጺሙ ኣይጠፍእንዮ። እመን ኣይትእመን ፒሮ ሃብቲ እንተብልካያ፣ ምውት እንተብለት'ውን ብዘይ ኣገባብ ኣይትህበካንያ። ብናይ ስራሕ ንጥፈታታን ባህርያታን ተጠማቲት ስለዝነበረት ደማያ ብሃ.ግ.ደ.ፍ ኮነ ህዝባዊ ምምሕዳር ተደላዪት ዝነበረት። ድሕሪ ናጽነት ኣብ ምምሕዳር ከተማ መንደፈራ ከም ሓላፊት ስተሽነሪ ክትሰርሕ ዘኽኣላ ከኣ እዚ ዝተጠቕሰ ወርቃዊ ባህርያት'ዩ” ብምባል ንሓያል ጎድኒታታ ትገልጽ።

ኣዝመራ ነዚ ኩሉ ገድልን መስገደልን ሰጊራ ምስቲ 1994 ዝተጣየሰ በዓል ቤታን እንኮ ውላዳን ምውቕ ናብራ ክትመርሕ ምስ ጀመረት፣ በዓል ቤታ ኣብ ዓመተ 2001 ብሓደጋ መኪና ተጎድኡ። ንሱ ኣብ'ቲ ንኣ ትሰርሓሉ ዝነበረ ምምሕዳር ከተማ ናይ ማይ ቦጥ ሰራሕተኛዩ ኔሩ። ቤታ ዝሰርሓላ መኪና ደማዩ ህይወቱ ስኢኑ።

ኣዝመራ ግን መከራኣ ብእኡ ጥራይ ኣየብቀዐን። እቲ ኣብ 2005 ዘመርዓዎ ኣብ ሓደ ቆልዓ ዝኾነ ኣታኽልቲ ወዳውን ኣብ ወርሒ ሓምለ 2009 ናይ ተለቪዥን ሽሓኒ ከዐሪ ምስ ኣዕረኽቱ ናብ ናብ ልዕሊ ገዛ ምስ ተሰቕለ ብሓደጋ ኤለትሪክ ንሞት ተቓልዐ።

ድሕሪዚ ክልተ ትራጀዲያዊ ፍጻመታት፣ ከተማ መንደፈራ ንኣዝመራ ሲኦል ኮነታ። ሞት በዓል ቤታን ወዳን ምጽዋር ስኣነት። ስለዚ ደማ “ካብቲ ዓዲ ኣውጽኡኒ” ዝብል ጥርዓን ናብ ሓለፍታ ኣቕረበት። ንሳቶም ግን ኣብ ስራሕ ብዝነበራ ተወፋይነትን ርጥበትን ክትከዶም ኣይደለዩን። “ገዛ ክንቅይረኪ” ብምባል ኣጥቢቖም ለመንዋ። ንሳ ግን ኣቕቢጻ። ኣብ ከምዚ ህሞት ደማያ ናብ ምምሕዳር ከተማ ዞባ ማእከል ተቐይራ ብተመሳሳሊ ስራሕ ህይወታ ትመርሕ ዘላ።

ኣዝመራ ሕጂ ኣብ ሞደሽቶ ኣብ ዝርከብ ገዛ እንዳሓሙኣ'ያ ትነብር ዘላ። ቡቲ ኣብ መንደቕ ዝተሰቕለ ስእልታት ሰለስተ ኣሕዋታ፣ በዓል ቤታትን ወዳን ሓበንን ክብረን እናተሰምዓ ከኣ ብጽንዓት ትነብር ኣላ። “ጽንዓትና ውሕስነት ህላወና” ዝብል ቴማ ዓመተ 2026 ደማ፣ ነጸብራቕ ናይ'ቲ ኣዝመራን ካልኦት ንዖኣ ዝመስሉ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ስድራቤታት ኤርትራ ዝሓለፈኦ ዘለዋ ጽንከር ህይወትዩ።

እንተኾነ “ኣምላኽ ጸድፊ ይፈጥርሞ መደያይቦ ከኣ ይፈጥር” ዲዩ ዝበሃል፣ ኣዝመራ ዘኽቲማ ኣይተረፈትን። እንተሓሚማ ናብ ሕክምና ትጓየየላ፣ ኣብ ጸብቕን ሕማቕን ኩነታት ኣለኽልኪ ትብላ ብጻይቲ ሻሹ ገደ (ጓል ገደ) ፈጢሩላ። ነዚ ህያብ'ዚ ዝለገሰላ ፈጣሪኣ ወግሐ ጸብሐ እናመስገነት ትነብር ኣላ።




ስውኣት ኣሕዋት ኣዝመራ

# "ታሪኽና ይወራረስን ይመሓላለፍን ኣሎ"

መሓመድ እድሪስ መሓመድ



ፋጥና ዑስማን እድሪስ ትባሃል። ካብ ንእሽቶኣ መጀመርታ 80ታት ናብ ህዝባዊ ግንባር ዝተወደበት። ሽዑ ወድብ ህ.ግ. ኣብቲ ከባቢ ጋሻኳ እንተነበረት ህዝቢ'ቲ ከባቢ ወዲባ ከም ክሉ ኣብ ትሕቲ ህ.ግ. ዝነበረ ካልእ ህዝቢ ክተንቀሓን ክትወድቦን ክትዕጥቆን ግዜ ኣይወሰደላን። እቲ ህዝቢ'ውን ሓንሳፋይ ኢሉ ስለዝተቀበላ ብዘይ ወዓል ሕደር ኣብቲ ምወዳብ ህዝቢ ኣተያ።

ፋጥና ንድሕሪት ተመለሰ፡ ኣብ ሰማንያታት ህዝባዊ ግንባር ኣብቲ ከባቢ ምስ መጸት ብቀጥታ ተወዲበን ኣብቲ ሃገራዊ ዕማም ተራኣን ከበርክታ ከይተሓለላ ክሰርሓ ከለዋ፡ ፋጥናውን ካብ ጎድነን ኣትፈለየትን። ኩሉ ኣበርክቶ ደቂኣንስትዮ ከባቢ ማርያ ድማ ካብቲ ብደቂተባዕትዮ ዝካየድ ዝነበረ ዝሰንፍ ኣይነበረን። ኩሉ ብደቂተባዕትዮ ዝግበር ቃልሲ ብደቂኣንስትዮ ክዕመም ምስ ረኣየት፡ እቲ ኣብ ማእገር እቲ ወዲን እታ ጓልን፡ እቲ ዕጥቂ ምስ ክሎም፡ እቲ ጅብጅብ ጺኢግሮን እቲ ቀምጣ ስረን ኣብ ክልትኡ ጾታ  እታ ጓልን እቲ ወድን ብሓንሰብ ክንዩ። ብሓሰብ ኣብቲ ርሱን ወግእ ከኣተዉ፡ ብሓንሰብ ከዋግኡ፡ ብሓንሰብ ከውግኡ ወይ ክስውኡ፡ ምስ ረኣየት ኣብ ሰውራ ነዚን ካልእን ተራ ደቂኣንስትዮ ክውረስን እናተወራረሰ ናብ መጻኢ ወለዶ ክመሓላለፍ ኑቲ ሽዑ ኣብ ይከኣሎ ዝነበረ ህይወት ሎሚ በተን ዋርሳይ ደቂኣንስትዮ ክድግም ምስረኣየት ብሓቂ ታሪኽና ኤርትራዊት ጓልኣንስተይቲ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ እናተወራረሰ ዝኸይድ ምዃኑ ብግብሪ መስኪሩ። መሔት ኣግእዞ ኣብ ዝሓለፈ ቀረባ ግዜ ንኡስ ዘባ ኣስማጥ በጺሓ ምስ ወ/ሮ ፋጥና ዑስማን ዝገበረቶ ቃለማሕትት ይቐጽል፦

**- ተራ ደቂኣንስትዮ ኣብ ቃልሲ ብኸመይ ትገልጽዮ?**

- ንሕና ካብ ሰማንያታት ኢና ምስ ህ.ግ. ዝተላለናን ኣብ ህ.ግ. ዝውተወደብናን። እቲ ቃልሲ ደቂ ኣንስትዮ'ውን ካብዚ እዋንዚ ንደሓር ዝያዳ ክንፈልጦን ክንኣተፎን ክንሰርሖን ክኢልና። ኣብዚ ደቂኣንስትዮ ማርያ ጸላም ዝያዳ ብሰላ እተን ኣባላት ጀማሂር ነቒሓን ተወዲበን ኣብ መጠረሽታ ድማ ዓጢቀን። ድሕሪ እዚ ድማ ደቂኣንስትዮ ካብ ደቂተባዕትዮ ንድሕሪት ኣይተመልሳን። ካብቶም ኣሕዋተን ደቂተባዕትዮ'ውን ኣይሓመቃን። እታ ጓልን እቲ ወድን ብሓንሰብ ንዱዮም። ብከምዚ ድማ ደቂኣንስትዮ ንድሕሪት ከይተንታ ምስ ኣሕዋተን ናብ ደጀንን ግንባርን እናተወናጨፋ ንኩሉ ካብኣን ዝጠለብ ኣማልኣን።

**- ሎሚ'ኸ እቲ ኣብ እዋን ገድሊ ዝነበረ ተሳትፎ ደቂኣንስትዮ ከም ቀደሙ ኣሎ ክባሃል ይከኣል ዶ?**

**ፋጥና፡** እወ ኣሎ። ተሳትፎ ኣብ ትምህርቲ ኣሎ። ግንቅሩብ ኣብቲ ናይ መባእታ እቲ ቁጽሪ ደርጋ ምስ ደቂተባዕትዮ ማዕረ ኳ እንተኾነ፡ ደረጃ እናወሰኻ ኣብዝኸዳሉ እዋን ግን ቁጽረን እናጎደለ ይኸይድ። እዚ ኣብ ግዜ ሰውራ ደርጋ ኣይነበረን ክባሃል ይከኣል። ስለዚ ኣብዚ ወለዲ ከም ቀደሞም ብዘይ ኣፈላላይ ደቆም ናብቲ መንግስቲ ኸፊቱሎም ዘሎ መኣዲ ትምህርቲ ክሳተፋ ይግባእ። ኣነ ብወገነይ ደቀይ ኣብ ኩሉ ኣለዉ በሃሊትየ። ከም መምሃራን ሓካይም ኣብ ሚኒስትሪ ምልኻልን ኣብ ማሕበር መንእሰያትን። እዚ ድማ ብሰላ እቲ ኣብ እዋን ገድሊ ዝረኸብኩዎ ተመክሮን መንቕሕቓሕታንየ።

**- ተራ ደቂኣንስትዮ ዱብ ምኹሰኻስን ምምሃርን ደቀን ኸመይ ከኸውን ኣለዎ ትብሊ?**

- ጓል ኣንስተይቲ ምህርቲ እንተኾይና እቶም ደቃውን ይማሃሩ። ኣደ እንተዘይተማሂራ ደቃውን ዋላ ትምህርቲ እንተጀመሩ ናብቲ ናይ መወዳእታ ኸቶ ከበጽሑ ይሽገሩ ወይ'ውን ኣይበጽሑን ኢዮም። ወላድ ዝተማህረትን ዘይተማህረትን ሓደ ከኸውን ኣይኽእልንየ። ሕጂ እተን ዝያዳ ምህሮ ዘለወን ኣደታት ደቀንውን ተማሂሮም። ስለዚ ጓል ኣንስተይቲ እንተተማሂራ እታ ገዛ ብምልኣ ብትምህርቲ ዝተኸበት ትኸውን።

**- ሕጂ ንድሕሪት ናብ 80ታት ተመሰሊኪ ህ.ግ. ናብዚ ከባቢ እዚ ትመጽእ እንከላ ዝነበረ ሃዋሁ ብኸመይ ትዝክርዮ?**

-ህ.ግ. ኣብ 1980 ትመጽእ ከላ፡ ኣነ ጓል 14 ዓመት ነይረ። ሽዑ ህ.ግ. ኣብዚ ምስ መጸት ካብ ደቂ ማርያ ጸላም ዓብደላ ሙሳን እድሪስ ማንጁስን ነይሮም። ንዖኦም ምስ ረኸብና ድማ እቲ ሓድሽ ወድብ ነዓናውን ጓና ከምዘይኮነ ተረዳእና። ብሰላ ህ.ግ. ድማ ኣብ ክልትኡ ተዓዊትና፡ ከም ሰብና ተጋዲልና ከምሰብና ድማ ተማሂርና ክብል እደፍር። ካብዚ ሓቂዚ ተበጊስና ድማ ደቂኣንስትዮ ማርያ ካብ ደቂተባዕትዮ ዝሰንፋ ወይ ንድሕሪ ዝተርፋ ኣይኮናን። ምን ኣላባሽ ገለ ሰባት ውሑዳት ጓል ኣንስተይቲ ተማሂራ ኣበይ ከትተብጽሕ ዝብሉ ኣይሰኣኑን ነይሮምየም። እቲ ሓቂ ግን ነተን ካልኦት መጓንጠኣን ሽጥ ኣቢለን ዝተማህራ ሎሚ ድማ ኣብ ክሉ ሃገራዊ ንጥፈታት ተሳቲፈን ንርእሰን ኮይነን ንስድረኣን ብዓብኡ ድማ ንሃገረን ኮይነን ክርእዩ ይቀንኡ ኣለዉ። ወዲን ጓልን ሓደ እዮም ምን ኣልባሽ እቲ ትምህርቲ ዝያዳ ካብ ንደቂተባዕትዮ ንደቂኣንስትዮ ይጠቅም። ምኽንያቱ ወዲ ዕንጸይቲ እናፈለጸ'ውን ክነብር ይኽእል'ዩ። ጓል ኣንስተይቲ ግን ዝያዳ ኩሉ እቲ ትምህርቲ ናይ ጉልበት ዘይኮነ ናይ ሓንጎል ስለዝኾነ ልዕሊ መንም ነዓኣ ይጠቕም።

**- ኣብ ግዜ ሰውራ ዝነበረ ማሕበር ደቂኣንስትዮ'ኸ ኣብ ምንቃሕ ደቂኣንስትዮ እንታይ ጽልዋ ነይሩዎ ክትብሊ ትኽእሊ?**

- እቲ ንዛረበሉ ዘሎና ፍረ ንርእሱ ካብቲ ኣብ እዋን ሰውራ ዝተጠርየ ወይ ዝተረኽበ'ዩ። ምኽንያቱ ኣብቲ እዋን'ቲ እተን ብሽም ጀማሂር ዝመጽኣ ወይ ማሕበር ደቂኣንስትዮ ዝወከላ ተጋደልቲ፡ ንክልትኡ ኣጣሚረን ይሰርሓ ነይረን፡ በቲ ሓደ ጀማሂር ኮይነን ንደቂ ኣንስትዮ የንቅሓን ይወድባን በቲ ካልእ ድማ ብዝዕባ መሰል ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ኩሉ ሃገራዊን ሰውራዊን መደባት ይምህራ ነይረን።

**- ካብተን ንፈለማ ኣብ ማርያ ጸላም ዝመጽኣ ደቂኣንስትዮ ጀማሂር በዓል መን ትዝክሪ?**

- ፈላማ ዝመጽኣ ደቂ ኣንስትዮ ጀማሂር ሰሚራ ዓምርን ጀሚላ ዑስማንን እዝክር። ድሕሪኣን ጋርባ እንበላ ፋጥና ኣልኣሚን ሰዒባ። ፋጥና ኣልኣሚን ክተንቀሓና ጥራይ ዘይኮነ ኣብዚ ኣብ ኣገልግሎት ህዝባ እንከላ ኣብ እዋን 8ይ ወራር (ወፍሪ ባሕሪ ነጋሽ) ምስ ተጋዳላይ ኢብራሂም ህብቴስ ኣብ ከባቢ ሃውሽ ብጅግንነት ተሰዊኣ። ፋጥና ውፍይቲ፡ ፍትውቲ ተጋዳሊት ነይራ። ፋጥና ኣብቲ ዝግበር ዝነበረ ምንቃሕን ምውዳብን ደቂኣንስትዮ ዓቢ

ተራ ነይሩዋ። እሳ እንተትጸንሕ እቲ ንቕሓት ደቂ ኣንስትዮ ዝያዳ ምኾነ።

ብሓፈሻ ጀማሂር ደቂኣንስትዮ ኣብ ገዛና ኣብ ውሻጠና ስለዝመጽኣና፡ ከም ኣሓትና እምበር ከም ጓና ንርኣየን ኣይነበርናን፡ ምሳና ኣብ ክሉ መዳያት ህይወትና ይሳታፉ ጥራይ ዘይኮነ፡ ምሳና ኣብ ዓራትና ይድቅሳ፡ ምሳና ይጥሕና፡ ይልንቅጣ፡ ንዝሓመመ ይሕክማ፡ ንዝተጸገመ ይሕግዛ፡ ብከምዚ ድማ እቲ ህዝቢ ክንዲ ዝርሕቀን ዝያዳ ከም ውላዱ ይቐርበን ይሕብሕበንን ነይሩ።

ደሓር ድማ በብእዋኑ ዝስዕባ ደቂኣንስትዮ ተጋደልቲ ነይረን። ሓንቲ ካብኣን ድማ ንማሕበር ደቂ ኣንስትዮ ወኪላ ዝመጽኣት ሊያ ገብረኣብ'ያ። ሊያ'ውን ከም ኩለን ቅድሚኣ ዝነበራ ንሳ'ውን ቀልጢፉ ኣብቲ ሕብረተሰብ ኣትያ። ክሳብ ሕጂ'ውን ካብተን ብደቂ ኣንስትዮ ማርያ ዓቢ ክብሪ ዝወሃበን ሓንቲያ። ኣብ ትምህርቲ'ውን በዓል ጺጋ ጋይም፡ በዓል ስቶም፡ በዓል ኣለም በዓል ጓል ውቤን ካልኦትን ክዝክር እኽእል።

**- ንስኺ ኸ ካብቲ ሰውራ ዝኸሰብክዮ እንታይ ኣሎ?**

- ኣብቲ ፈለማ ህ.ግ. ኣብዚ ዝመጸኣትሉ እዋን “ሎሚ ሲናማ ክንርኢ ኢና” ኢሎምና። ሲናማ እንታይ ምዃና እፈልጥ ኣይነበርኩን። እታ ሲናማ እትባሃል ዘላ ጓል ድያ ካልእ ንፈልጥ ኣይነበርናን፣ ደሓር ኣብቲ ሲናማ ክንርእየሉ ዝመጽኣና ቦታ፡ ሽዑ እታ ሲናማ ዝተባህለት ጉጅለ ባህሊ ኮይኑ ጸኒሒትና። ኣብኡ ምስ መጽኣና መጀመርታ ዘይኑብ በሺር ተቐቢላትና። ኣብኡ ዎሶሚያ ክትደርፋለይ ኢላ ኩብሮ ሂባትና። ብከምዚ ድማ ንሕና እንፈልጦ ዎሶምያ ማርያ ደሪፍናላ። ነቲ ባህሊ ድማ ዝያዳ ፈቲናዮ። ብፍላይ እተን ኣብኡ ዝነበራ ደቂኣንስትዮ ከምኣን ክንኸውን ድማ ተተምኒናን ብሂግናን።

ድሕሪ'ዚ ድማ እየ በቲ ዝረኣኹዎ ባህሊ በቲ በብእዋኑ ዝግበረልና ዝነበረ ሰሚናራትን ልዕሊ ክሉ ድማ በቲ ህ.ግ. ብግብሪ እትፍጽሞ ዝነበረት ቅያታት ኣብ ልዕሊ ጸላኢ ተሓፍሶ ዝነበረት ዓወታት ክወድብ ክኢለ። በዚ መሰረት ድማ ፈለማ ኣብ ማሕበር መንእሰያት ተወዲበ። ኣብ ከምዚ እንከሎኹ ድማ ኣብ 1982 ተመርዕየ። ምስ ተመርዓኹ'ውን ካብቲ ጀሚረዮ ዝነበርኩ ወዳቤታት ድሕር ኣይበልኩን። ገዛይ ቦታ ውዳበ ደቂኣንስትዮ ኮይና። እተን ቀዳሞት ኣብ ማሕበር ደቂ ኣንስትዮ ዝተወደባ ድማ ኣብ ገዛይ መርዓት ከለኹ ምሳይ ተወዲበን። ብከምዚ ድማ ምስ ሓንቲ ሓማተይ እትኾነኒ ከም ወኪል ደቂኣንስትዮ ተመሪጸ። ድሕሪ'ዚ ንደቂኣንስትዮ እናወደብና ሽማግለ ብደሆ ቆይማ። ኣነ ድማ ኣብ ሽማግለ ብደሆ ኣተኹ። ድሕሪ እዚ ኣብ ባይቶ ክትምረጺ ኢኺ ምስ በሉኒ ኣብዚ ኩሉና ወለደይ ኩሎም ኣብ ሰውራ ተውዲቦም፡ በዓል ቤተይ'ውን ተጋዳላይ'ዩ። ስለዚ ኣብዚ ኣይተሓዘለይ፡ ግን እቲ ከባይ ዝድለ ሃገራዊ ቃልሰይ ክቅጽሎ'የ እለዮም። ከም ኣባል ማሕበር ደቂኣንስትዮ ክሳብ ሕጂ ኣለኹ፡ ከምኡ'ውን ከም ወኪል ህግደፍ ከም ኮሚተ ቤት ትምህርቲ ኮይነ'ውን እሰርሕ ኣለኹ።

**- ካልእ እቲ ኣብ እዋን ገድሊ ዝተጠርየ ውዳበ ጥራይ ዘይኮነ ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ሃገራዊ ጉዳያት ኸ ብኸመይ ትገልጽዮ?**

- ከምቲ ዝበልኩዎ'ዩ። ደቂ ኣንስትዮ ሎሚ'ውን ከም ትማሊ እቲ ኣብ ዘበነ-ገድሊ ዝነበረን ተሳትፎ ይቕጽል ኣሎ። ንኣብነት ማእቶት እንተ ርኢና ደርጋ እተን ዝበዝሓ ኣብቲ ማእቶት ዝሳተፋ ደቂ ኣንስትዮ እየን። ኣብ እዋን ማእቶት ኣብ ገዝኣ እትተርፍ ጓል ኣንስተይቲ የላን ኣብ በዓልትን ካልእ ሃገራዊ ንጥፈታትን'ውን ዝያዳ ዝሳተፋ ንሰን'የን ክትብል ትኽእል።

**-ኣብ ትምህርቲ ኸ ኣብ ምንታይ ደረጃ በጺሕኪ?**

- ኣብ ትምህርቲ ኣይሕሱን ቀልጢፈ ስለዝተመርዓኹ፡ ምስ ውላድ ኩነታት መነባብሮን ምዕባይ ቆልዑን ከምተን ካልኦት ደቂ-ኣንስትዮ እቲ ብህ.ግ.ር ዝተኸፍተልና ዕድል ብዙሕ ኣይተጠቀምኩሉ። ኣብ ግዜ ሰውራ ክሳብ 2ይ ክፍሊ ጥራይ ተማሂረ። ድሕሪ ናጽነት ድማ 3 ክፍሊ ወሲኸ ሓምሻይ ክፍሊ በጺሐ ኣለኹ። ስለዚ ኣነ ዋላ ኣብቲ ዝለዓለ ደረጃ ትምህርቲ እንተዘይበጽሓኩ፡ ንደቀይ ኣብ ትምህርቲ ክነፍዑን ክመሃሩ ጽዒረ ክብል እኽእል። ብደቀይ ድማ ተዓዊተ'የ። እዚ ከም መምህርን ሓላፊ ጉጅለ ባህሊ ተማሂሮን ቀያሕቲ ዕንባባ ንኡስ ዞባ ኣስማጥ ዘሎ ኢብራሂም ዓብደሩሕማን ወደይ'ዩ። ካልኦት ከም መምሃራንን ኣብ ሓይልታት ምክልኻል ዘለዉ'ውን ኣለዉኒ።

**- ኣብ መወዳእታ ኣብ ምውርራስ ተዓዊትና ክትብሊ ትኽእሊ?**

ተዓዊትና ጥራይ ዘይኮነ ነቲ ዝነበረ ታሪኽ ሰውራና ተወሪሱን ይውረስ'ውን ኣሎ። ንኣብነት፡ እዛ ንርእያ ዘሎና ቦርዲን ኣስማጥ መቦቆላ እቲ ኣብ 1981 ኣብ ኣስማጥ ብህ.ግ. ዝፈለመ ንጥፈታት ትምህርቲ'ዩ። ሽዑ እዋን ደቂ ኣንስትዮን ደቂተባዕትዮን ኣብ ትሕቲ ገረብን በዓትን ብሓባር ተማሂሮም። ብፍላይ ደቂኣንስትዮ ካብቲ እዋን'ቲ ዝፈለመኦ ትምህርቲ ኣብ ዝለዓለ ደረጃ በጺሐን ጥራይን ዘይኮነ ሎሚ ኣብ ዝኸድካዮ ኩርናዕ ሃገር፡ ከምመምሃራን ከም ሓይሊ ኣየር፡ ከም ጋዜጠኛታት፡ ከም ሓካይም ኣብ ሃገራዊ ማሕበራት ወዘተ የገልግላን ንርእሰን ወሪሰን የውርሳ ኣለዋ።

እተን ካብ ካልእ ቦታታትን ካብ ካልእ ብሄራት ኣብዚ ዝምደባ ደቂኣንስትዮ ድማ ከምተን ኣብ እዋን ገድሊ ጀማሂር ወይ ወከልቲ ማሕበር ደቂኣንስትዮ ኮይነን ኣብዚ ከባቢ ዝተመደባን ቋንቋን ባህልን ናይዚ ሕብረተሰብ ዝተማህራን ዝራዕማን፡ ሎሚ'ውን ከም ኣብነተ ዝጥቀሳ ደቂ ኣስመራ ወይ ከበሳ ኣብዚ ተመዲበን ቋንቋ ትግረ ክዛረባን ብትግረ ክምህራን ከረደኣን ክትርኢ፡ እዚ ንርእሱ እቲ መስርሕ ምውርራስ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ይመሓላለፍን ይወራረስን ኣሎ በሃሊትየ።



ኣብ እዋን ገድሊ ተማሃሮ ኣብ ትሕቲ ገረብን



ሓውሲ ከተማ ኣስኩዳ



ቦርዲን ኣስማጥ

# ዲያስፖራ

## “ኣብ ሃገር ባዕዲ፡ ንገድሊ ዋጋ ተኸፊልዎ እዩ!”

ካልሹም መሓመድ ደባስ

### ወ/ሮ ሓረጉ መልኣኮ

ኤርትራዊት/ዊ ኣብ ዘሎ ሃልዩ ናጽነት ካብ ምድላይ ኣይሰልከየን። ኣብ መወዳእታ ዝተጋደለ ይዕወት ከምዝ በሃል ረኺቡዋ። ባንዴራኡ ማዕረ ዓለማ ኣንበልቢላ። ክብሪ ናይዛ ሎሚ ንሕበነላ ዘሎና ናጽነት መተመኒ ኣይርከቦን። ኩሉ ህዝቢ እዩ ዋጋ ከፊሉላ። ገለ ብረት ዓቲሩ በረኻ ወፊሩ፡ ገለ ኣብ ከብዲ ጸላኢ ተጋዲሉ፡ ገለ’ውን ኣብ ስደት ዓዲ ባዕዲ ኮይኑ ንስለ ናጽነት ተጋዲሉ። ወይዘሮ ሓረጉ መልኣከን ወይዘሮ ሳባ ሓድጉን ክልቲኦን ኣብ ስደት ኮይነን፡ ተጋዳላይ ከይዓርቐ፡ ከይጠሚ ደቀንስትዮ ብሰንኪ ወርሓዊ ጽግያት ከይሸገራ፡ ኩሉንተናኦን ዘወፈያ ገዳይም ሓፋሽ ውድባት ህዝባዊ ግንባር እየን።

እዘን ኣደታት፡ ኣብቲ መላምል መንእሰያት ዝነበራሉ ግዜ፡ ከይንኣሳ ንስለ ሃገር ዝተወፈያ፡ ሃመን ቀልበን ምስ ሰውራ ኮይኑ፡ ከነጥሪ፡ ናብራና ከነዕሪ ከይበላ፡ ክሳብ ለይቲ ሎሚ ካብ ዘላተን ንሃገር እናካፈላ ዝነብራ ዘለዋ እየን።

ወይዘሮ ሓረጉ ኣብ 1975 ካብ ኣስመራ ንሱዳን ከሰላ ኣትያ። ኣስታት ዓመት ምስ ገበረት ድማ ንካርቱም ኣምሪሓ። ኣብ ካርቱም ናብ ቤት ጽሕፈት ህዝባዊ ግንባር ከይዳ ተወዲባ። ምስ ከምኣ ዝመሰላ ኤርትራውያን ድማ ሰንኩላን ተጋደልቲ ይኣልያ፡ ትሕዞኦን ሒዘን የዘናጋዓኦም፡ ንሰውራኦን ዝኸውን ኣታዊ ንምኽዕባት ካብ ገዝእ ገንዘበን ሕምባሻ፡ ቆሎ፡ ሻሂ. . . ኣዳልየን ብምሻጥ ኣታዊኡ ንውድብ የረክባ ከምዝነበራ ተዘንቱ። ካብ ካርቱም መሊሳ ንኩወይት ምስ ተሰደት እውን፡ ኣገልግሎታ ብዝያዳ ኣሐየሉቶ።

ናይ ቃልሲ ብጸይታ ዝኾነት ወይዘሮ ሳባ ሓድጉ (ኣብ ስደት ብንግስቲ እትፍለጥ) እውን ካብ ኤርትራ ንእሽቶ ከላ ንሱዳን ድሕሪ ምእታው፡ ክንዲ ሰብ ምስ ኣኸለት ተመርዕያ ኣደ ስድራ ኮይና ናብራኣ ትመርሕ ነበረት። እንተኾነ እቲ ስደት ቀጺሉ፡ ብናይ ክልተ ዓመት ኩንትራት ኣብ 1978 ንኩወይት ኣትያ፡ ካብኡ እውን ናብ ስዑድያ። ኣብዚ ኩሉ ናይ ስደትን ከርተትን እዋን ሃገር ምግልጋል ዘይተርፍ ኣካል ህይወታ ነበረ። ኣብ ጅዳ- ስዑድያ ኣብ ዝኣተወትሉ፡ ኣባል ሓፋሽ ውድባት ህዝባዊ ግንባር ኬንካ ብጋህዲ ተወዲብካ ምስራሕ ቀሊል ኣይነበረን። ብፍላይ ነተን ብናይ ኢትዮጵያ ፓስፖርት ዝኣተዋ። “ፓስፖርትና ናይ ኢትዮጵያ ስለዝነበረ ምሕዳስ ከይኣብዩናን ከየሕድጉናን ምንቅስቓስና ስቱር እዩ ነይሩ። ይሕደጋ ዓንደሃይማኖት እትበሃል፡ ሎሚ ኣብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሃግደፍ ዘላ ብጻይትና፡ ኣብ መንበሪ እንዳ ዓበይቲ ስዑዳውያን ኣሓትና ከም እንበጽሕ መሲልና ከም እንትኣኻኽብ እናገበረት ክሳብ ናጽነት ተካይደና ነይራ። ምኽንያቱ ንሳ ናይ ስደተኛ ወረቐት ስለዝነበራ ካብ ኤምባሲ ኢትዮጵያ እትደልዮ ኣይነበራን። ይሕደጋ፡ ረዛን፡ ብስልቲ፡ ስትርቲን ሕያወይቲን እያ ነይራ” እናበለት ትዝክራ።

ደሞዘን ርቡሕ እኳ እንተዘይነበረ ካብ ዘለወን ንሰውራ ምሃብ ዘይተርፍ ኣካል ሂወተን ነበረ። “ደሞዝ ስዑድያ 1500 ርያል እያ ነይራ፡ ካብኣን 120 ወርሓዊ ንከፍል፡ ድራር ተጋዳላይ፡ ኩነታት ከም ዝእዝዞ ካብ ናይ ወርሒ ክሳብ ናይ ሰለስተ ወርሒ ደሞዝ እንኸፍለሉ እዋን ኣሎ፡ ኣብ ዕረፍትና እንረኽበላ ገዛ ንካረ፡ ንስድራ ንሰድድ። ነታ ዝርካብካ ምትእኽኻል’ዩ እምበር፡ ሃገር ከይሓዝካ’ዶ ይጥረ ኮይኑ” ክኣ ትብል።

ወይዘሮ ሓረጉ ኣብ ስደት ብስም ኣልጋነሽ እያ ትፍለጥ ነይራ። ምኽንያቱ ኣብ ዓዲ ዘለዉ ስድራቤታ ብሰንኪ ኣብ ዓይኒ ጸላኢ ከኣትዉ ኣይደለየትን። ንሳ ሃገር ከተገልግል ቆሪጻ ዝተበገሰት፣ ኪዳን ክፍሉን ወልዳይ ካሕሳይን ዝበሃሉ ተጋደልቲ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ተቐቲሎም ሓዲኦም ትንፋሱ ወጺኣ እቲ ካልኣዩ ክዓፍር ከሎ ብዓይና ብምርኣያ ምኳኑ ተዕልል።





እቶም ተጋደልቲ ኣብ በረኻ ተደርበዮም ሓደ ሽያጥ ጸባ ምስ ረኸቦም ንፖሊስ ሓበረ’ሞ ካብ ዝነበርዎ ተጻዒኖም ኣብ ነቕጣ ፖሊስ መጹ። ወይዘሮ ሓረጉ ቦታ ስርሓ ጥቓቲ መደበር ስለዝነበረ ድምጺ መካይን ፖሊስ ዋው-ዋው ክብል ሰሚዓ ኣብኡ ምስ በጽሐት፡ ነዞም ተጋደልቲ ካብ ክሻ ስሒቦም ከውጽእዎም፡ ሓዲኦም ድሮ ትንፋሱ ሓሊፉ፡ እቲ ካልኣይ ድማ ብኣፉ ዓፍራ እናወጸ ትልኽ እናበለ ርእያ ምስ ኣበለቶም ኣምሪራ በኸየት። በዚ ምኽንያት ንሳ እውን ኣብ ሓደጋ ከም ዘላን ቀልጢፋ ካብቲ ዓዲ ክትእለ ከምዝለዋን ግዱሳት መኸሩዋ።

ሓረጉ ንእተሰርሓ ዝነበረት እንግሊዛዊት ኣእሚና ንካርቱም ከሕልፋ ዝኽእል ሰነዳት ከም እተሰርሓላ ገበረት። በዓል ቤታ ኣቐዲሙ ኪጋደል ወጺኡ ስለዝነበረ ክልተ ህጻውንቲ ደቃ ምስ ኣማኒታ ኣብ ከሰላ ገዲፋ ንካርቱም ከደት። ድሕሪ ዓመት ኣቢላ፡ ናብ ደቃ ክትምለስ ኣብ ዝመደበትሉ ግና እተን ቆልዑ ድሕሪ ኣዲኣን ክልቲኣን፡ ብሕማም ውጹኣት ካብዛ ዓለም ከም እተፈልያ መርድእ በጽሓ። “ምሳይ ከየውጻኣን ዝነበርኩ!” ኢላ ሕርር በለት። በታ ዝነቐለታ ከኣ ኣደኣ ክትርኢ ንኤርትራ ኣተወት። እንተኾነ ኣብ ድላያ ኣይበጽሐትን። ገና ኣብ ተሰነይ ከላ ምስ ካልኣይታ ሓሰውቲ ረኺባ “ወንበዴ” ተባሂለን ብወተሃደራት ኢትዮጵያ ተታሒዘን ተኣስራ። ኣብ ገለርያ ናይ ባቡር ኣሕዲሮም፡ ንጽባሒቱ ብሄሊኮፕተር ናብ ኣስመራ ክልእኩወን

ም኿ኖም ድማ ፈለጣ። ሓረጉ እቶም ለይቲ ዝሕልውወን ዝነበሩ ወተሃደራት ኢትዮጵያ ሰትዮም ከምዝነበሩ ተዓዘበት። ሰዓት ሓደ ምስ ኮነ ሳእናን ክዳናን ኣብታ ዝነበረታ ገዲፋ ነታ ሓዳስ እትበሃል ካልኣይታ "ኣነ ሳእነይ ገዲፈ ክልተ ስጉምቲ ክኸይድ እየ'ሞ እቲ ወተሃደር እንተደኣ ዘይተንሰአ ኣርክብኒ" ትብላ። ዋርድያ ኣብ ከቢድ ድቃስ ስለዝነበረ ኣይተንሰአን። ክልቲአን ድማ ጥራይ እግረን ኳኺቶ እናወግአን ካብታ መዓስከር ወጻ።

ብድሕሪ'ዚ ሓረጉ ነቲ ዝሓሰወለን ኤርትራዊ ስለ ዝፈለጠቶ ኣብ ገዝኡ ከይዳ ብክሳዱ ሓኒቓ ኣውጺኣቶ። "ተላይ ንዓሊ ግድር ውሰደና" ከኣ በለቶ። ከይፈተወ ንዓሊግድር ኣብጺሑ ገደፈን። ካብኡ ብእግረን ንተላታ ዓሸር ቀጸላ። ኣብኡ ምስ በጽሓ ናብ ሓደ መስጊድ ኣተዋ። ህዝቢ ድሮ ተንሲኡ ብዛዕባ'ቲ ኩነታት ከኣ ሰሚዑ ስለ ዝነበረ፡ ካብቲ መስጊድ ሰላሕ ኢለን ወጽኣ። ጸላኢ ከም ኣብ ሓደ ግንባር ዝወፍር ዘሎ ታንክ ከይተረፈ ብዝዓጠቐ ሰራዊት ስዒቡወን። ህዝቢ ኣስላማዩን 'ክስታናዩን ያኣላህ ያለጢፍ! እዝግዮ መሓረና!' በለ። ንሰን ግን ድሮ ዶብ ሱዳን ሰጊረን ነበራ። እንተኾነ ሱዳናውያን ንኢትዮጵያ ኣሕሊፎም ከይህቡወን ስለ ዝሰግኣ ናብኦም ኢደን ኣይሃባን። በብመኣዝነን ስለዝሃደማ ክልቲአን ተጣፊአን ወዓላ። ኣማስያኡ ሓረጉ ነታ ካልኣይታ ኣብ ሑጻ ተዘርጊሓ ብድኻም ተሰኒፋ ረኸበታ። ሰለይ እናበላ ኣብ ጽርግያ ቀረባ፡ ሓንቲ ሕጡብ እተመላልስ መኪና ክትሓልፍ ድማ ረኣያ። ንሱ ኣብቲ በረኻ እዋን ዘይብሉ ጎፍ ምስ በላአ ሰንቢዱ "ሰብ ድዩ ሰይጣን፧" በለ። ሓረጉ "ኣጆኻ ሰብ ኢና፡ ናበይ ኢኻ ግዳ፧" ትሓቶ። ሕጡብ ክጽዕን። ክንደይ ትኽፈል፧ 15 ጅኔ። ሕራይ እምበኣር ዓ-ዓሰርተ ሓሙሽተ ጅኔ ክንህበካ ከሰላ ኣብጽሓና በለቶ። ተሰማሚዖም ድማ ብ30 ጅኔ ንከሰላ ኣእተወን። ሓረጉ ኣብ ከሰላ ጠጠው ከይበለት ንካርቱም ተመሊሳ። እቲ ሓበሬታ ኣብኡ እውን ሓሊፉ ስለዝጸንሐ ቅሳነት ኣይረኸበትን። ብሓገዝ እታ እንግሊዛዊት ኣሰራሒታ ድማ ኣብ 1976 ጓል 20 ዓመት እንከላ ንኩወይት ኣተወት።



**ወ/ሮ ሓረጉ መልኣኩ ኣብ ሃገራዊ ጽንብላት**

ኩወይት እትው ምስ በለት፡ ቀልጢፋ ምስቲ ኣብኡ ዝነበረ ቤት-ጽሕፈት ህዝባዊ ሓይልታት (ህግሓኤ) ተራኺባ ማዕረ-ማዕረ ናይ ቤት ስራሓ ሃገራዊ ግቡኣ ኣብ ምፍጻም ነጠፈት። ኣብ ኩወይት ብሓፋሽ ውድባት ዝዕመም ዝነበረ ስራሕ ብዙሕ እዩ። ክሕከሙ ዝመጽኡ ተጋደልቲ ምሕጋዝ፡ ኣኼባታት ምስታፍ፡ ንውድብ ዘድሊ ኣታዊታት ምውህላል፡ ንምምስራት ሬድዮ ድምጺ ሓፋሽ፡ ድራር ተጋዳላይ፡ ወዘተረፈ . . . ጸብጺብካ ዝውዳእ ኣይኮነን። ሓደ ካብቲ ኣጸቢቓ ትሕበነሉ፡ ደቀንስትዮ ተጋደልቲ ብሕጽረት መንዲል ንጽህና ይሽገራ ስለዝነበራ፡ ኣብ ሜዳ ፋብሪካ መንዲል ንጽህና ንምትካል ገንዘብ ክዋጻእ ብክፍሊ ህዝቢ ምስ ተሓበረን ንሳን ብጾታን ዝገበራኦ ኣበርክቶ እዩ። ሓረጉ ትርከበን ኩለን ሓፋሽ ውድባት ህዝባዊ ግንባር ካብ ነፍሰንን ካብ ፈተውተን ኩዌታውያንን ገንዘብ ኣዋህሊለን ንውድብ ኣረከባ። "ብምሉእ ድሌት ተዓጢቕና እቲ ዝድለ ዝነበረ ገንዘብ ኣዋጺእና ምስ ሃብና ኣዚና ተሓጒስናን ቀሲንናን፡ እታ ማሽን ካብ ኤውሮጳ ድያ ተዓዲጋ ካብ ካልእ ዝፈልጦ የብለይን፡ እታ ትካል ግን ክሳብ ሎሚ ከም ናተይ እየ ዝርእያ፡ ክሳብ ሕጂ ውን ብዘለኒ ዓቕሚ ከድግፉ እጽዕር እየ" ትብል ወይዘሮ ሓረጉ።

ኤርትራ ሓራ ምስ ኮነት ዕለት ናጽነት ንምጽንባል ዝወሰደቶ ተበግሶ ዘደንቕ እዩ። ኩወይት ካብ ወራር ዒራቕ ሓራ ዝወጸትሉ 24 ግንቦት ምስ ናጽነት ኤርትራ ብምግጣሙ ክልቲኡ ብሓንሳብ ዝጽንበለሉ ሜላ ፈጢራ። ሓንቲ ከም ጓላ እትርእያ ጓል ኣሰራሒኣ ብዝገበረትላ ምትሕብባር ኣብ ጎልጎል ዳስ ተተኺሉ፡ ብዕራይ ተሓሪዱ፡ ሰድያታት ካብ ዩኒቨርሲቲ ኩወይት ክትወስድ ተፈቒዱላ፡ መዓልቲ ናጽነት ክልቲኡ ሃገራት ኤርትራውያንን ኩዌታውያንን ብሓባር ኣብቲ ዳስ ጸንበሉዎ። "ፈተውቲ ምብዛሕ የርብሕ እምበር ክሳራ የብሉን፡ ድንቂ ፍጻመ ኮይኑ ብጽቡቕ ክዝከር ከኣ ይነብር ኣሎ" ትብል ወይዘሮ ሓረጉ።

እተን ዘዝሓዘኦ ንስለ ናጽነት ንውድብ ዘረከባ ዝነበራ ሓርበኛታት ሎሚ መብዛሕትአን ደኺመን፡ ብህይወት ዘየለዋ እውን ኣይወሓዳን። ዕላመአን ግን ተዓዊቱ። ዝተቓለሳላ ናጽነት ዘልኣለማዊት ኮይና። እተን ንጽህናአን ክሕሎ ዝደገፈአን ተጋደልቲ እውን፡ ብሓበን እንነብረላ ሃገር ክትህልወና ገይረን፡ ጎይቶት ሓራ ኤርትራ ኮይነን።

ወይዘሮ ሓረጉን ብጾታን ድሕሪ ናጽነት እውን ይኣኽለና ከይበላ፡ ንምምስራት ኤሪ ቲቪን ካልእ መደባት ልምዓትን ዝከኣለን ወፍዮን። "ናጽነት ምስ መጸት ተረፍ ሓጎሰይ ካብታ ዘላትኒ ናይ ባጽዕ ሽሕ፡ ናይ ዓሰብ ሽሕ፡ ናይ ኣስመራ ሽሕ፡ እናበልኩ ሰለስተ ሽሕ ዶላር ከፊለ" ትብል ሓረጉ። ኣብ ግዜ መኸተ ወራር ኢትዮጵያ 1998-2000 እውን ናይ ሰለስተ ወርሒ ደሞዘን ከም ዘወፈያ ትዝክር። ደቀንስትዮ ሞያ ክመልካ መሰልጠኒ ማእከከላት ክስራሕ ኣብ ዝወጸ ፕሮጀክት ክሳብ ናብ ሃገር ጠቕሊላ ተኣቱ እጃማ ኣበርኪታ።

ወይዘሮ ሓረጉ በዓል ቤታ ተሰዊኡ፡ ንሳ እውን ድሕሪኡ ሓዳር ኣይመስረተትን፡ ኣይወለደትን። ክንዲ ኩሉ ግና ናጻ ኤርትራ ረኣየት። ካብ ኩወይት ካልእ ሰደት ከይወሰኸት ኣብ 2014 ጠቕሊላ ንዓዳ ኣትያ። ዘላታ ገዛ ወላዲታን እኑሓጎኣን ደቀን ንገድሊን ሰደትን ከይዶም ብዘይ ኣላዩ ምስ ተረፉ ንእን ክትብል ብብዙሕ ውረድ ደይብ ተለቂሓ ዘጥረየታ እያ። ንሰን ሓሊፈን፡ ንእኣ ግን መእተዊት ኮይናታ። ንኩሉ ዋሕዲ ጥዕናን ዕብየትን ዘምጸአ ኣካላዊ ጸገማት ተጻዊራ ምስ ዘይጽንቀቕ ሓቦኣ ኣብ ሕቑፊ ኩሉ ዓይነት ዋጋ ዝኸፈለትላ ኤርትራ ብሓበን ትነብር ኣላ።

# “ንፍቕሪ ማሕበረኮም ባይሩት፡ ክሳብ ሕጂ’የ ዝናፍቖ”

ዮሴፍ ሃይለማርያም

*ተጋዳሊት ራህዋ ሃብተ ትበሃል። ኣብ ካናዳ ከተማ ቶሮንቶ ትቕመጥ። ዝዓበየትሉ ከባቢ ተጋደልቲ ዝንቀሳቐሱዎ ብምንባሩ፡ ብቆልዓኣ ፍቕሪ ሃገርን ናይ ምግዳል ወኒን ሓዲሩዋ፡ ኣብ ንኡስ ዕድመኣ ናብ ገድሊ ተጸንቢራ፡ ንናጽነት ተቓሊሳ። ኣብ ፈለማ ዓመታት ናጽነት፡ ብምኽንያት ስራሕ ንስደት’ዃ እንተ ኣምርሐት፡ ቃልሲ ግን ኣየቛረጸትን። ኣብ ዓዲ ስደት ኮይና፡ ንዝሓለፈ ልዕሊ ሰላሳ ዓመት፡ ካብ ጎድኒ ህዝባን መንግስታን ከይተፈልየት፡ ካብኣ ዝሕተት እናማልአት፡ እትቃለስ ዘላ ኢያ። ስርሒት ፈንቅል ብኣካል ስለ ዝተሳተፈቶ፡ መበል 36 ዓመት ንግደት ፈንቅል ንምክፋል ኣብ ዝመጸትሉ ረኺብና ኣዘራሪብናያ ነይርና። ቀጺልና፡ ጽማቝ ትሕዝቶ ናይቲ ምስኣ ዝገበርናዮ ዕላል ነቕርበልኩም - ሰናይ ንባብ፦*



### ◆ ብድሕረ ባይታኺ ክንጅምር፧

ኣብ ሸበቕ ንኡስ ዞባ ሓጋዝ ካብ ሓረስቶት ስድራቤት ተወሊደ። ስድራና ሸውዓተ ውሉድ’ዮም ፈርዮም። ሰለስተ ካብኣቶም ማለት፡ ኣነ፡ ልቺያን ኣብርሃጽዮንን ዝበሃላ ኣሕዋተይን ከኣ፡ በብእብረ ንሜዳ ተሰሊፍና። ኣነ፡ ኣብ 1983 እየ ንሜዳ ተጸንቢረ። ኣብ 1984 ኣብ ዓራግ ግቡእ ወተሃደራውን ፖለቲካውን ታዕሊም ምስ ወሰድኩ፡ ናብ ከቢድ ብረት ብርጌድ 76፣ ድሓር መካናይዝድ ክፍለሰራዊት 74 ተወዚዐ፡ ኣፍጨዋይ ናብ ዝበሃል ቦታ ከይደ። ኣብ ኤምዳድ ክፍለሰራዊት ድማ ተመዲበ። ኣብኡ በዓል ስውእቲ ኣኽበረት፡ ኤልሳ፡ ወዲ ረድኢን ካልኦት ብጾትን ጸኒሖሙና። ፖለቲካ ኣስኒቖም፡ መልሚሎምን ኣጎቢዞምን ድማ ኣንቂሖሙና። ካብኡ፡ ኣብ ኤምዳድ ዓመትን መንፍቕን ምስ ጸናሕኩ፡ ናብ እንዳ መዳፍዕ ተቐይረ፡ ናብ ናቕፋ መጺአ።

### ◆ ህይወት ታዕሊም ከመይ ትዝክርዮ፧

ነዛ ነብሰይ፡ ንታዕሊም ናብ ዓራግ ምስ ወረድኩ’የ ፈሊጠያ ክብል እኽእል። ኣብ ክፍሊ ታዕሊም ዝነበሩ ብጾት፡ ከም ስድራ ሓብሒቦምን ኣጽርዮምን ዓሊሞምን ዲሲፕሊን ኣትሒዞምን እዮም ሃኒጾሙና። እታ ‘ኣጃክስ’፡ ኣብ ክፍሊ ታዕሊም ስለ እትሕጸባ፡ ዝጸንሓካ መስፍናዊ ድዩ ደርባዊ ኣተሓሳስባን ካልእን ኣብኡ’ዩ ዝረግፍ። ብፖለቲካ ኮነ ብወተሃደራዊ ታዕሊም ነቒሕካ ስለ ትወጽእ፡ ህዝባዊ ግንባር፡ ብሓቂ ዩኒቨርሲቲ’ዩ።

### ◆ ኣባል ከቢድ ብረት ምኳን ማዕረ ክንደ’ዩ ከቢድ፧

ከቢድ ብረት ከም ስሙ ከቢድ’ዩ። ናብ ኣባል ከቢድ ብረት ዝውዝዑ’ውን፡ ድልድል ዝበሉ ኣባላት’ዮም። ኣነ ግን፡ ኣዝየ ደቃቕ ስለ ዝነበርኩ፡ ኣባላት ገሪሙዎም። “እዛ ሰብ እንታይ ክትገብር ኣምጺእኩምዋ” ይብሉ ነይሮም። ሽዑ፡ ዓዜንን ወዲ ሓፍትን ዝበሃሉ ሓለፍቲ’ዮም ጸኒሖሙና። ኣብኡ ጸኒሐን ዝተቐበላና ተጋደልቲ ብጾት፡ በዓል ስውእቲ ሳራ፡ ግደይ ዘርኡ፡ ትብለጽ ሰይቲ ወዲ ባሻይ፡ ግን፡ ሓፍቲን ከም ኣደን ኮይነን ኣልየናና። ተቐዳዲመን ክንገብሮ ዝግባእ እናሓበራን እናመዓዳን፡ ግቡእ ኣካዳሚያዊ ትምህርትን ፖለቲካን ትምህርቲ ኣጽዋርን ከም እንምሃር ዝገበራና ከኣ፡ ሞራል ቀሲመ ማዕረ ብጾተይ ክስራዕ ኣይከበደንን። ብሓፈሻኡ ግን፡ እቲ ዝነበረ ሓልዮትን ምትብባዕን ገዳይም ኣባላትና፡ ልዕሊ 30-40 ኪሎ ግራም ዝኸብደቱ ቦምባ ክንስከም ስለዘኽኣልና፡ ነቲ ዝነበረ መረዳእታ ደቂ-ተባዕትዮ ቀይርናዮ ኢና። መራሒኻ እንተ ደኣ ብስነ ስርዓት ገይሩ መልሚሉካ፡ ከቢድ ዝበሃል የለን፣ ኩሉ ይከኣል እዩ። ነቲ ከቢድ፡ ፎኩስ ኢኻ ትገብሮ። ህይወት ከቢድ ብረት ድማ ህይወት ስድራቤት እዩ። ስለዚ፡ ምስ ብጾትና ኣባላት ከቢድ ብረት ዘይርሳዕ ህይወት ኢና ኣሕሊፍና። ኣብ ልዕሊ ደቀንስትዮ ዝነበረ ሓልዮት፡ መዳርግቲ ኣይነበሮን። ክሳብ ናጽነት፡ ኣባል ከቢድ ብረት ኮይነ ዝበዝሐ ግዜ ኣብ ናቕፋ እየ ነይረ። ከቢድ ብረት ንዓይ፡ ከም ስድራይ ኮይኖም ሓብሒቦሙኒ እዮም። ገዳይምን ብትምህርቲ ብሱላትን ስለ ዝነበሩ፡ ኣይከበደንን። ኩሉ ነገር ቀሊል ምኻኑ ኣእሚኖም’ዮም መልሚሎም ኣዕብዮሙና። ኣነ ከኣ ካብተን ቅድመይ ዝጸንሓናኒ ብጾት ተማሂረን ሞራል ቀሲመን፡ ማዕረ ሰብኣይ እናተኮስኩን እናተቓለስኩን ክሳብ ናጽነት ተቓሊሰ። ድሕሪ ናጽነት ኣብ 1994 መወዳእታ ተጣይሰ።

### ◆ ንገድልን ጅግንነትን ደቀንስትዮን ከመይ ትገልጽዮ፧

ኣብ ዝኸድካ ከይድካ፡ ከም ኤርትራዊት ጓለንስተይቲ ኣይትረክብን ኢኻ። ደቀንስትዮ ኤርትራ ዘሕለፍኦ ቃልስን ብድሆን መዳርግቲ ኣይነበሮን። ኣብ ስደት ዝነበራ ኤርትራውያን ደቀንስትዮ፡ ሰውራ ኤርትራ ክዕወት ዓቢ ኣበርክቶ ዝገበራ’የን። ብቐንዱ’ውን ህዝባዊ ግንባር ክትድልድል ዝኸኣለት፡ ብሓፋሽ’ዩ። ደቀንስትዮ ኣብ ጀማሂር ተዋፊረን ዝገብርኦ ዝነበራ

ጎስጓሳት፣ ሓፋሽ ውድባት ኮይነን፡ ኣብ ባራት፡ ኣብያተ ጽሕፈትን ካልእን ዝዓምኡ ዝነበራ ቅያታት፡ መዳርግቲ ኣይነበሮን፣ ዝለዓለ ቃልሲ'የን ኣሕሊፈን። ኣብ ሜዳ ዝነበራ'ውን፡ ኣብ ዝተፈላለየ ቦታታት ናይ ቃልሲ፡ ኣብ ኣጋር ሰራዊት ይኹን ኣብ ከቢድ ብረት፡ ኣብ ታንኪ ወዘተ. ኮይነን ክዋጋኣን ክቃለሳን ከለዋ፡ ጅግንነተን መግለጺ ዝርከቦ ኣይኮነን። እቲ ጽንዓተን መትከለን እዩ ኣብኡ ደረጃ ኣብጺሑወን። ነቲ ዝነበረ፡ ሃሩርን ቊርን፡ ጥምየትን ጽምእን ተጻዊረን፡ ረጂን ኲስትሞን ገይረን ይታኹሳ ነይረን። ብፍላይ ኣባላት ከቢድ ብረት፡ ምስ ባህሪ ናይቲ ኣሃዱ፡ ቀሊል ገድሊ ኣይኮናን ሰጊረን። ከበድቲ ቦምባታት 122 ሚ.ሜ፡ 85 ሚ.ሜ፡ 130 ሚ.ሜ ወይ ቢኤም እናተሰከማ'የን ተቓሊሰን። ብሰንኪ'ዚ፡ ሕቖአን ዝሰንከላን ውላድ ዝኣበየንንን ብጾት ውሑዳት ኣይኮናን። እዚ ክገብራ ዘኽኣለን ከኣ፡ ሓቦ፡ ጽንዓተን መትከለን ናይተን ቅድመአን ዝጸንሓ ብጾት'ዩ። ስለዚ፡ ኣብ ኩሉ ንጥፈት ማዕረ ደቂ ተባዕትዮ እናተቓለሳ ኢና ናጽነት መጺኣ። ኤርትራውያን ደቀንስትዮ፡ ኣብ ገድሊ ይኹን ኣብ ውሽጢ ሃገርን ኣብ ወጻእን፡ ማህጸነን ንገድሊ ዘወፈያ ስለ ዝኾና፡ መዳርግቲ የብለንን።





### ◆ ዝምድና መኣስ መስሪትኪ፧

ኣብ 1988 እየ ምስ ዳኒኤል ኣሰፋው ዝበሃል ብጻይ ዝምድና መስሪተ። ኣድያም እትበሃል ቈልዓ ድማ ወሊድና። ኣድያም ኣባል 26 ዙርያ ኮይና፡ ኣብዚ ግዜ'ዚ ምሳይ ኣብ ካናዳ ትቕመጥ ኣላ። ኣብዚ ቀረባ ግዜ'ያ ተመርዕያ ዘላ'ሞ፡ ቅሩብ ጽንሕ ኢለ እኖሓጎ ክኸውን'የ። ዳኒኤል ኣብ ወራር 1998 ተሳቲፉ'ዩ፡ ኣብ 2023 ከኣ ብሕማም ተሰዊኡ። ዳኒኤል፡ ንዓይ በዓል ቤተይ፡ ብጻየይን ሓላይየን ዝነበረ ጅግናን ብሩኽን ሰብ'ዩ ነይሩ።

### ◆ ምስ ተጣየስኪ ናበይ ኣቢልኪ፧

ኣብ 1994 ምስ ተጣየስኩ፡ ፈለማ ኣብ ሚኒስትሪ ሕርሻ ሞያ ተማሂረ። ካብኡ ብኩንትራት ንክሰርሕ ናብ ሊባኖስ ከይደ። ኣብ 1995 ንበይሩት ከኸይድ ከለኹ፡ ክልተ ዓመት ሰሪሐ ክመጽእ እዩ ነይሩ መደበይ። የግዳስ፡ ኣብ በይሩት ን24 ዓመት ጸኒሐ። ናብ ማሕበረ ኮም እናኸድኩ ከኣ፡ ምስተን ኣብኡ ዝጸንሓናኒ ውፉያት ኣደታት፡ ብዛዕባ ሃገረይ ብቐረባ ይከታተልን ኣብቲ ዝተዋህበኒ ናይ መኸተ ዕማማት ኣበርክቶ ይገብር ነይረ። ተራን ኣበርክቶን ኣደታት በይሩት፡ ዘርዚርካ ዝግለጽ ኣይኮነን። ጸኒዐን ዘጽንዓና፡ ኣብነት ኮይነን ኣብዚ ዝበጽሓና'የን። ንኣብነት፡ ረቡዕ ረቡዕ እናተራኸባ፡ ንደቂ ስዉኣትን ኣንስቲ ስዉኣትን ገንዘብ ኣዋጺኦን ይልእካ ስለ ዝነበራ፡ እተን ተጋደልቲ ዝነበርና ከኣ፡ ሰንበት ሰንበት እናተራኸብና ከምቲ ናተን ኣዋጺእና፡ ኣብ ግዜ 20 ሰነ ምስ ናተን ብሓባር ንኤርትራ ንሰዶ ነይርና። እዚ ከኣ ምውርራስ ኮይኑ፡ ሓድነትናን ፍቕርናን ከነደልድል፡ ምስ ሃገርና ጥቡቕ ዝምድና ክህልወና ሓጊዙና። ተኣኪብና ቡንን ሻሂን እናሰተና፡ ብዛዕባ ጉዳይ ሃገርን ብዛዕባ ክንገብሮ ዘለና መደባትን ንዝቲ ነይርና። ብኸምዚ ከኣ፡ ኣብ ሊባኖስ ተዘካርን ተናፋቒን ህይወት ኣሕሊፍና።

### ◆ ኣብ ሊባኖስ ከለኺ ብፍሉይ ትዝክርዮ እንተሎ፧

ኣብ 2015/16 ኣብ ዝነበረ ናይ መኸተ መድረኽ፡ ብመንገዲ ኢንተርነት ምስ መንእሰያት ጽቡቕ ርክብን ውዳበን ክገብር ጀሚረ። ምስቶም መንእሰያት ብኣካል ዘይንፋለጥ ክነስና፡ "ሓፋሽይ ይንቃሕ ይወደብ" ትብል ኣብነታዊት ማሕበር ኣቚምና ገንዘብ ብምእካብ፡ ንደቂ ስዉኣት ክንሕግዝ ተሰማሚዕና። ኣብቲ ፈለማ፡ ኣብ ሽዱሽተ ወርሒ፡ 6 ሽሕ ዩሮ ሰዲድና። ብድሕሪኡ፡ ሓያል ጎስጓስ ብምክያድ፡ ኣስታት 17 ሽሕ ዩሮ ኣኪብና ሰዲድና። ንፈለማ እዋን ኣብ መራኸቢ ብዙሓን ወጺእና ብዛዕባ ደቂ ስዉኣት ዝንቀሳቐስና ንሕና ኢና። እቲ ናይ መኸተን ጽንዓትን ቃልሲ ከኣ፡ ብኸምዚ እናተደጋገፍና ብጽቡቕ ንቕጽሎ ነይርና። ተገዳስነትናን ተወፋይነትናን ልዑል ስለዝነበረ ንኡ ዝቃወሙ ሓሳዳት ወገናት ከለዓዕልና ክኢሉ'ዩ። ብፍላይ ንኣይ፡ እንታወይቲ እያ ከምዚ ገይራ መንእሰያት



ብኢንተርነት ትውድብ ዘላ ተባሂለ፡ ክሳብ ብኣባላት ጸጥታ ናይቲ ሃገር፡ ተጸዊዐ ተሓቲተ'የ። በትሪ ሓቂ ትቕጥን እምበር ኣይትስበርን ከም ዝበሃል ግን፡ ሓቅነትና ናጻ ኣውጺኣትና። እቲ ናይ መንእሰያት ውዳበ ብዝሓየለ ቀጺልናዮ። ካልእ፡ ኣብ ግዜ ወራር 1998-2000፡ ኩልና ናይ ሓደ ወርሒ ደሞዝና ኣወፊና፣ ኣደታት'ውን ወርቐን ኣወፍየን። ክሳብ ንኤርትራ ብኣካል መጺእና ሃገርና ክንከላኸል ተመዝጊብና። ንባዕለይ፡ ንኤርትራ ብኣካል መጺአ ሃገረይ ክከላኸል ተመዝጊበ ነይረ። መንግስቲ ግና፡ ኣብቲ ዘለናዮ ኴንና ክንሕይል ብምሕባር፡ ኣይፈቐደልናን። ንፍቕሪ ማሕበረኮም በይሩት፡ ክሳብ ሕጂ'የ ዝናፍቖን ዝዝክሮን። እቲ ምንታይ፡ ማሕበረኮም በይሩት - 'መሰረት ፍቕርን ጽንዓትን ኤርትራውያን ተቓለስቲ'ዩ።



ተጋ/ ራህዋ ምስ ጓላ ኣርቲስት ኣድያም ዳኒኤል

## ◆ ካብ በይሩት ንካናዳ ምስ ከድኪ፡ ንጥፈትኪ ከመይ ቀጺልክዮ፧

ኣብ 2019 እየ ናብ ካናዳ ኣትየ። ኣብቲ ፈለማ ሰብ ስለዘይፈልጥ፡ ቅሩብ ክቢድ ኢሉኒ። ምስ ሓተትኩ ግና ንኹሉ ፈሊጠዮ። ኣብቲ ውዳበታት ተጠርኒፈ ክዋሳእ ጀሚረ። ከም ኣባል ተመዝጊበ ከኣ፡ ምስቶም ኣብኡ ዝጸንሑና ገዳይም ብጾት፡ ነቲ ውዳበታት ከነመሓይሾን ከነዕብዮን ክኢልና። ንኣብነት፡ ኣብ ሃማደኤ፡ ማሕበረኮም፡ ህግደፍ ብንጥፈት ይሳተፍ'የ። ምስተን፡ መዋእለይ ኣብ ጎድኒ ህዝበንን ሃገረንን ዝቼማ እናተረዳዳእና ከኣ፡ ኣብቶም ሓደስቲ ወለዶ ጽቡቕ ናይ ምውርራስ ስራሕ ነካይድ ኣለና። ኣብቲ ዘለናዮ፡ ዳናይት እትበሃል ናይ ዞባ ሓላፊት መንእሰይ ኣላ፣ ብዙሓት ከም ዳናይት ክፈርዩ ከኣ፡ ናይ ኩልና ጻዕሪ ይኸውን።

## ◆ ብዛዕባ'ዛ ስእሊ ገለ እስከ በልና፧

ሓደ ሰብ ብዘይ ምቁራጽ ንሰዓትን ፈረቓን ክትኩስ ከሎ፡ ጸጕሩ ይሓርር፡ ኢዱ ይሓብጥ፡ ኣፍ ልቡ ይሕሞ ወዘተ። ንሕና ከኣ፡ ኣብ ምሕራር ባጽዕ 1990፡ ትኩስ ሓዲርና ኲናት ዝግ ምስ በለ፡ ገዛኢ ዝተባህለ መራሒ መስርዕና፡ ነቲ ኣብ ትሕቲ ብረት ዘሎ እምኒ መድምድዮ ይብለኒ። ሕራይ ምስ በልኩዎ፡ ደኺመ ከም ዘለኹ ተገንዚቡ፡ ባዕሉ ተንሲኡ እናመድመደ፡ ቦምባ 122 ሚ.ሜ መጺኡ፡ እግሩ ይሃርሞ። ሰዓት ሸሞንተ ኣቢሉ፡ በቲ ገምገም ዘወር ይብል'ሞ፡ ሸዳ ዝሓዘት እግሪ ይረክብ። ኣዝየ ሰንቢደ ንኣባላት ይሕብሮም። ጸኒሕና ምስ ሓንቲ ብጸይቲ፡ "ጅግና ተጋዳላይ፡ ቀኝንጣሮ ሓመድ'ያ ከዳኑ" ትብል መጽሓፍ ንረክብ። ነታ ኣብ ባጽዕ ዝርኣኹዋ እግሪ ኣብታ መጽሓፍ ረኺበያ። ጓለይ ኣድያም ዳኒኤል ኣርቲስት ስለ ዝኾነት፡ ነታ እግሪ ስኢላ ናይ 20 ሰነ ህያብ ትገብራ። ብድሕሪኡ፡ ነታ ህያብ፡ ኣነ'ውን ንማሕበረኮምን ንውዳበታትን ከማዕብል ክይደቀሰ ንዝሓድር ኣዝዩ ውፉይ ብጻይ፡ ህያብ ሂበዮ።

## ◆ ለበዋ እንተለኪ፧

ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብ ሓደ ቁራዕ ብስኒት፡ ሓድነትን ፍቕርን ዝተሃነጸና ኢና። ብህዝባ፡ ዝተሓፍረት፡ ብህዝባ ዝኾርዐት፡ ብህዝባ ዝተሓጽረት ሕፍርቲ ሃገር'ያ ዘላትና። ስለዚ፡ ኤርትራ ኣካልና፡ ደምና፡ መትንናን ትንፋስናን ስለ ዝኾነት፡ ብዘይ ብኣኣ ህይወት የብልናን። ሕጂ ከኣ፡ ተጻባእትና ገና ስለ ዘይደቀሱ፡ ኣብ ዲያስፖራ እንርከብ ዜጋታት፡ ምስቲ ኣብ ውሽጢ ሃገር ዘሎ ህዝብናን መንግስትናን ኢድን ጓንትን ብምኧን፡ ኣብ ኩሉ ሃገራዊ ምትእኽኻብ ውዳበታትና ብምሕያል፡ መኸተናን ጽንዓትናን ክንቅጽል እላቦ።

# ስነ ልቦና

## ብድሆታት ህይወት

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ብድሆታት ኣብ ዕለታዊ ህይወትኪ ኣገደስቲ እዮም። እቲ ምንታይሲ፡ ካብ ጌጋኺ ክትማሃርን ንብድሆታትኪ ከተወግድን ስለ ዝጠቕሙኺ። ኣብ ርእሲ እዚ፡ ዝሓሸኪ ሰብ ከም እትኾኒ ይገብሩኺ። ምስ ብድሆታት ብኸመይ ተሳኒኺ ከም እትነብሪ ንኽትማሃሪ እውን ይሕግዙኺ እዮም።

ኣስዒብና ገለ ሓቅታት ብዛዕባ ብድሆታት ከነቕርብ ኢና። ሓንሳእ ምስ እዚኦም ብስነ ብኣእምሮኣውን ስምዒታውን መዳይ ተሳኒኺ ክትነብሪ ምስ ጀመርኪ፡ ኣብ ዝኾነ ኣብ ህይወት ዝገጥመኪ ጸገም ንዝነበረኪ ኣመለኻኽታ መሰረታዊ ለውጢ ኢኺ እትገብሪ ...።

### * ብድሆታት ንቡራት እዮም

ኣብ ህይወትኪ ብድሆ ከየጋጠመኪ ዝሓለፍካላ መዓልቲ እንተ'ልያ፡ ሳሕቲ ጥራይ እዩ ክኸውን ዝኽእል። ኣብ ህይወትኪ ይዕበዩ ይንኣሱ ብድሆታት የጋጥሙኺ እዮም። ብድሆታት ባህርያዊ ክፋል ተመክሮ ህይወትኪ እዮም። ብድሆ ከጋጥመኪ ከሎ ናትኪ ጌጋ ክኸውን ኣይክእልን እዩ።

### * ህይወትኪ ካብ ብድሆ ወጻኢ ክትከውንልኪ ትጽቢት እንተ'ልዩኪ፡ ብርቱዕ ቃንዛ ከጋጥመኪ ይኽእል እዩ

ኣብ ህይወትኪ ዋላ ሓደ ብድሆ ክገጥመኪ ከም ዘይብሉ ትጽቢት ተሕድሪ እንተ ኼንኪ፡ ዝኾነ ዓይነት ብድሆ ክገጥመኪ እንከሎ ከቶ ኣይወሓጠልክን እዩ። ነቲ ዝገጥመኪ ብድሆ ከም ኣሉታ ነገር ኢኺ እትርእዮ። ኣብ ህይወትክን ኣብ ስራሕካን ገለ ሕማቕ ነገር ከም ዘጋጠመኪ ክስማዓኪ ይጅምር። እዚ ኣንጻር ገዛእ ርእስኺ ቆሪጽኪ ከም እትለዓሊ ይገብረኪ። ንገዛእ ርእስኺ ብዘይንሕስያ ክትነቕፊ ድሕር ዘይክትብሊ ትኽእሊ። ከም ሳዕቤኑ፡ ነቲ ክቡር ጸዓትኪ ኣብ ዘይተደልየ ጉዳይ ተባኽንዮ።

ንብድሆታት ከም ኣንጻሮም ክትቃለሲ ዘለኪ ገይርኪ ኣይትቀኣጸርዮም። ብድሆታት ከጋጥሙኺ እንከለዉ፡ ሓድሽ ነገር ንኽትማሃሪ ዕድል ከም ዘጋጠመኪ ገይርኪ ጥራይ ቀኣጸርዮም።

### * ነፍሲ ወከፍ ሰብ ብብድሆ ዘይሓልፍ የለን

እንተሓንሳእ ንዓኺ ጥራይ ጸገማት ዘጋጥሙኺ ዘለዉ ኮይኑ ክስማዓኪ ይኽእል እዩ። ንዓኺ ጥራይ ዘይተመለሱ ሕቶታት ዘለዉኺ ኮይኑ ክስማዓኪ ይኽእል። ንዓኺ ጥራይ ኣብ መንጎ ዝምድናታት፡ ጥዕና፡ ፊናንስ ወይ ሞያ ሚዛን ምትሓዝ ዝኣገመኪ ኮይኑ ክስማዓኪ ይኽእል። ነፍሲ ወከፍ ሰብ ብናቱ ፍሉይ መንገዲ ነዚም ብድሆታት ይገጥሞም እዩ። ብናቱ ቅልጣፈን ሓይልን ክምክቶም ይሕልን። ንስኺ እውን ብናትኪ መንገዲ ነዚ ሚዛን ክትሕልውዮ ትኽእሊ ኢኻ።



### * ህይወት ፍልቀታዊ ትምህርቲ ክኸውን እንከሎ፡ ብድሆታት እቶም እትማሃርዮምም ዓይነታት ትምህርቲ እዮም

ኣብ ዕምርኺ ምሉእ ገለ ምዕባለ ምንጽብራቕኪ ዘይተርፍ እዩ። ካብ እታ እተወለድክላ ዕለት ኣትሒዝኪ፡ ኣካላዊ ዕብየት ተመዝግቢ ኢኺ። ንስኺ ብስምዒት ትዓብዪ ኢኺ። ስነ ልቦናዊ ለውጢ ተርእዪ ኢኺ። እዞም ኩሎም ለውጥታትን ዕብየታትን ኣብ ተመኩሮ ህይወትክን ብመንገዲ ምስ ሰባት ዘለኪ ምትእስሳርን እዮም ዝኽሰቱ። ንብድሆታት ከይገጠምኪ ምሉእ ዕብየት ከቶ ከተመዝግቢ ኣይትኽእልን ኢኺ። በዚ መንገዲ፡ ብድሆታት ንዕብየትኪ ህያባት እዮም። ዝያዳ ምስ ብድሆታት ብዝተፋጠጥካዮ መጠን፡ ዝያዳ ክኢላ ኢኺ እትኾኒ። ዝያዳ ዓቕሚ ይህልወኪ። ዝያዳ ዝሓየልኪ ትኾኒ። ዝያዳ መሳርሒታት ኣብ ውሽጥኺ ይህልዉኺ። ዝዓሞቑ ጥበባት ይህልዉኺ። ብድሆታት ንዕምቈት ናይ ባህርኺ ገለ ቀመም ይውስኹሉ። ካብዚ እናቕዳሕኪ ከኣ፡ ኣብ ናይ መጻኢ ግዜ ኮነታት ክትጥቀምሎም ትኽእሊ።

### * ዝያዳ ብድሆታት ብዘገጠሙኺ መጠን፡ ዝያዳ ካብ ውሽጥኺ ንኻልኦት ሰባት ተበርክቲ

ሓደ ካብ ዓበይቲ ህያባት ናይ ብድሆታትኪ፡ ብኸመይ ካብኦም ትማሃርን ነቲ ዝተማሃርክዮ ኣብ ምሕጋዝ ተመሳሳሊ ጸገም ዘጋጠሞም ካልኦት ሰባት ብኸመይ ትጥቀምሉን እዩ። ኣብ መላእ ዓለም ዝርከቡ ሰባት፡ ናቶም ዓይነት ምድኽብ ብድሆ – ኣብ ጥዕና፡ ኣብ ኣካላዊ ብቕዓት፡ ኣብ ጽቡቕ-ህላወ (well-being)፡ ኣብ ሞያ፡ ኣብ ዋኒን፡ ኣብ ፊናንስ፡ ኣብ ስምዒት ዕላማ፡ ኣብ ርእሰ እምንቶ፡ ኣብ ርእሰ ፍቕሪ፡ ኣብ ምጭባጥ ሸቶታት፡ ኣብ ዝምድናታት፡ ኣብ ትምህርቲ፡ ... ብድሆታት ከጋጥምዎም ይኽእሉ እዮም። ንሳቶም ኣብ ጸልማት ኣብ ዝኣትዉሉ ግዜ፡ ዝደመቐ ብርሃን ክፍንዉ እዮም ህርዲግ ዝብሉ። ነቶም ኣብ ከም ናቶም ኩነታት ማለት ኣብ ጸልማት ንዝርከቡ ሰባት ከኣ፡ ዝያዳ ብርሃን ክልግስሎም ይመጣጠሩ። ንሳቶም ንኹነታት ጸገም ብዝግባእ ስለ ዝርድኡ፡ ካልኦት ሰባት ኣብ ተመሳሳሊ ኩነታት ክወድቁ ኑብሶም ኣይገብረሎምን እዩ።

ንስኺ ንናትኪ ብድሆታት ንኻልኦት ሰባት ኣብ ምሕጋዝ ከም ኣበርክቶ ክትጥቀምሉ ትኽእሊ ኢኺ። ኣብ ዓለምና ብዙሓት ሰባት ንተመሳሳሊ ተመኩሮታቶም ዝካፈልዎ ኣለዉ። ይኹን እምበር፡ ከማኺ ገይሩ ዝካፈሎ የለን። ንስኺ ፍልይቲ ሰብ ኢኻ። ካባኺ ጥራይ ነቲ ምኽሪ ክሰምዑ ዝኽእሉ ሰባት ክህልዉ ይኽእሉ። ምናልባት እቶም እንብሎም ዘለና ሰባት፡ ህጻናት ደቅኺ ክኾኑ ይኽእሉ። ደቅኺ ካብ ተመኩሮ ህይወትኪ ብዙሕ ቁምነገር ክማሃሩ ይኽእሉ እዮም። ንዓርከ-መሓዙትኪ ካብ ጥበብኪ ብርክት ዝበሉ ነገራት ክትምህርዮም ትኽእሊ ኢኺ። ኣባላት ስድራ ቤትኪ ወይ መሳርሕትኺ ወይ ካልእ ኣብ ጉደና ብዕድል ዝተጓነፈኪ ጋሻ ሰብ፡ ... ካባኺ ብዙሕ ከማሃሩ ከም ዝኽእሉ ከቶ ኣይትዘንግዒ።

**መወከሲ:- The Obstacle Is the Way**

**- Why Are Challenges Good**

# ትርጉም ሰማእትነት!

ነጋሲ ወልደማርያም (ገሰጋሲ)

ኣብ ሕብረተ ሰብ ኤርትራ መስዋእቲ ዝኸበደ ሚዛን'ዩ ዝወሃቦ። መስዋእቲ ብኣገላልጻ ህዝቢ ኤርትራ 'ንሓቂ ምስዓብ' ዝብል ትርጉም'ዩ ዘለዎ። ብንቕሓት መስዋእቲ ከም ዘሎ ኣሚንካ፡ ምእንቲ ሓቂ ንመሰልካን ምብጃው ትኣትዎ ፍጻመ እዩ።

መስዋእቲ ጉዕዞ ምንባርካ ክቕጽል እናከኣለ፣ ባዕልኻ ብገዛእ ድሌትካን ውሳኔኻን ንቕሓትካን ትኣትዎን ንዘልኣለም ኣብ ልቢ ህዝብኻን ኣስፈሩ ክብሪ ዝህበካ፡ ደረጃ ሞት ዝሰገረ ቅዱሱን ክብሩን ፍጻመን እዩ።



ኣባና ኣብ ኤርትራውያን ምእንቲ ሓፋሽን መሬትን ህይወትካ ምሃብ ክብሪ'ዩ ዝህበካ። ንሕና ኤርትራውያን ከኣ ነዛ ሓንቲን ዘይትድገምን ህይወትና ንስለ ህዝብን ሃገርን ምብጃው ቅድሚ ብጻይካ ንክትሓልፍ ምቕድዳም መወዳድርቲ ዘይርከቦ ፍጻመ'ዩ። ቀዱሳን መጽሓፍቲ ውን "ንብጻይካ ማዕረ ነብስኻ ኣፍቅሮ" ይብሉ ኢዮም። በዚ ኣገላልጻ ድማ'ዩ ዝትርጎም።

ሃገራዊ ግቡኡ ንምፍጻም ዝወደቀ ዜጋ ኩሉ መስዋእቲ ከፊሉ'ዩ፣ ስሙ ድማ ስውእ'ዩ። ናይ ልዕሊ ሓደ ዘበን ሃገራዊ ቃልሲ፣ ድሕሪኡ ዝሰዓበ ብረታዊ ቃልሲ ደሚርካ፡ ኣሰሩ ሕዙ ዝቀጸለ ልእላውነት ሃገር ናይ ምሕላው ተኸታተልቲ ወለዶታት ኣሰር'ቶም ዝቀደሙ ሒዙ ይቕጽል ኣሎ። ብዓቢኡ ከኣ ንትርጉሙ ካብ ሞት ናብ መስዋእቲ ቀይትዎ ይርከብ። ንዕላማ ምውዳቕ ሞት ከም ዘይኩነ፡ መስዋእቲ ምኺኑ ከኣ ብንጹር ይነግረና።

ከምዚ ስለ ዝኾነ ድማ'ዩ፣ ኣብዚ ነዊሕ ዘመን ዘቑጸረ ንዝተፈላለየ መልክዕን ኲነትን ዝተኸፍለ መስዋእቲ፡ ንጀጋኑ ስዉኣትና ህያው ኮይኖም ኣብ ልቢ ነፍሲ ወከፍና ንክነብሩ ገይርዎም ዘሎ። ዝኸሪን ትዝታን ስዉኣት ወትሩ ኣብ ልቢ ነፍሲ ወከፍ ኤርትራዊ ስለ ዝኾነ ድማ፡ ወትሩ 20 ሰነ መላእ ሕብረተ ሰብ ኤርትራ ዝተፈላለዩ መሰናደኣታት ንስዉኣትና እንዝክረላ ዕለት ኢያ።

ካብዚ ቀጺልና እምበኣር፣ ኣርእስትና ከም ዝሕብሮ ትርጉም ሰማእትነት ብኸመይ ከም ዝትርጎም ክንርኢ ኢና። ኣቶ ኣሕፎሮም ተወልደ ኣብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ህ.ግ.ደ.ፍ፣ ሓላፊ ቤት ትምህርቲ ማሕበራዊ ስነ ፍልጠት ቤት ትምህርቲ ካድር፡ ቅድሚ ዉሱን ግዜ ኣብ መደብ ድባብ ብኸምዚ ዝስዕብ መሳጢ ኣገላልጻ ገሊጽዎ ነይሩ። ንሕጂ እምበኣር ትርጉም መስዋእቲ ብዝብል ክንጅምር ኢና። ሰናይ ንባብ።

**1. መስዋእቲ ትርጉሙ እንታይ እዩ፧**

ትርጉሙ ሰፊሕን ዓሚቑን እዩ። ግና ናብቲ ቀንዲ ጉዳይ ኣተኩርና ክንዛረብ ከለና፡ ንመስዋእቲ ኣርባዕተ ክንኸፍሎ ንኽእል ኢና። ንሳቶም ድማ፣ ናይ ግዜ መስዋእቲ፡ ናይ ዕድላት መስዋእቲ፡ ናይ ኣካል መስዋእቲ፡ ናይ ህይወት መስዋእቲ ኢልና ክንፈላልዮም ንኽእል ኢና።

- ናይ ግዜ መስዋእቲ፣ እዚ ነቲ ትኣምነሉ ዕላማ ግዜኻ ወፊኻ ንነብስኻ ከይሓሰብካ ዕላማኻ ንምዕዋት/ ንምዉቓዕ እትኸፍሎ ናይ ግዜ መስዋእቲ እዩ። ንእስነትካ፡ ምሉእ ህይወትካ ብግዜ ዝኸፈል መስዋእቲ እዩ። ስለምንታይ ግዜኻ ኩሉ ግዜ ኣብኡ ከተሕልፎ ከለኻ፡ ንዓኻ ከም ሰብ ንዉልቕኻ ዝሓልፈካ ዕድላት ስለ ዘሎ'ዩ።

- ናይ ዕድላት መስዋእቲ ክበሃል ከሎ፣ ናይ ትምህርቲ፡ ሓዳር፡ ስራሕ፡ ገንዘብ ናይ ምግባር ካልእን ዝተፈላለዩ ዕድላት ምስ ዝሓልፈካ ዝኸፈል መስዋእቲ እዩ። እቲ እዋን ናብቲ ዝተበገስካሉ ዕላማ ተውዕሎ ስለ ዘለኻ ድማ'ዩ ናይ ዕድላት መስዋእቲ ዝበሃል። ናይ ዕድላት መስዋእቲ ግና ብኡኡ ጥራይ ዝሕለፍ ኣይኮነን። ምስ ቃልስና ኣነጻጺርና ምስ እንርእዮ ድማ፡ ክንደይ ክወልዳ ዝኽእላ ደቀ ኣንስትዮ ናይ ምዉላድ ዕድሚኤኣን ኣብ ቃልሲ ስለ ዘሕለፋኡ፡ ሕጂ ብዘይ ውላድ/ሓድጊ የሕልፍኦ ኣለዋ።

- ናይ ኣካል መስዋእቲ፣ ኣብ ቃልሲ ኣብ ዘለኻሉ እዋን፡ ናይ እትኸፍሎ

ናይ ኢድን እግሪን መቐረጽቲ፡ ናይ እዝኒ ጽምት፡ ናይ ዓይኒ ዕዉረት፡ ናይ ዓንዲ ሕቆ መስበርቲን መልመስትን ካልእ ዝተፈላለዩ ናይ ኣካላት ምጕዳል የጠቃልል። ኣብ መወዳእታ ከኣ ናይ ህይወት መስዋእቲ ይስዕብ ወይ ይመጽእ።

- ናይ ህይወት መስዋእቲ፣ እዚ እቲ ዝበረኸ መግለጺ ናይ መስዋእቲ እዩ። ወዲ ሰብ ብህይወት ኣብ ዝህልወሉ ግዜ እቲ ዝዓበየ ዝዉንና ሂወቱ'ያ። ልዕሌኣ ከሕልፍ ከሎ ዝርአ ፍጻመ እዩ እቲ መስዋእቲ ዝበሃል።

**2. መንዩ ስውእ፤**

እዚ በዚ ልዕልና ዝበልናዮ ዝቓነ'ዩ። እቲ ኻልእ ብምልኡ እቲ ዕድሉ ዝሃበ፡ እቲ ግዚኡ ዝሃበ፡ እቲ ኣካሉ ዝሃበ ስውእ ኣይኮነን፣ ምኽንያቱ ብህይወት ስለ ዘሎ። እቲ ኻልእ ዕድሉ፡ ግዚኡ፡ ኣካሉ እዩ እምበር ሂወቱ ኣይሃበን። ስለዚ ስውእ ክንብል ከለና፡ ብዛዕባ'ቲ ሂወቱ ዝሰወአ ኢና ንጽሕፍ ዘለና።

ግን ብንቕሓት ክሳብ'ታ ዕለተ መስዋእቲ ኩሉ ህይወቱ ንብረቱ ግዚኡ ዕድሉ ነቲ ህዝቢ ሂቡ ክኸይድ ዝጸነሐ፡ ኣብ መወዳእታ ከኣ ዝወደቐ'ዩ ስውእ ዝበሃል።

እዚ ግን ጥራይ ኣይኮነን። ኣብ ጉዕዞ መስርሕ ሰዉራ ተጋዳላይ ክቃለስ ከሎ ምሉእ ህዝቢ ኤርትራ'ዩ ኣብ ገድሊ ሰውራ ነይሩ። ብጸሎቱ፡ ንብረቱ፡ ብጕልበቱ፡ ብዓቢኡ ከኣ በታ ዘይትድገም እንኮ ህይወቱ ተሳቲፉ'ዩ። ግን ካብኡ ናብኡ ከኣ ኣብ ሓራን ሓውሲ ሓራን ቦታታት፡




ዝውንና ነገር የብሉን። እቲ ኻልእ ብምልኡ ብህይወቱ ከሎ ዝፍጽሞ ነገራት እዩ። ሓንሳብ እታ ህይወት እንተሓሊፋ ግን፡ ዝሰምዖ፡ ዝርእዮ፡ ዘስተማቕሮ ስለ ዘይብሉ ህይወት እታ ዝኸበረት መግለጺ ናይ መስዋእቲ ኢያ። ስለዚ መስዋእቲ ክንብል ከለና፡ ምእንቲ ሓደ ትኣምነሉ ዕላማ ምእንቲ ናተይ ዝበልካዮ ወገን/ህዝቢ እትኸፍሎ ናይ ህይወት ዋጋ እዩ። ህይወት ኣብ ትኸፍለሉ እዋን ስውእ ትበሃል። ስለዚ ስውእ ክንብል ከለና ኩሉ ነገር ገዲፉ ብዛዕባ ህይወቱ፡ ሓዳሩ፡ ዉላዱ ካልእን ከይሓሰበ ብቀጥታ ሂወቱ ምእንቲ ሓደ ዕላማ ምእንቲ ሓደ ህዝቢ

ስውእ ክንብል ከለና፣ ፈለማ ክረኣየና ዝኽእል ካብ ገዝኡ፡ ስድርኡ፡ ትምህርቱ ካልእ ኩሉ ነገሩ ገዲፉ ምእንቲ ህዝቡ ክብጀ፡ ብንቕሓት መስዋእቲ ከም ዘሎ ፈሊጡ ምእንቲ ህዝቡ ክሓልፍ፡ ክሳብ'ታ ናይ መስዋእቲ ዕለት ትመጾ ድማ ኩሉ ህይወቱ፡ ግዚኡ፡ ዕድሉ ነቲ ህዝብን ዕላማን ሂቡ ክኸይድ ዝጸነሐ'ሞ፡ ኣብ መስርሕ ቃልሲ ዝወደቀ/ዝተረፈ፡ ኣብ ዓዉደ ኲናት ክኸውን ይኽእል፡ ኣብ ካልእ ዕማማት ናይ ሰውራ ክኸውን ይኽእል። ብፈንጂ፡ መንከስቲ ተመን፡ ዝተፈላለዩ ሕማማት፡ ሓደጋታት መኪናን ካልእን ክኸውን ይኽእል'ዩ። እዚ ሰብ ኣብ ድሕሪ መስመር ጸላኢ፡ ኣብ ውሽጢ ሕቖፊ ጸላኢ ተሸጊጦም፡ ሓበሬታታት ክእክቡ፡ ንተጋደልቲ ክመርሑን ክኣልዩን፡ ንብረት ከእትውን ከውጽኡን፡ እዚኦም ውን ተወዲቦም ኣብ ዝሰርሕሉ እዋን ዋላ ብገለ ክፋል ህይወቶም ናይ ሓዳሮም ካልእ ንጥፈታት ጉዳያትን እንተ ነበረ፡ ግዳይ ናይ ጸላኢ ኮይኖም ይእሰሩ ይርሸኑ ይቕተሉ ነይሮም ኢዮም። ስለዚ እቲ ተወዲቡ ሰውራ ዝሃቦ ዕማም እናሰረሐ ከሎ ግዳይ ናይ ጸላኢ ዝኾነ ሰብ ኣብዚ መስርመር'ዩ ዝረአ፣ ስዉእ ድማ'ዩ መጸውዒኡ።

# ሰውእቲ!

ኣሻቡ!
ሰርቢ ጌሩ ቤታ
ጠሊ ኀሲው መሬታ
ደብና ሰግለሉት . . .
ናይ ትማል ተሰፉታታ
ብደምን ሰጋን ትፍጠር
ህዋሳትና መሊኻ ትሣጥር
ዝኽሪ'ለዋ ዘዩዕበር
ኣብ መንፈስና ዘንበር
ኣብ መዓልቱ
ቀትሪ ምሸቱ
ድሕሪ ምጽልማቱ
ከዉታ ለይቱ
ትረአ ኣብ ደረት
ሰናጢቓ ስሕሉት
ሰዉእቲ!
ኣብ ጕዕዞኣ
ጎሮሮ ብጽሙኣ
ኩብዲ ብጥልቅዓ
ካብ ዕንጋሎ ቀጺዓ
ንኡብሳ ረሲዓ
ኣብ መትከላ ጸኒዓ
ምድረቡዳ ኣጻምኡ
መሰናኽላት ዘብኡ
ከሎ ኣብ ቅድሚኣ
ተሓዚ ዘይብላ
ብትብዓት ነቒላ
ኣእሻኽ ጉነቅ ዘሊላ
ብዓወት ደቢላ
ኣብቲ ጉላጉሉ
ዓቀብ ቁልቁሉ
ደረት ዓንኬሉ
ኣኻውሕ ኣኽራኑ
እምባታት ብትዕንኡ
ጓዚማ ሓኒና
ናብ ሽቶኣ ጠኒና
መስዋእትነት ስሒና
ኣብቲ ሩባ
ታባ እምባ
እሾኽ ተኾርባ
ንፋስ መሸንበባ
ንትብዓትን ጽንዓትን ሰዉባ
ናብ ደምበ ሰማእታት ኣርኪባ
ሰዉእቲ!
ብኣርካናት ተመሪሓ
ሽደናት ሰሪሓ
ንከዉታ ኣዉጊሓ
ሓቒቕ ብርሃን ቀዲሓ
ናብ መንፈስና ኣምሪሓ
ሸዑ . . .
ንዕላማ ራኢኣ
ብሓርነት ዋጋኣ
መስዋእቲ ኩይኑ ጋማኣ
ልሳና ተ'ተለጉመ
ድምጻ ተ'ሃጠመ
ብመንፈስ ግን ዝሰማዕ
ኣብ ዝኽሪ'ቲ ምጽናዕ
ሰዉእቲ!
ኣብ መቓብራ ኩይና በሪኻ ትደሀ
ከም ኮኾብ ጽ'ባሕ ኣብ ጸላም ትለሀ
ንሞት መሊኻ ብመንፈሳ ትዓርግ
ወትሩ ኣብ ልቢ ህልዋት ትምዕርግ

ነጋሲ ወልደማርያም (ዝኒጋሲ)

# ስነ - ጥበብ

## ሙዚቃ ቀመም ህይወት እዩ!

መርሃዊ ታደሰ

*ዝፍ ራኢይ እትውንን ኣዝያ ሕውስትን ምቕልልትን መንእሰይ'ያ። ምስ'ታ ሳክስፎን ተባሂላ ትጽዋዕ መሳርሒት ሙዚቃ ዘለዋ ፍቕሪ እንበረ-ማጠን ልዑል'ዩ። ምስ ናይ ሙዚቃ ተማሃሮኣ ዘለዋ ሕውነታዊ ዝምድና መሳጢ'ዩ። ሓይል ዝኾነ ናይ ምብህሃል ክእለትዩ ዘለዋ። ዕድምቲ ጋሻና በዓልቲ ሓዳርን ኢደ ሓደ ቁልዓን ዝኾነት መምህር ናይ ሙዚቃ መንእሰይ ስነ-ጥበበኛ ጸገ ተሰፋይ'ያ ሰናይ ንባብ።*



**◆ ብኸመይ ኢኺ ናብዚ 'ሩሕ ህላወይ' ትብልዮ ሙዚቃ ዓለም ኣቲኺ፧**

ጊታር ዝጻወት ዓብዪ ሓወይ ተመስገን'ዩ ብህጻነይ ጸልዩኒ። ኣብ ገዛና ምስ ሙዚቀኛ ተመስገን ሓወይ ጊታር እናረኣኹን ጊታር እናተላመድኩን'የ ዓብየ። ብድሕሪኡ ኳል 13 ዓመት ምስ ኮንኩ ናብ ቤት ትምህርቲ ሙዚቃ ኣስመራ ኣተየ ሳክስፎን ትበሃል መሳርሒት ሙዚቃ ክመሃር መሪጸ። ንኣርባዕተ ዓመታት ተማሂረ፡ ብሳክስፎን ሙዚቃ ተመሪቐ። ኣብዛ ዝተማሃርኩላ ቤት ትምህርቲ ሙዚቃ ኣስመራ ድማ ናይዛ መሳሪሒት ሙዚቃ መምህር ኮይነ ኣለኹ።



**◆ ብኸመይ ንሳክስፎን መሪጽክያ፧**

ክገርመካ ናብቲ ቤት ትምህርቲ ሙዚቃ ክኣቱ እንከለኹ ጊታር ክመሃር ኢለ'የ ኣትየ ነይረ። ደሓር ግና እቶም ቅድመይ ዝነበሩ ተማሃሮ ነዛ ሳክስፎን ክጻወትዋ ምስ ርኣኹን ሓንቲ መሳርሒት ሙዚቃ መሪጽካ'ውን ስለ እትመሃርን'የ ናብኣ ዘንቢለ።

**◆ ሳክስፎን ብኸመይ'ያ ትጻወት፧**

ብምንፋሕ'ያ ትጽወት። ብኣጻብዕትና ንጥውቕም ክፉላት እውን ስለ ዘለዉዋ ብውህደት ናይ ኣፍናን ኣኣዳውናን እያ ትጽወት።

**◆ ሳክስፎን መዓስ ተማሂዛ፧**

ሳክስፎን ኣብ 1840 ዓመተ ምህረት'ያ ብኣዶልፐ ሳክስ(Adolphe sax) ብዕንጨይቲ ተሰሪሓ። ብድሕሪኡ ካብ 1846 ዓመተ ምህረት ንደሓር በብእዋኑ እናማዕበለት መጺኣ። እቲ ምዕባለ ምስ ግዜ እናተራቐቐንስለ ዝመጸኣን ከኣ እነሆ ሎሚ ብዙሓት ዓይነት ሳክስፎን ፈረየንስ ኣብ ዕዳጋታት ናይ ዓለም ተዘርጊሐን ኣብ መዓላ ናይቲ ቀመም ህይወት ዝኾነ ሙዚቃ ክውዕላ ንርእየን ኣለና።

**◆ ክንደይ ዓይነታት ሳክስፎን'የን ዘለዋ፧**

ብዙሓት ዓይነት'የን ነናተን ኣስማት ኣለወን፡ ከም ኣብነት ንምጥቃስ፥ ሶፕራኒኖ፣ ሶፕራኖ፣ ኣልቶ፣ ቴኖር፣ ባሪቶን፣ ባስ፣ ኮንትራ ባስ፣ ሳብ-ኮንትራ ባስ፣ ሲ ሶፕራኖ፣ ሜዞ ሶፕራኖ፣ ሲ ሜሎዲ ወዘተ. ዝበሃላ ዓይነት ሳክስፎናት ከም ኣብነት ምጥቃስ ይከኣል።

**◆ ንስኺ ትጻወትየን ዓይነታት ሳክስፎን እንታይ እየን፧**

ሶፕራኖ፣ ኣልቶ፣ ቴኖር ሳክስፎን (Soprano saxophone, Alto saxophone, tenor saxophone) እየን።

**◆ ንሳክስፎን ካብ ሻንብቆ ዝፈልያ ነገራት እንታይ ኣሎ፧**

ብዙሕ ነገራት ኣሎ። ንኣብነት ነዊሕ ከይከድና ኣብ ቅኒተንን ኣሰራርሓአንን ዓብዪ ፍልልይ ኣለወን።

**◆ ሙዚቃ ንዓኺ እንታይ'ዩ፧**

ሙዚቃ ንህይወትና ኣዝዩ ኣገዳሲ'ዩ። ሙዚቃ ስምዒት ናይ ደቂ ሰባት ክቕስቅስ ዝኽእል ዓለም ለኻዊ ቋንቋ'ዩ። ሙዚቃ ዘይብሉ ህይወት መቐረት ዘለዎ ኮይኑ ኣይስመዓንን'ዩ፡ ሙዚቃ ንዓይ ሩሕ ህላወይን ቀመም ናይ ህይወተይን'ዩ።

**◆ ገለ ካብ ጥቕምታት ሙዚቃ ክትጠቕስልና፧**

ደርፍታትና ብዘይ ሙዚቃ እንታይ ዓይነት መቐረት ምሃለዎ ኢልካ ትሓስብ፧ ክንስዕስዕ ክንድሰት'ኮ ሙዚቃ ክህሉ ኣለዎ። ብቐንዱ ግና ሙዚቃ ሕርቃንን ናይ ደቂ ሰባት፣ ሓዘን ናይ ደቂ ሰባት ኣብ ምዝሓል ልዑል ተራ ኣለዎ።

**◆ ሙዚቀኛ ምኳን ከቢድ ድዩ ቀሊል፧**

ከም ዓለንስተይቲ ኮይነ ክርእዮ እንከለኹ ቅሩብ ክብድ ይብል'ዩ። ምኽንያቱ ምስ ተማሃርካዮ ኣብ ባይታ ብግብሪ ክትሰርሓሉ ኣለካ። ሙዚቀኛ እንተደኣ ኴንካ ኣብ ዝተፈላለየ ቦታን ግዜን ምርኢታት ከተርኢ ክትወፍር ኢኻ፡ ከተርኢ እንተደኣ ኴንካ ከኣ ምስ ብጾትካ ብዙሕ ልምምድ ከተካይድ ኣለካ። እቲ ትጻወተሉ ሰዓታት'ውን መብዛሕትኡ ግዜ ናይ ምሸት'ዩ። ፍርቂ ለይትን ድሕሪ ፍርቂ ለይትን ንገዛኻ ትኣትወሉ እዋናት ኣሎ። ምስ ምምሳይ ዝተሓሓዝ ስክፍታ ናይ ሕብረተ ሰብና ውን ኣሎ።

**◆ ከም ሙዚቀኛ፡ ናይ መን ደርፊ ክትጻወቲ ትመርጺ፤**

ናይ ክስቶ ደርፊ ክጻወት'የ ዝመርጽ ክብለካ ኣይክእልን'የ። ኣብ ምርጫ እንተደኣ ኣቲና ግና ኣነ ናይ ቀደም ደርፍታት ክጻወት'የ ዝመርጽ። ስለምንታይ፡ ብኽመይ፡ ዝብሉ ሕቶታት ኣይተስዕበለይ። (ስሓቕ)

**◆ ዝኾነ ሰብ'ከ ሙዚቀኛ ክኸውን ይኽእል'ዶ፤**

ዝኾነ ሰብ ብዝግባእ ናይ ሙዚቃ ትምህርቲ እንተደኣ ወሲዱ ሙዚቀኛ ክኸውን ይኽእል'ዩ። ንፉዕ ሙዚቀኛ ክኸውን እንተደኣ ኮይኑ ግና ምስቲ ትምህርቲ ውሽጣዊ ድልየት፡ ጻዕርን ተውህቦን ክህሉዎ ኣለዎ።

**◆ ሓደ ሙዚቀኛ ክዓጥቆም ዘለዎም ነገራት፤**

ዓቕሊ፡ ራእይ፡ ልምምድ፡ ልዕሊ ኹሉ ከኣ ዲሲፕሊን ክህልዎ ኣለዎ።



**◆ ኣበይ ኢኺ ሳክስፎን ትጻወቲ፤**

ነዛ ኣዝየ ዝፍቅራ መሳርሒት ሙዚቃ ኣብ ዝተፋላለዩ ኣጋጣሚታት'የ ዝጻወታ፡ ኣብ ገዛይ፡ ኣብቲ ዝምህረሉ ቤት ትምህርቲ፡ ብዓቢኡ ከኣ ኣብ ሃገራውያንን ህዝባውያንን በዓላትና'የ ዝጻወታ።

**◆ ውጽኢት ተማሃሮኺ ኣብ ግብሪ ብኸመይ ትግምግምዮ፤**

ተማሃሮይ ግዱሳትን ንፉዓትን'ዮም። ነዛ መሳርሒት ሙዚቃ ከኣ ኣብ ባይታ ብግብሪ ይሰርሑላ'ዮም፡ ካብ ትዕዝብተይ ክጻወትዋ ጥራሕ ዘይኮነ ክምህሩላ'ውን ይኽእሉ'ዮም ዝብል ገምጋም'ዩ ዘለኒ።

**◆ ብልክዕ ተካእተይ ኣፍርዮዶ ትብሊ፤**

ብዘይ ምጥርጣር'የ ክምልሰልካ፡ ኣፍርየን ፈረቓን።

**◆ ተሳትፎን ብቕዓትን ደቀንስትዮ ኣብ ሙዚቃ ከመይ ኣሎ፤**

ኣብዚ ሕጂ እዋን ብዙሓት ደቀንስትዮ ሙዚቃ ይመሃራ ስለዘለዋ እቲ ተሳታፍነት ጽቡቕ ኣሎ። ተማሂረን ብዙሕ ስለዘይሰርሓሉ ግና እቲ ብቕዓት ከምቲ ዝድለ ኣሎ ኢለ ክዛረብ ኣይክእልን'የ። ምኽንያቱ ሙዚቃ ቀጻሊ ልምምድ ዘድልዮ ዓውዲ'ዩ። ከምቲ ኣቐዲመ ዝጠቐስኩዎ፡ ዓለንስተይቲ ኴንካ ሙዚቀኛ ምዃን ምስ መረዳእታ ናይ ሕብረተ ሰብ፡ ምስ ሓዳር፡ ምስ ውላድ... ወዘተ ኣጣሚርና እንተደኣ ርኢናዮ ክብድ ስለ ዝብል ከምቲ ተሳታፍነተን፡ ብቕዓተን ኣይተኾለዐን በሃሊት'የ።

**◆ በዓል ቤትኪ ንምያኺ ብኸመይ ይርእዮ፤**

ሙዚቀኛ ብምዃነይ ኣዝዩ'ዩ ዘሐጉሶ። ንሙዚቃ ዓለም ከኣ ብዝሓየለ መልክዑ ንኽቕጽሎ'ዩ ዘተባብዓኒ። ሙዚቀኛ እኳ እንተዘይኮነ፡ ኣስተማቓርን ፈታው ሙዚቃን እዩ። ንሞያይ ዝርዳእ በዓል ቤት ብምርካበይ ዕድለኛ'የ።

**◆ ኣደ ሓደ ቆልዓ ኢኺ ምስ ናብራ ብኸመይ ተሳንይዮ፤**

በዓል ቤተይ ኣብ ወጻኢ ሃገር ስለ ዝቕመጥ፡ ንኹሉ ንጥፈታት ስርሓይ ኣነ ኣብዚ እዋን'ዚ ምስ ስድራይ ኮይነ'የ ዘካይዶ። ወላዲተይ ከኣ ቆልዓ ኣብ ምጽናሕ ደዩ፡ እቲ ካልእ ኩሉ ንጥፈታት ናይ ገዛ ዕዮ ኣብ ምስራሕ ኣነ ኣብቲ ገዛ ኣብ ዘየለኹሉ ኩሉ ባዕላ'ያ ትዓሞ። ናይ ስድራይ፡ ናይ በዓል ቤተይ ደገፍን ሞራልን ስለ ዘለኒ ከኣ፡ ክሳብ ሕጂ ኣይከበደንን።

**◆ ካብ ሰባት ትረኽብዮ ግብረ መልሲ እንታይ ይመስል፤**

ክሳብ እዚ እዋን'ዚ ካብ ተዓዘብተይ ዝመጸኒ ግብረ መልሲ ኣዝዩ ጽቡቕ'ዩ። ብፍላይ ኣብ መርዓታት ሳክስፎን ክጻወት እንከለኹ፡ ኣዝዮም ከም ዝተደነቑ ይገልጹለይ'ዮም። ጎኒ-ጎኒ'ቲ ናይ ስድራይን ናይ በዓል ቤተይን ናይ ደገፍተይ ሞራል እውን'ዩ ንቕድሚት ዘሰጉሞኒ ዘሎ።

**◆ ናይ መጻኢ መደባትኪ፤**

ናተይ ናይ ሙዚቃ ቤት ትምህርቲ ክኸፍት'ዩ መደበይ።

**◆ ኣብ መወዳእታ ትብልዮ እንተሎ፤**

ኣብ ሙዚቃ ዓለም ዝርደኣልካ ሰብ ትደሊ ኢኻ። ስለዚ ኣብዚ ዓውዲ'ዚ ንዝነጥፋ ደቀንስትዮ ካብ ስድራ-ቤተንን በዓል ቤተንን ጀሚሩ ኩሉ ኣካል ሕብረተ-ሰብ ንምያአንን ባህግታተንን ብስምዒት ዘይኮነ ብርግኣት ክርደኣለን ይግባእ። ካልእ በዚ ኣጋጣሚ'ዚ ንክቡራት ወለደይ ንኩሎም ኣሕዋተይን ኣሓተይን ንክቡር በዓል ቤተይን ሳላኹም'የ ኣብዚ ደረጃ'ዚ በጺሐ ዘለኹ'ሞ የቐንየለይ ክብሎም እፈቱ።



# ደቂ - ኣንስትዮን ኣከባብን

## መጕሳ ኣድሓኒትን ኣገባብን

ዓንዶም ግርማይ(ወዲ ደረስ)



ናብራ ዕብየት ደቂ ሰብ፡ ኣብ ሰለስተ ነገራት ማለት ኣብ መግቢ፡ መጽለሊን ክዳንን ይምርኮስ። ደቂ-ሰብ፡ ብደረጃ ዝተማሕየሸ ኣነባብራ ክህልዎምን ኣብ ህይወት መሰረታውያን ነገራት ንኽውሕሱን ብዙሕ ምህዞታት ምሂዞምን ይምህዙ ኣለዉን። መግቢ መሰረታዊ ጠለብ ደቂ-ሰብ'ዩ፣ ንኽዳሎ ከኣ ጸዓት የድልዮ። ይኹንምበር፡ ቀረብ ጸዓት ኣብዚ ሕጂ እዋን ብደረጃ ዓለም ምስ ጠለብን ቀረብን ክነጻጸር እንከሎ ፍጹም ዘመጣጠን ኣይኮነን። ነዚ ሽግር'ዚ ንምፍታሕ፡ ብዙሓት ሃገራት ምስ ጠለባተን ዝዳረግ ውሑስ ጸዓት ዘፍርያሉ መገዲ ሃሰው ኣብ ምባልን ሓያል ጻዕሪ ኣብ ምክያድን ይርከባ።

ኣብ ሃገርና'ውን ነዚ ኣብ ግምት ዘእተወ፡ ደረጃ መነባብሮ ህዝቢ ንምምሕያሽ፡ ኣብ መንጎ ገጠርን ከተማን ዘሎ ጋግ ንምጽባብ ዝተፈላለየ ንጥፈታት ክካየድ ጸኒሑን ኣሎን። ሓደ ካብኡ ምድላው መጐጎ ኣድሓኒት'ዩ። ሕብረተሰብና ዕለታዊ መግቡ ባዕሉ'ዩ ዘዳሉ። በዚ መንጽር ከኣ፡ ንመብሰሊ መግቡ ብዙሕ ዕንጨይቲ የህልኽ። ብርሰት ገረብ ንምግታእ ከኣ፡ ቈጣቢት ጸዓት እትዮን ምጥቃም ኣማራጺ ዘይትደልየሉ ሕርያ ይኸውን። መጐጎ ኣድሓኒት፡ ጸዓት እትቘጥብ ኤርትራዊት ምህዞ'ያ። ሓደ ሕምሲት ናይቲ ብባህላዊ መጐጎ ናይ ዝሃልኽ ዕንጨይቲ ጥራይ ከም እትህልኽ ድማ'ዩ'ም ክኢላታት ናይቲ ዓውዲ ዝገልጹ።

ጸዓት፡ መትኒ ኩሉ ንጥፈታት'ዩ። ኣስታት 60 ሚእታዊት ካብ ሕብረተሰብና፡ ኣብ ሕርሻን መጓሰን ዝተመርኰሰ ህይወት ይመርሕ። ብኽምዚ ዝተጠቕሰ ዕለታዊ ህይወቱ ዝመርሕ ሕብረተሰብ፡ ብዘይ ገረብ ክነብር ኣይክእልን እዩ። ካብዚ ዝብገስ፡ ገረብ፡ ትንፋስ መትኒ ሱር ደሙ ገይርካ ክግለጽ ይከኣል። ገረብ ካብ ኣብ ከተማ ኮነ ኣብ ገጠር ዝነብር ሕብረተሰብ ዝያዳ የገድሶ። ኣባይቱ፡ ኣቕሓ ገዛኡ፡ ናውቲ ማሕረሱ፡ ሓጹር ግራቱ፡ ፈሓም፡ ዕንጨይቲ... ውጽኢት ናይቲ ኣብ ከባቢኡ ዝርከብ ገረብ እዩ። ነዚ እናተባህለ ዝበርስ ገረብ ከኣ ማእለያ የብሉን።

ውጽኢትን ሳዕቤንን ምብራስ ኣግራብ ኣብ ኣከባቢ ዝፈጥሮ ኣሉታዊ ሳዕቤን ዘርዚርካን ገሊጽካን ዝውዳእ ኣይኮነን። ገለ ካብኡ ምምዝንባልን ምጽዳይን ህይወታዊ ብዙሕነት እዩ። ግርማ መሬት ቀንጢጡ ምብራስ ጺጋታት የኸትል። ምብራስ ጺጋታት፡ ጽልዋኡ ኣብ ህላወ ፍጡራት ዓቢ እዩ። ኣብ ሃገርና ሕቶ ጸዓት መሰረታዊ ፍታሕ ክሳብ ዝርከቦ፡ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ተርእዮ ምብራስ ኣግራብ ንምግታእ ተሪር ሕጊ ወጺኡ ይሰርሓሉ ኣሎ። ማዕረ ማዕረኡ ድማ ዝበደሙ ከባቢታት ኣግራብ ተኺልካን ንዘለዎ ቡቲ ዘለዎ ዓቂብካን ባዕሉ ጠጢዑን ፈድፊዱን ናብ ንቡር ንምምላስ ወግሐ ጸብሐ ይጸዓረሉ ኣሎ።

መጐጎ ኣድሓኒት፡ ብምትሕብባር ኣሃዱ ዕብየት ናብራ ሚኒስትሪ ሕርሻን ጸዓትን ማዕድንን ድሕሪ ዝተኻየደላ ብዙሕ ፈተነታት እያ ካብ 1994 ጀሚራ ኣብ ሃገርና ኣብ መዓላ ውዒላ። ካብ መጋቢት 1998 ንድሓር ከኣ፡ እዚ ሕጂ ዘላቶ ደረጃ ብቕዓት ሒዛ ኣብ ስራሕ ክትውዕል ጀሚራ። ኣብዚ እዋን እዚ ኣብ ዞባ ማእከል ዝርገሐኣ መጐጎ ኣድሓኒት 98 ሚኢታዊት በጺሑ ይርከብ። እዚ ከኣ፡ ውጽኢት ናይቲ ዝተኻየደን ዝካየድ ዘሎን ሓያ ጻዕሪን ጐስጓስን እዩ። እቶም ዝበዝሑ ተጠቀምቲ ናይዛ ኤርትራዊት ምህዞ፡ ኣብ ገጠርን ሓውሲ ገጠርን ከምኡ ድማ፡ መስመር ኤለክትሪክ ኣብ ዘይኣተዎ ዓድታታን ወሰናስን ከተማታትን ዝነብሩ ዜጋታት እዮም።

መደብ ምዝርጋሕ መጐጎ ኣድሓኒት ኣብ 1998 ካብ ዝጀመረሉ ክሳብ ሕጂ፡ ልዕሊ 300 ሽሕ እቶን ክህሉ ኣለዎ ዝብል ውጥን ነይሩ። ብዝተፈላለየ ምኽንያት እዚ ሽቶ'ዚ ክውቃዕ ኣይተኻእለን።



ካብዚ እቲ ኣስታት 2/3 ጥራይ'ዩ ትግባረ ረኺቡ ዘሎ። እዚ ማለት ብደረጃ ሃገር ክሳብ ሕጂ 174 ሽሕ ስድራ-ቤታት ጥራይ'የን ተጠቀምቲ ኮይነን ዘለዋ። ዝርዝር ዝርግሐ ብመንጽር ዞባታት ምስ እንምልከት፡ ኣብ ገጠራት ዞባ ማእከል ልዕሊ 52 ሽሕ፣ ኣብ ዞባ ደቡብ ኣስታት 61 ሽሕ፣ ኣብ ዞባ ዓንሰባ ልዕሊ 20 ሽሕ፣ ኣብ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ልዕሊ 6 ሽሕ፣ ዞባ ጋሽ ባርካ ልዕሊ 35 ሽሕ፣ ኣብ ከተማ ዓሰብ ኣስታት 560 በጺሑ ኣሎ። ዝርግሐ መጐጎ ኣድሓኒት እዚ ዝተጠቐሰ ኮይኑ ውሑድ ክመስል ይክእል ይኸውን። እዚ ጥራይ ንባዕሉ ግን ረብሓኡ ኣቃሊልካ ዝርአ ኣይኮነን። ኣብ ኩሉ ኩርናዕ ሃገርና ክተኣታቶ ምኽኣሉ ጥራይ ከም ዓቢ ዓወት ዝጥመት'ዩ።

ብመሰረት ሓበሬታ ወይዘሮ ሙብራት ኣብርሃም፡ ሓላፊት ኣሃዱ ዕብየት ናብራ ኣብ ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ መጐጎ ኣድሓኒት ንምስራሕን ናብ መላእ ሃገር ንምዝርግሓን፡ ብብክልሰ ሓሳብን ግብርን ዝሰልጠና ኣደታት ከምዝዕመም ከምዝተገብረ ትሕብር። ምትእትታው መጐጎ ኣድሓኒት ብዙሕ ረብሓታት ከምዘለዎ ትገልጽ ወይዘሮ ሙብራት፡ ብቐንዱ ጥዕና ኣደታት ኣብ ምሕላው፡ ወጻኢታት ኣብ ምቕጣባ፡ ኣብ ዕቃብ ብርሰት ኣግራብ፡ ብከላ ካርቦን ኣብ ኣየር... ውሑዳት ካብቶም ክጥቀሱ ዝኽእሉ ብዙሓት ረብሓታት እዛ መጐጎ ምዃኖም ተረድእ። ኣብዚ ዝሓለፈ ናይ ልዕሊ ርብዒ ዘመን ጉዕዞ፡ ሳላ ዝርግሐ መጐጎ ኣድሓኒት፡ ኣብ ብዙሕ ከባቢታት ሃገርና፡ "ንዕንጨይቲ" እናተባህለ ዝበርስ ዝነበረ ተርእዮ ብርሰት ገረብ ኣብ ምጕዳል ዘተባብዕ ውጽኢት ከም ዝተመዝገበ እውን ትሕብር።

መጐጎ ኣድሓኒት፡ ካብ ባህላዊት መጐጎ ዝፈልያ ብዙሓት ረቛሒታት ኣለውዋ። ባህላዊት ወይ ያታዊት መጐጎ፡ ንኽትረስን ዘድልያ ዕንጨይቲ

ብዘሕ'ዩ። ጽልዋኣ ኣብ ምብራስ ኣግራብ፡ ብኸላ ኣከባቢ፡ ኣብ ጥዕና ኣደን ስድራን፡ እተስዕቦ ሽግር ብቐሊሉ ዝጥመት ኣይኮነን። ዕንጨይቲ ንምእራይ ዝጠፍእ ግዜ፡ ጉልበት፡ ካርቦን ናብ ኣየር ብምውሳኽ፡ ዓለማዊ ዋዒ ኣብ ምብኣስ ተራኣ ልዑል'ዩ። ምናልባት ሓደ-ሓደ ሰባት ብዓይኒ ረብሓ ወይ ጥቕሚ ዝርእዩዎ፡ ፈሓም ካብ ያታዊት መጎኦ ዝርከብ ምኺኑ ዝገልጹ ኣይተሳእኑን። እዚ ግን፡ ብዋጋ ዕንወት ብርስት ዘይተኣደኑ ኣጉናድ ዓበይቲ ኣግራብ ዝርከብ ምኺኑ፡ ካብ ጥቕሙ ኣሉታዊ ጽልዋኡ ይብእስ።



ኣብ ዘመናዊ መጎኦ ኣድሓነት ግን እዚ ዝጠጠቐሰ ብኣንጻሩ'ዩ። ኣድሓነት፡ ቈጣቢት ዕንጸይቲ'ያ። ጉንዲ ኣይትጠልብ ፈልጺ፡ ብገፈጥ መፈጥ ሂብና ዘድልየና ሕብስቲ እነብስለላ እያ። ጉንዲ ክንጥቀም ስለዘይንግደድ፡ ፈሓም የለን። ብኣቃውማኣ ጉንዲ እተእቱ'ውን ኣይኮነንትን። ኣብ ውሽጢ ቤት ንጥዕና ሰባት ዝጐድእ እትተፍኦ ትኪ የብላን። ስለዝኾነ፡ ጽሬትን ጥዕናን ኣደታት፡ ስድራ-ቤታትን ከባቢን ውሑስ'ዩ። ዕንጨይቲ ንምእራይ ዝጠፍእ ግዜ የልቦን። ብውሑድ ዕንጨይቲ፡ ጨርቀ መርቂ፡ ባኮ፡ ቀሸምን ገፈጦ መፈጥን ብምጥቃም፡ ድሌታትካ ከተብስል ትኽእል። ብርሰት ኣግራብ ኣብ ምክልካል ብልጫኣ ልዑል'ዩ። መጎኦ ኣድሓነት ሓንቲ ስድራ፡ ኣብ ዓመት፡ ካብቲ ብባህላዊት መጎኦ ወጺኡ ናብ ኣየር ዝትፋእ ካርቦን 6 ኲንታል ብምጒዳል፡ ኣብ መዳይ ክሊማዊ ለውጢ ብእወታ ዝግለጽ ኣስተዋጽኦ ትገብር። ብዘይካ'ዚ ኣብ ወፍሪ ምግታእ ብኸላ ኣከባቢ ዝተዓወታ ወይ እወታዊ ግደ ዝጻወታ ሃገራት፡ ብመንጽር ናብ ኣየር ክብተን ዝነበሮ ዝዓቀባኦ ትፋእ፡ ካብ ዓለማዊ ውድብ ምክልኻል ክሊማ ገንዘባዊ ደገፍ ይረኽባ።

መጎኦ ኣድሓነት ንኽትስርሓ እትሓትቶ ዋጋ ክቡር እዩ። ኣብቲ ፈለማ ገለ ንመስርሒኣ ዘገልግሉ ናውቲ ካብ ደገ ብኽቡር ዋጋ ተዓዲጎም ዝኣትዉ ገለ ድማ ጸጋታታት ውሽጢ ሃገር ኮይኖም ብተጠቀምቲ ዝቐረቡ እዮም። ቱቦ መውጽኢ ትኪ ዝርከቦም ካብቶም ብኽቡር ዋጋ ብናይ ወጻኢ ሸርፊ ካብ ደገ ዝኣትዉ ፍርያት ምንባሮምን ምኽባሮምን ከይኣክል፡ ንምስላጡ ዝግበር ዝነበረ ጻዕሪ ንጨረታኡ ዝኸውን ዝሓትቶ ግዜ ዓቕልኻ ዘጸንቅቕ ጸገምዩ ነይሩ። ብሸምኡ ነዊሕ ክትስጉምን ሰፊሕ ስራሕ ክዕመም ከምዘይከኣል ተገምጊሙ። ዝርግሐ መጎኦ ኣድሓነት ዝቕጽለሉ፡ ብፍርያት ውሽጢ ዓዲ ዝትከለሉ መገዲ ተሓሲቡሉ። ነቲ ብኽቡር ዋጋ ካብ ደገ ዝኣቱ ዝነበረ ቱቦ መውጽኢ ትኪ፡ ብስሚንቶን ሑጻን ንምስርሑ ተበግሶ ተወሲዱ። ብሓጺን ዝስራሕ ዝነበረ መሬት'ውን ብሓመድ ጉላ ወይ ሓመድ ዱጋ ምስራሕ ከምዝከኣል ተረጋጊጹን ክስርሓሉን ጀሚሩ። እንተኾነ ዝርግሐ መጎኦ ኣድሓነት ንኸይቅጽል ዝዕንቅጽ መስርሒ ቱቦ ዝኸውን ሕጽረት ስሚንቶ ክሳብ ሕጂ ዘሎ ጸገም እዩ።

ሓንቲ ኲንታል ስሚንቶ፡ ን10 ስድራ ዝኣክል ቱቦ መውጽኢ ትኪ ተስርሕ። እዚ ውሑድ ክመስል ይኽእል ይኸውን። ብደረጃ ሃገር ክሕሰብ ከሎ ግና ኣሽሓት ኲንታል'ዩ ክኸውን። ይኹንምበር፡ ንመስርሕ መጎኦ ኣድሓነት ዝኸውን ዝሕተት ጠለብ ስሚንቶ፡ ምስ ቀዳምነት ናይ ቀዳምነት ዕማማት መንግስቲ ብዝሳነ መገዲ ክኸይድ ስለ ዝግባእ፡ ነዚ ምግባር፡ ነቲ ንጸዓት ደሊኻ ዝግበር ገረብ ናይ ምቅናጽ ተርእዩ ክግታእን ገረብ ናይ ምትካል ዕማም ውጽኢት ክርከቦን ይሕግዝ። በዚ ኮይኑ በቲ ግን፡ ምስራሕን ምስፋሕን መጎኦ ኣድሓነት ምስቲ ዘለዎ ኩሉ መዳያዊ ረብሓኡ ዘይተርፍ ዕማም ምኺኑ ርድኡ እዩ።

ንመጎኦ ኣድሓነት ዘገልግል ኢሎም ሓጺን ሬተ ሰሪሖም ዝሸጡ ትካላትን ውልቀ-ሰባትን ኣለዉ። ኣብ ኣሰራርሓ ከምዚ ዓይነት መጎኦ ኣድሓነት ግን፡ ስክፍታ ከምዘለዋዩ ዝግለጽ። እዚ ብስነ-ፍልጠታዊ ኣገባብ ዘይተሰርሐን ንመጎኦ ኣድሓነት ስለዘይውክልን፡ ክእረም ዘለዎ ተርእዮ ምኺኑ ይግለጽ። ድሓነት መጎኦ ክትህልዎ ዝደሊ ሰብ፡ ብስነ-ፍልጠታዊ መገዲ ዝተሰርሐት ክዕድግ ከምዘለዎ'ውን ቤት ጽሕፈት ኣሃዱ ዕብየት ናብራ ሚንሲትሪ ሕርሻ ክፍሊ ኤክስተንሽን ይመክር። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ገለ ስድራቤታት ነቲ ንመስርሒ መጎኦ ኣድሓነት ተባሂሉ ብክብሩት ዋጋ ተዓዲጉ ዝዋህቦም ናውቲ፡ ክሸጥዎን ኣብ ካልእ መዓላ ከውዕልዎን ዝረኣዩ ምህላዎምን፡ ነዚ ንምእራሙን ምክትታሉን ምምሕዳራት ዞባ፡ ንኡሳን ዞባታትን ምምሕዳር ከባቢታትን ተራኦም ክዋጽኡ ይግባእ።

ንሰነዳት ኣሃዱ ዕብየት ናብራ ሚኒስትሪ ሕርሻ ምርኩስ ብምግባር፡ ምውሓድን ምብዛሕን ግምት ከይተዋህቦ፡ ኣገባብ ኣመጋግባ ሕብረተሰብና ኣብ ግምት ዘእተወ፡ ኣብ ሽዱሽቲኣን ዞባታት ሃገርና ኣስታት 174 ሽሕ ስድራ-ቤታት ተጠቀምቲ መጎኦ ኣድሓነት ኮይነን ኣለዋ።

መጎኦ ኣድሓነት ንምስራሕ ገፊሕ ቦታ ኣየድልን። ኣብ ኰርናዕ ጸቢብ ስፍራ ዝነብሩ ስድራ-ቤታት ክጥቀሙላ ብዝኽእልሉ ብመጽናዕቲ ዝተሰርሐት'ያ። ኣገልግሎት ክትህብ ዕድመ ክህልዋ ግን፡ ማይ ኣብ ዘይኣትዎ ውሑስን ስቱርን መጽለሊ ኣብ ዝኾነ ስፍራ ክትድኰን ይግባእ። ካልእ፡ ነቶም ገዓትን ብርኩታን ዝምገቡ ኣብ መታሕት ዝነብሩ ሕብረተሰብና፡ ብዘይምርት ሓጺን እተሰርሐት "ታንዱር" ዝተሰምየት እቶን ከምዝተኣታቶ ተገይሩ እዩ። ንዝርጋሐኣ ዝምልከት ከኣ፡ ብምኽንያት መዓልቲ ናጽነት 2011 ኣብ ብዙሕ ከባቢታት ናይ ምፍላጥ ጐስጓሳት ክገበረላ ከሎ፡ ዛጊት ኣብ ህይወት'ቶም ዝወነንዋ ስድራቤታት እፎይታ ፈጢራ ከምዘላ ይግለጽ። "ታንዱር" ብቐሊሉ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ሒዝካያ እትንቀሳቐስ እቶን ብምኧና፡ ዝያዳ ተመራጺት ይገብራ።

ቅቡል መልእኽቲ ምሕላፍ ዓቢ ነገር'ዩ። መልእኽቲ ቅቡል ዝኸውን፡ ኣብ ልክዕ ግዜኡ ናብ ዝምልከቶ ክመሓላለፍ እንከሎ'ዩ። ብዛዕባ ረብሓን ጥቕሚን ኣድሐነት መጎኦ ኣብ ልክዕ ዝግብኦ ግዜ ክመሓላለፍን ክስርሓሉን ጸኒሑ'ዩ። ብዓቢኡ ኣብ ህይወትን መነባብሮን ጥዕናን ሕብረተሰብን፡ ድሕነት ከባቢን ብሉጽ ውጽኢት ከርኢ ክኢሉ'ዩ። ክብ ኢሉ ከምዝተገልጸ፡ ኣድማዕነት መጎኦ ኣድሓነት ብኹሉ መዳዩ ዘካትዕ ኣይኮነን። ኣብ ጥዕናን ቁጠባንን ስድራቤታት፡ ከምኡ'ውን ኣብ ምግታእ ብርሰት ኣግራብ ዘለዋ ኣበርክቶ ተራእዩ፡ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ቤት እትኣትወሉ መስርሕ ክሕይል ይግባእ።

# ደቀንስትዮ ዓለም

ተስፋኣለም የማነ

## "ዝቕንነ 'ግምቢ ፒሳ' ኪይደግም፡ ምሒርየ ዝጥንቀቕ"

ኢንጂነር ሮማ ኣግረዋል



ካብተን ብደረጃ ዓለም ኣብ ምህንድስና ህንጻ ግኑን ስም ዘለወን ውሑዳት ደቀንስትዮ፡ ብቕዳምነት እትጥቀስ ተባዕ መሃንድስ እያ። ኣብ ምዕራብ ኤውሮጳ፡ እቲ ዝበረኸ ሰማይ ጠቀስ ህንጻ ብዘይ ዝኾነ ኣበር ተሃኒጹ ንኽዛዘም፡ ሕልፊ ኩሉም መሳርሕታ ሞያዊ እጃማ ኣበርኪታ። ኣብ ከተማ ሎንደን ጥራሕ፡ ንድፊ ናይ ልዕሊ 500 ኣፓርታማታት፡ ድንድላት፡ ጽርግያታትን ካልኦት ዓበይቲ ትሕተ ቅርጺታትን ኣዳልያ፡ መስርሕ ህንጻቶም ድማ ከሳብ መወዳእታ ተኸታቲላ። ቆልዑን መንእሰያትን (ብፍላይ ደቀንስትዮ) ምስ ሞያ ምህንድስና ህንጻ ፍቕሪ ንኽሕዞም ዝዓለማ መጽሓፍቲ ጽሒፋ። ብዕድመ መሰረት ናብ ሓያለ ትካላት ላዕለዎት ትምህርቲ እናተንቀሳቐሰት፡ ንተማሃሮ ብዛዕባ ኣገዳስነት ሞያ ምህንድስና ህንጻ ኣብ መነባብሮን ምዕባለን ደቂ ሰባት ዘብርህ ኣነቓቓሒ መደረታት ኣቕሪባ። ካብኡ ሓሊፉ'ውን፡ ኣብ መራኸቢ ብዙሓን ምስቲ ሞያ ዝተኣሳሰር መደባት እናዳለወት፡ ብዙሓት ተኸታተልታ ኣብ ምህንድስና ህንጻ ተገዳስነት ንኸሕድሩን መረዳእታኦም ንኸዕምቑን፡ ልዕሊ ኩሉ ድማ ተማሃሮ ነቲ ዓውዲ ምርጫኦም ንኽገብሩዎ ጸላዊ ተራ ተጻዊታ። ኣብ መወዳእታ ድማ፡ ብኣበርክቶኣ ዝተደነቑ ብርክት ዝበሉ ትካላትን ማሕበራትን፡ ዝተፈላለየ ናይ ክብሪ ሽልማት ኣግዚሞማ።

ኢንጂነር ሮማ ኣግረዋል፡ ብ1983 እያ ኣብ ከተማ ሙምባይ-ህንዲ ካብ ህንዳውያን ስድራቤት ተወሊዳ። ገና ኣብ ህጻንነታ እንከላ፡ ምስ ወለዳ ናብ ኣመሪካ ብምኻድ፡ ኣብ ከተማ ኒው ዮርክ ንሓሙሽተ ዓመታት ተቐመጠት። ብድሕሪኡ ናብ ህንዲ ተመሊሳ፡ ትምህርታ ሓደ ኢላ ጀመረት። ኣብ 16 ዓመት ዕድመኣ ከላ፡ ንዝሓሸ ትምህርቲ ናብ ዓዲ እንግሊዝ ብምቕናዕ፡ ኣብ ኮሌጃዊ ቤት ትምህርቲ ኣዋልድ ሰሜን ሎንደን ኣትያ ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርታ ተኸታተለት።

ካብ ቁልዕነታ ኣትሒዛ፡ ጠፈርተኛ ናይ ምኳን ከቱር ሃንቀውንቀ ስለ ዝነበራ፡ ድሕሪ ምዝዛም ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርታ፡ ባህጋ ንምስማር ኣብቲ ብደረጃ ዓለም ልዑል ዝና ዘለዎ ዩኒቨርሲቲ ኦክስፎርድ ትምህርቲ ፊዚክስ ኣጽንዐት። ገና ናይ ፊዚክስ ትምህርታ እናተኸታተለት እንከላ፡ ኣብ እዋን ክረምታዊ ዕረፍቲ ኣብ ቤተ ፈተነ ፊዚክስ ናይቲ ዩኒቨርሲቲ ተቖጺራ ምስ መሃንድሳት ክትሰርሕ ምስ ጀመረት ግን፡ ፊዚክስን ስነ ቁጽርን እንተላይ ምስ ምህንድስና ስነ ህንጻ ንዘለዎ ዝምድና ብዕምቆት ተረድኣቶ'ሞ፡ እቲ ቁልዓ እንከላ መጻወቲ ሌጎ እናገጣጠመት ገዛ፡ ፖላስ፡ ድልድልን ካልእን ንምስራሕ ሒኾ ትብሎ ዝነበረት ንእሉቱ ቅጅል በላ። እቲ ጠፈርተኛ ናይ ምኳን ባህጋ ከኣ፡ ብቲ መሃንድስ ንምኳን ዝገንፈለ ሓድሽ ድሌታ ብቕጽበት ተተክአ። ኮይኑ ድማ፡ ኣብ 2004 ካብቲ ዩኒቨርሲቲ ብፊዚክስ ብቐዳማይ ዲግሪ ምስ ተመረቐት፡ ነቲ መሃንድስ ናይ ምኳን ሓድሽ ባህጋ ንምስማር፡ ብኡ ንብኡ ኣብ ኢምፐርያል ኮሌጅ ሎንደን ትምህርታ ቀጺለትሞ፡ ኣብ 2005 ብህንጻዊ ምህንድስና (Structural Engineering) ብኻልኣይ ዲግሪ (ማስትረይት) ተመረቐት። ከይደንጎየት'ውን፡ ኣብቲ ዓመት'ቲ ምስ ኣብ ምህንድስናን ንድፍን ስትራተጂያውያን ትሕተ ቅርጺታት ዝነጥፍ 'ፓርሰንስ ብሪንከሮፍ' ዝተባህለ ዓቢይ ኩባንያ ህንጻ ስራሕ ተቖጸረት። ኣብ 2011 ከኣ፡ ንብቕዓት ሞያኣ ዘረጋግጽ ናይ ቀዳማይ ደረጃ ወረቐት ምስክር ዘለዋ መሃንድስ ክትከውን በቕዐት።

ኢንጂነር ሮማ፡ ዛጊት ሕልፊ ካልኦት መሃንድሳት ሞያዊ ብቕዓታ ካብ ዘንጸባረቐትሉም ዓበይቲ ፕሮጀክትታት ትሕተ ቅርጺ፡ እቲ ኣብ ከተማ ሎንደን ተደኲኑ ዝርከብ፡ ኣብ ምዕራብ ኤውሮጳ



ድማ ብንውሓቱ መወዳድርቲ ዘይብሉ 'ዘ ሻርድ' (The Shard) ዝተሰምየ ኣደናቒ ህንጻ ብቐዳምነት'ዩ ዝጥቀስ። እዚ ህንጻ'ዚ 310 ሜትሮ ብራኸ ዘለዎ፡ በዓል 95 ደርቢ ኮይኑ፡ መስርሕ ህንጻቱ ኣብ ፈለማ 2009 ጀሚሩ ኣብ መፋርቕ 2012 እዩ ተዛዚሙ። ኢንጂነር ሮማ ከኣ፡ ንድፊ ናይዚ ሰማይ ጠቀስ ህንጻ (ብፍላይ መሰረቱን ኣንፉን) ንምድላውን መስርሕ ኣተሃናንጻኡ ንምክትታልን ሽዱሽተ ዓመታት'ዩ ወሲዱላ። እቲ ህንጻ፡ ኣብቲ ከባቢ ንዝርከቡ ነባራት ህንጻታት ብኣሉታ ከይተንከፈ፡ ንምንቅጥቃጥ ምድሪን ህቡብላን ካልኦት ሓደጋታትን ናይ ምጽዋር ደረጃ ብቕዓቱ ሓልዩ ኣብ ጸቢብ ቦታ ብፍሉይ ኣገባብ ንምድኳኑ ልዑል ጥንቃቐን ፍሉይ ምህንድስናዊ ብልሓትን ይሓትት ስለ ዝነበረ እያ ኢንጂነር ሮማ ነዚ ከቢድ ስራሕ ክትዓምም ዝተመዘዘት። እቲ ህንጻ ብዓወት ምስ ተዛዘመ ድማ፡ ኣብ ሓደ ኣጋጣሚ ከምዚ በለት፦

"ኣብ ሞያዊ ህይወትካ፡ ከምዚኦም ዝበሉ ዓበይትን ፍሉያትን ፕሮጀክቲታት ሓንሳብ ወይ ክልተ ግዜ ጥራሕ ስለ ዘጋጥሙኻ፡ ንድፎም ኣብ ምድላው ጌጋ ንኸየጋጥም ልዕሊ ንቡር ኣእምሮኣዊ ጸዓት ኢኻ ተህልኽ። ብፍላይ ኣብ ንድፊ መሰረት ጌጋ እንተ ፈጺምካ፡ እቲ ኣብ ልዕሊ'ቲ መሰረት ዝቐውም ህንጻ መወዳእታኡ ከም ግምቢ ፒሳ ቈናን ናይ ምኧንን ናይ ምፍራስን ተኽእሎኡ ልዑል እዩ ዝኸውን። ስለዚ፡ ኣነ ኣብ ስርሐይ ንዝቕንነ ግምቢ ፒሳ ኪይደግም ምሒርየ ዝጥንቀቕ።"

ኢንጂነርሮማ፡ኣብሎንደንንድፊናይኣማኢት

ኣፓርታማታት ካብ ምድላውን መስርሕ ህንጻቶም ካብ ምክትታልን ሓሊፉ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ብሪጣንያ ኣብ ዝርከቡ ድንቂ ምህንድስናዊ ጥበብ




ዝሓለፍዎምን ማራኺ ትርኢት ዘለዎምን ድንድላት፡ መደበራት ባቡር፡ ጽርግያታት፡ ቅርጺታትን ካልኦት ትሕተ ቅርጺታትን እውን ኣበርኪቶ ገይራ ኢያ። ንኣብነት፡ ኣብ ክሪስታል ፓላስ ዝበሃል ቦታ ዝርከብ ኣደናቒ መደበር ባቡር፡ ኣብ ዩኒቨርሲቲ ኖርዘምብሪያ ተደኩኑ ዘሎ ግሩም ድንድንል መሳገሪ ኣጋር፡ ገለ ካብቲ ምስ ⁄ስማ ተኣሳሲሩ ዝጥቀስ ሓያለ ፕሮጀክቲታት እዩ። ብፍላይ እቲ ኣብ 2007 ዝተዛዘመ ድንድል ዩኒቨርሲቲ ኖርዘምብሪያ፡ ካብ ዩኒቨርሲቲ ምስ ተመረቐት ናይ ስራሕ ተመኩሮኣ 'ሀ' ኢላ ዝጀመረትሉ ፕሮጀክት ኮይኑ፡ ካብ ሓያለ ወገናት'ታ ሃገር ኣደናቖትን ክብረን ረኺባትሉ ኢያ።

ኢንጂነር ሮማ፡ ናብ ዝተፈላለያ ኣብያተ ትምህርቲ፡ ዩኒቨርስቲታትን ትካላትን እናኸደት፡ ምስ ሞያኣ ዝተኣሳሰር ቀስቃሲ መደረታት ምቕራብ'ውን፡ እቲ ካልእ ስርሓይ ኢላ ተታሓሒዛቶ ዘላ ዕማም እዩ። ዛጊት ድማ ኣብ መላእ ዓለም ክሳብ 50 ሽሕ ዝግመቱ ሰባት (መብዛሕትኦም ተማሃሮ እዮም) ንመደረታታ ብኣካል ተኸታቲሎሞ ከም ዘለዉ፡ ጸብጻባት የመልክቱ። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ኣብ ከም ቢቢሲ፡ ቻነል-4፡ ሳይነስ ቻነል፡ ዲስካቨሪ፡ ወዘተ. ዝኣመሰላ መራኸቢ ብዙሓን (መደበራት ቴለቪዥን) ዓዲ እንግሊዝ እውን፡ ምስ ምህንድስና ኣብ ዝተኣሳሰር መደባት ትዋሳእ ኢያ። ብተወሳኺ፡ ናይ ዓለምና ፍሉጣት ህንጻታት ብኸመይ ኣገባብ ከም እተሃንጹ ዘዘንትዋ ማራኺ ትሕዝቶ ዘለወን ሰለስተ መጽሓፍቲ'ውን ጽሒፋ'ላ። ንኣብነት፡ እታ 'BUILT' ዘርእስታ ኣብ 2018 ዘሕተመታ ቀዳመይቲ መጽሓፉ፡ ንሃገራዊ ሽልማት ዝበቕዐትን ናብ ትሽዓተ ቋንቋታት ዝተተርጎመትን ኢያ። ብዛዕባ ምህንድስና ዘስተምህራ ካልኦት ክልተ ትምህርታዊ መጽሓፍቲ'ውን ጽሒፉኣላ።

ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ክትቅመጥ ምኽኣላ፡ ኣብ ምህንድስና ፍሉይ ብልሓት ብዛዕባ ኣሰራርሓ ነገራት ዝእልሽን ዝቕበልን ክፉት ኣእምሮ ንኽህልዋ ከም ዝሓገዛ እትዛረብ ኢንጅ. ሮማ፡ ንሞያኣ ካብ ዝተፈላለያ ትካላት ኣዝዩ ብዙሕ ሽልማታት፡ ኣፍልጦን ክብረን ረኺባትሉ ኢያ። ገለ ካብኡ ንምጥቃስ፡ ካብ 2011 ክሳብ 2014፡ ዝበለጸት መሃንድስ ህንጻ ተባሂላ ብውሕዱ ብሰለስተ ዝተፈላለያ ትካላት ተረቒሓን ተሸሊማን። ኣብ 2015፡ ካብ 'ማሕበር መሃንድሳትን ኣማኸርትን' ዝተባህለ ትካል ብሪጣንያ፡ ኣልማዛዊ ሽልማት ተበርኪቱላ። ኣብ 2018፡ "Member of the Order of the British Empire' ዝብል ፍሉይ ሽልማት ተዋሂባ። እንደገና ኣብቲ ዓመት'ቲ፡ ኣብ ከም 'ሮያል ኣካደሚ ኦፍ ኢንጂነርስ' ዝበሉ ብርኽት ዝበሉ ትካላትን ማሕበራትን ምህንድስና ናይ ክብሪ ኣባልነት ተዋሂቡዋ። ኣብ 2022 እውን፡ ካብ ዩኒቨርሲቲ ኖርዘምብሪያ፡ 'ዶክተር ናይ ሳይነስ' ዝብል መዓርግ ረኺባ። ኣብ 2025 ድማ፡ ካብ ዩኒቨርሲቲ ዮርክ ናይ ክብሪ ዶክትረይት ተቐቢላ። እዚ፡ ካብቲ ብዙሕ ዝዓተረቶ ሽልማታትን ክብርታትን ኮይኑ፡ ሕጂ'ውን ገና ካብ ስራሕ ዓለም ዘይበኾረት ጓል 43 ዓመት ብምህላዋ፡ ተወሰኽቲ ሽልማታትን ክብርትታትን ዘምጽኣላ ብዙሓት ኣደነቕቲ ዕዮታት ክተሰላስል ምኽኣናዩ ዝነገረላ።

## ሰእነት ድቃስ ኣትኩሮ ሓንጎል ከምዝጥፍእ ተሓቢሩ

ሰእነት ድቃስ ኣብ ዘለዎምን ዘይብሎምን ሰባት ብዝተኻየደ ናይ ሓንጎል ጀረባ (ስካን)፡ ኣብ ዕማም ሓንጎል ፍልልያት ከምዝተራእየ ተመራመርቲ ዩኒቨርሲቲ ካሊፎርንያ ሓቢሮም። ጠንቁ ግን ከምቲ ኣብ መንጎ ጫቖትን እንጓቑሖን ዘሎ ፍልልይ ኮይኑዎም ከምዘሎ ገሊጾም።

ኣብቲ ዝተኻየደ ፈተነ እቶም ድኹም ድቃስ ዘዘውትሩ ሰባት ምስቶም ምሉእ ለይቲ ደቂሶም ዝሓደሩ ሰባት ምስ ተነጻጸሩ፡ ኣቶም ብሰእነት ድቃስ ዝሳቐዩ ሰባት ኣብ ናይ ምዝካር ክእለት መርመራ ንገለ ክፋል ሓንጎሎም ኣብ ምስትኽኻል ቃልሲ ከምዝካይዱ ተነጺሩ።

ሰእነት ድቃስ ዘለዎም ሰባት ኣብ ግዜ ለይቲ ንኽድቃሱ ብዙሕ ጻዕሪ'ዮም ዘካይዱ። ጸልዋኡ ድማ ኣብ ግዜ ቀትሪ ምፍዛዝን ናይ ምዝካር ዝሕታለን ከምዘጋጥሞም'ዩ

እቲ መጽናዕቲ ን50 ሰባት ዘካተተ ኮይኑ፡ ፍርቆም ሰእነት ድቃስ ዝነበሮም ፍርቆም ድማ ዘይነበሮም'ዮም ነይሮም። ንክልቲኦም ጉጅለታት ድማ ናይ ምዝካር ክእለት ዝፍትሽ ቡዳሂ ስራሓትእናዓመሙ ከለው ብሓገዝኤም.ኣር.ኣይ ዝተባህለ ዝማዕበል መሳርሒ፡ጅረባሓንጎል ከምዝካየደሎም ተገይሩ። ንነፍሲ-ወከፍ ዝተዋህበ ናይ ድቃስ ግዜ'ውን ማዕረ'ዩ ነይሩ።

ኣብቲ ፈተነ ግን ሓደ ዓይነት ውጽኢት ኣይረኸበን፣ እቶም ሰእነት ድቃስ ዝነበሮም ሰባት ብፍላይ ኣብቲ ናይ ምዝካር ክእለት ዝቆጻጸር ክፋል ሓንጎሎም ብቕልጡፍ ከምዘይነጥፉን ከምኡ'ውን ንሓንጎሎም ካብ ምህውታት ከምዘይቆጻጸርዎን ተፈሊጡ። "እዚ ውጽኢት'ዚ ሓደ ነገር ክንርዳእ ሓጊዙና ኣሎ። ንሱ ከኣ ሰእነት ድቃስ ዘለዎም ሰባት ኣብ ግዜ ለይቲ ጥራይ ዘይኮነ ናይ ድቃስ ጸገም ዘጋጥሞም፡ ኣብ ግዜ ቀትሪ'ውን ሓንጎሎም ብግቡእ ከምዘይዓዩ ፈሊጥና" ይብል ሓደ ካብቶም ተመራመርቲ።



ምስጋና ሳሙኤል

# ስፖርት

## ንዓወት ስፖርታውያን ዝሕግዝ ምኽርታት

ኣሚን ተስፋይ

ኣብ ሆስፒታል ሕማም ኣእምሮ ቅድስቲ ማርያም፡ ሓኪም ሕማም ኣእምሮ ኮይኑ ዝሰርሕ ዘሎ የማነ ኣጽብሃ፡ ንስፖርታውያን ደቂ ኣንስትዮ ዝምልከት ንተቐዳደምቲ ብሽክለታ ደቂ ኣንስትዮ ሰራይር ሳዋ ዝሃቦ ስነ- ልቦናዊ ምኽሪ፡ ንኹለን ስፖርታውያን ደቂ ኣንስትዮ ኣገዳሲ ዛዕባ ኮይኑ ስለ ዝረኸብናዮ ጽማቕ ትሕዝትኡ እንሆ፡-

ወዲ ሰብ ስለ ዝበልዕን ዝሰትይን፡ ክዳኑ ኣጽርዩ ስለ ዝንቀሳቐስን ዝሰርሕን ወናኒ ምሉእ ኣእምሮዩ ክትብሎ ዝከኣል ከም ዘይኮነ ብምግላጽ'ዩ ኣስተምህሮኡ ጀሚሩ። ጥዑይ ኣእምሮ ዝበሃል እቲ ንኣካላዊን ኣእምሮኣዊን ኣወሃሂዱ ዝጓዓዝ'ዩ። ብፍላይ ድማ ኣብ ስፖርት ንኽልተኡ ኣወሃሂዱ ዘወዳደር ንዓወት ቀረባ እዩ። ኣእምሮኣዊን ኣካላዊን ምድላው ልዕሊ 50% ኣብ ዓወት ጽልዋ ከም ዘለዎ መኺሩ።

ዓወት ተመኒኻ ዝመጽእ ከም ዘይኮነ ብምግላጽ፡ ብዙሕ ልምምድ ስለ ዝተገብረ ንዓወት ብቑዕ ማለት ከም ዘይኮነ፡ ሰላም ናይ ኣእምሮ ዘይብሉ ጻዕሪ ንዓወት ከም ዘይበቅዕ ገሊጹ። ሰላም ናይ ኣእምሮ ዝኸልእ ጸቕጢ ከም ዝኾነ ድሕሪ ምሕባሩ፡ ክልተ ዓይነታት ጸቕጢታት ከም ዘለዉ ሓቢሩ። እወታውን ኣሉታዊን ጸቕጢ ድማ ይበሃሉ።

እወታዊ ጸቕጢ ዝበሃል፡ ውድድር ከም ዘሎ ምስ ተሓበረ፡ ነቲ ውድድር ንኽዕወታሉ ልዑል ምድላዋት ኣብ ዝገብራሉ ክብ ዝበለ ብቕዓት ክስመዐን ከሎ እዩ።

ኣሉታዊ ጸቕጢ ድማ፡ ንውድድር ብዝግባእ ተዳልየን ከለዋ፡ እቲ ውድድር ኣፍሪህወን ኣብ ሻቕሎት ክኣትዋ ከለዋ፡ ንኣእምሮ ዘይምርግጋእ ከም ዝፈጥረሉ ገሊጹ። እዚ ኩነት ኣብ ኣእምሮ ስፖርታውያን ዘይምርግጋእ ስለ ዝፈጥር ዓወት ብኽሳራ ከም ዝትካእ ኣብነታት ገሊጹ መብርሂ ሂቡ።

እዞም ዝስዕቡ ብፍላይ ስፖርታውያን ክፈልጥኦ ዘለወን ምልክታት ጸቕጢ እዮም። ንኣብነት፡-

- ቀኑጥዕ ቁጥዕ ምባል
- ህርመት ልቢ ክውሰኽ ከሎ
- ዓቕሚ ዘይብልኪ ኮይኑ ይስማዓኪ
- ብዘይምኽኒት ምሽቃል
- ስነ-ኣእምሮኣዊ ድኻም ይስማዓካ
- ተስፋ ምቕሳራጽ



- ናይ ምስትውዕል ብቕዓት ምጉዳል…

ብውሑዱ እዞም ዝተገለጹ ስምዒታት ክስምዐን ምስ ዝጀምር ኣሉታዊ ጸቕጢ ከም ዘማዕበላ ክፈልጣ ከም ዝግባእ ሓቢሩ።

ነዞም ምልክታት ጸቕጢ ብምንታይ ተመሓድሮም፧ ዝብል'ዩ ብገዛእ ርእሱ ሕቶ ኣልዒሉ የማነ ኣጽብሃ በዚ ዝስዕብ ኣብርሂዎ ኣሎ።

ስፖርታውያን ብስነ-ፍልጠታዊ መገዲ እንተተጓዒዘን፡ ኣእምሮአን ሰላም ንኽረክብ እንተሰሪሐን፡ ስነ-ምግባር እንተኣውሒሰን፡ ምስ መወዳድርተን ብፍቕሪ እንተተመላሊሰን፡ ንኣሰልጣኒአን፡ ሓለፍቲ ጋንታትን ፈደረሽንን እንተኣኽቢረን፡ ብመትከል ንዕላማአን ብዓወት ከረጋግጻ እንተተበጊሰን፡ ብሓፈሻ ንኣእምሮኣዊን ኣካላዊን ብቕዓት እንተኣወሃሂደን ንኣሉታዊ ጸቕጢ ከማሓድርኦ ቀሊል ከም ዝኾነ ገሊጹ።

ብዙሓት ኣብነታውያን ኤርትራውያን ስፖርታውያን ከም ዘለዉ ብምሕባር፡ ኣሎምፒካዊ ብንያም ግርማይ፡ ነዞም ዝተገለጹን ካልኦት እወታውያን ረቛሒታት ስለ ዘማልአ ናይ መጀመርታ ዕዉት ኣፍሪቃዊ ኤርትራዊ ኣብ ዙር ፈረንሳ ቀጠልያ ማልያ ክለብስ ዝበቕዐ ኮይኑ ዝለዓለ ክብሪ ስሙን ሃገሩን ዘንጸባረቐ ከም ዝኾነ ገሊጹ።

“በዓል ቦካቻ፡ ሰባት እዮም፡ ኣብ ተሪር ዓቐበት ክሕንበብ ከሎ ካብ ካልእ ፕላኔት ዝመጸ ፍጡርዩ ዝመስል። እቲ ሓቂ ግን ኣእምሮን ኣካላዊ ብቕዓትን ኣወሃሂዱ ብስነ-ፍልጠት ንጻዕሩ ስለ ዘመሓድሮ ከም ዝኾነ የማነ ገሊጹ።

ስፖርታውያን ናብ ውድድር ቅድሚ ምእታወን እንታይ ክገብራ ከም ዘለወን ሞያዊ ምኽሪ ኣብ ዝሃበሉ፡-

**- ርእሰ - ምትእምማን ከዕብያ**







-ኣወንታዊን ኣሉታውን ጸቕጢታት ክቆጻጸርኦም

- ንዚጋጥመን ጸቕጢ ፈቲሐን ናብ ረብሓታተን ክልውጥኦ

- ናይ ደገፍቲ፡ ስድራቤት፡ ጋንታን ካልእን ጸቕጢ ኣሎ። ነዚ ጸቕጢ ንምብዳህ ኣብ ግዜ ውድድር ጉዳይ ውድድረን ጥራይ ክገብራ

- ኣብ ግዜ ውድድር "ከምዚ ግበሪ" ዝብል ደጋፊ ይኹን ዝህብዎም ርእይቶታት መብዛሕትኦም ስምዒታውያን ስለ ዝኾኑ፡ እዞም ጎድናዊ ርእይቶታት ኑቲ ብኣሰልጣኒ ዝወሃብ መምርሒ ክጉናደቦ ስለ ዝኽእል፡ ናይ ኣሰልጣንአን መምርሒ ጥራይ ክኽተላ

- ንደቂ ሰብ ስምዒት ስለ ዝመርሓና፡ ንስምዒት ክትቆጻጸርኦ ይግባእ

- ኣብ ግዜ ውድድር "እንታይ ክገብር" ኢልክን ኣይጨነቓ። ኑቲ ዘጻዓረክናሉ ልምምድ ጥራይ ክትደግምኦ ጻዓራ

- ኣብ ግዜ ውድድር ጌጋ ክይገብር ኢልክን ኣቕዲምክን ኣይትሸቐረራ። ምኽንያቱ፡ ጌጋ መናብርትና ስለ ዝኾነ ኪጋጥም ባህርያዊ እዩ። ንጌጋ ተረጊጊእካ ምእራም ጥራዩ ውጽኢት ዝህብ

-ኣብ ድሮ ውድድር ድቃስ ዝኸልእ ከም ሞባይል፡ ቲቪን ካልእን ምርኣይን ከበድቲ መግቢን ምውጋድ

ጽልዋ ማሕበራዊ መራኸቢታት፡ እዚ ንብዙሓት ስፖርታውያን ዘሻቕል'ዩ። መፍትሒኡ ድማ ቀሊል እዩ። ኣብ ግዜ ውድድር ዓወትን ስዕረትን ከም ዘጋጥም ፈሊጥካ ምእታው እዩ። ሎሚ እንተዘይተዓዊተን፡ ኣብ ቀጻሊ ጌጋታተን ኣሪመን ንኽዕወታ እንተ ጽዒረን ዘይዕወታሉ ምኽንያት ከም ዘየለ ኣነጺሩለን።

ውጽኢት ክመጽእ እንተኾይኑ፡ ንጹር ዕላማ ክህሉ ኣለዎ። ሓያል ጻዕሪ የድሊ፡ ሰላም ናይ ኣእምሮ ድማ ከምቲ ደጋጊምና ዝበልናዮ እንተተወሃሂዱ ዓወት ዘይመጻሉ ምኽንያት የለን።



ጋንታ ስራይር ሳዋ

ኣብ መወዳእታ የማነ ኣጽማሃ ዝሃቦ ምኽሪ፡ "ኣካላዊን ኣምሮኣዊን ኣወሃሂድክን እንተሰሪሕክን ከም እትዕወታ ዘጠራጥር ኣይኮነን። እዚ ብስነ-ፍልጠት ዝተረጋገጸ ስለ ዝኾነ፡ ድሕሪ ዓወት ግን ኣብ ገለ ገለ ስፖርታውያን ትዕቢት ወይ ኣንነት ኣብ ዝብጻሕ በጺሐ' ኢልካ ሸለልትነት ስለ ዝርአ፡ ካብ'ዚ ጉዳይ ክጥንቀቓ ይምዕድ፡" ኢሉ።

## "ኣልማዝዊ ኢዮቤልዩ ታሪኽ ስፖርት ኤርትራ"

"ጽንዓትና ዋሕስና" ብዝብል ቴማ ንመበል 35 ዓመት ጽምብል ናጽነት ኤርትራ ንምድማቕ ኣብ



መላእ ሃገር ዝተኻየዱ ሰፋሕቲ ንጥፈታት ብመኮነን ሓበሬታን ጎስጓስን ሓይሊታት ምክልኻል ዝተዳለወን ጉዕዞ 100 ዓመታት ስፖርት ሃገርና ዝድህስስ ስእላዊ ኤግዚቢሽን ብ18 ግንቦት 2026፡ ብኽቡር ጀነራል ፊልጶስ ወልደዮውሃንስ ጠቕላሊ ሓለቓ ስታፍ ሚኒ/ምክልኻል ኤርትራ ተኸፊቱ ክሳብ 26 ግንቦት ንኣሸሓት ተዓዘብቲ ዘሳተፈ ከም ዝነበረ ይፍለጥ። እቲ ኣብ ከፋት ቦታ ከባቢ ምምሕዳር ዞባ ማእከል ዝተራእየ ምርኢት፡ "ኣልማዝዊ ኢዮቤልዩ ታሪኽ ስፖርት ኤርትራ" ብዝብል ቴማ'ዩ ተዳልዩ ነይሩ።

ኣባል መኮነን ጎስጓስን ሓበሬታን ሚኒ/ምክልኻል የናስ ሃይለ (ፒፖ)፡ ብናቱ ተበግሶ ካብ ስድራ ቤታት ስፖርታውያን ስእሊታት እናምጽአ፡ ኑቲ ንኣስታት ሓደ ክፍለ - ዘመን ዝውክል ስእላዊ ኤግዚቢሽንን ደቂ ኣንስትዮ ዝምልከትን ታሪኻዊ ኣሳእል ኣዳልዩ ነይሩ። እቶም ናይ ደቂ ኣንስትዮ ኣሳእል ካብ ኣርባዓታት ክሳብ 2026 ዝውክሉ'ዮም ነይሮም።

እተን ኣብ ኣርባዓታት ኩዕሶ ሰኪዐት ዝጻወታ ዝነበራ፡ "ቀ-ምጣ ስረ ክንለብሳ ባህልና ኣየፍቅደልናን'ዩ" ኢለን ሸፎን ገይረን ክጻወታ ከለዋ። ተዓቂቡ ዝጸንሐ ስእሊ ድማ ዝያዳ ኣቓልቦ ስሒቡም ካብ ዝነበሩ ኣሳእል እዩ።

ኣብ ሓምሳታት ዝበዝሓ "ምዕቡላት ሃገራት ኢና" ዝብላ፡ ውድድር ብሽክሊታ ኪይጀመራ ከለዋ፡ ኣብ ኤርትራ ዝወዳደራ ደቂ ኣንስትዮ ከም ዝነበራ ሓንቲ ካብአን መምህር ሂወት ገብሩ ተቐዳዳሚት ከም ዝነበረት ቀሪቡ።

ኣብ ሰውራ ኤርትራ፡ ምስ ኩሎም ብድሆታት ቃልሲ ደቂ ኣንስትዮ ተጋደልቲ ተልእኾ ገድሊ ከየጎናደባ ኩዕሶ እግሪ፡ ጉያን ኩዕሶ መርበብን ይጻወታ ከም ዝነበራ ዘርኢ መሳጢ ስእሊ ቀሪቡ ነይሩ።

ኣብ 1987፡ ንኤርትራ ወኪላ ኩዕሶ ሰኪዐት ክትጻወት ናብ ኣዲስ ኣበባ ዝኸደትን "ናይ መላእ ኢትዮጵያ ብልጽቲ ኣመዝጋቢት ሾቶ" ተባሂላ ዝተሸለመት ሃና ሃይለ፡ ስእላ ኣብ'ቲ ምርኢት ደሚቑ ነይሩ። ብስውእ ኣሰልጣኒ ሰርከስ ጽጋቡ ስዩም ዝሰልጥና ዝነበራ ኪኢላታት ብቕርጺ ኣካላተን ተኣምር ዝሰርሓ ዝነበራ ኣካል ናይ'ቲ ኤግዚቢሽን ነይረን። ደቂ ኣንስትዮ ድሕሪ ናጽነት ንዘተፈጥረለን ዕድላት ተጠቒመን፡ ኣብ ብሽክሊታ፡ ኩዕሶ እግሪ፡ ሰኪዐት፡ መርበብ፡ ጉያን ካልእን ኣብ ዝተፈላለዩ ኣህጉራዊ ዓወታት ዘንጸባረቓኦ ጸብለልታ ብስእሊ ጎሊሑ ነይሩ።

# ይብሉ ነበሩ !

## "ብዘይ ክንፊ'ዶ ይበርር ሊሉ፡ ብዘይ ሃገሩ'ሽ ዝኽብር መን ኣሎ፧"

ኣልጌና ወልደማርያም

ንዓና ኤርትራውያን፣ ሃገራውነት ራብዓይ ዋህዮ ደምና እዩ። ገጠምቲ ቃላት ኣገጣጢሞም፣ ደረስቲ ዛንታ ሰፍዮም፣ ድምጻውያን ዘይሞም፣ ኤርትራውነት እንታይ ምዃኑ ክገልጹ ፈቲኖም። ተገሊጹ ዝተወደአ ግን ኣይመስለንን። ምናልባት ተተንኪፉ ይኸውን። 'ኤርትራውያን ተዋዘይቲ እዮም። ብሃገሮም እንተ መጺኻዮም ግን ተናኸስቲ!' ዝበለኒ ደኣ መን እዩ ደቀይ፧

ስድራ ንእሽቶ ሃገር እያ። ሃገር ከኣ ዓባይ ስድራ። ሃገር ንኽትህልወና ከም ዜጋታት ዝኸፈልናዮ ዋጋ፣ ረዚንን ዓሚቕን እዩ። ጉዕዞ ኤርትራ ካብ መግዛእቲ ክሳብ ልኡላውነት፣ ሓደ ገጹ መስገደል፡ ካልኣይ ገጹ መስተንክር እዩ። 'ንዓለም ንእሽቶ'ኺ ሃገረይ፡ ንዓይ ግን ንስኺ ዓለመይ' ውን ተባሂሉላ እዩ። ስለዚ ንዓና ሃገርና ዓለምና እያ። ይብሉ ነበሩ!

ንሎሚ ግና ሃገር ንኽትህሉ ዝተኸፍለ ዋጋ፡ ብስንክሳራዊ ኣገባብ ከቕርበልኩም ክፍትን እየ። ይብሉ ነበሩ!!

### 1. ንነብሰኻ ምቕባር

ቅድሚ ሜዳ ምውጽኡ ንፉዕ ኣጥቓዓይ ነይሩ። መርዘን ተኸላኸልቲ። ብፍላይ የማነይቲ እግሩ ኣይትምሕርን እያ። ጉዳይ ሃገር ኮይኑ፡ ባንዴራ ክደሊ ምስ መሳትኡ ሜዳ ወጽዩ። ኣብ ሓደ ውግእ ፈንጂ ምስ ረገጸ፡ ዘጋጠሞ ብቓላቱ፣

"ኣይተረደኣንን። እግሪ ካብ ሰብ ወጽያ፣ ፍር ፍር እናበለት ክትከይድ ርእየያ። ናተይ ኣይመሰለትንን። ደሓር ግን ፈሊጠ። እታ ዘይትምሕር የማነይቲ እግረይ፡ ፈንጂ ቖሪጽዋ። ኣነ ሕክምና ተወሲደ፡ እግረይ ግን በይና ተቐቢራ። ካብ ሕክምና ምርኩስ ሒዘ ተመሊሰ። ዝክሪ ሰማእታት ጌረ ኣፋንየያ!" ኢሉኒ። ነብስኻ ምቕባር ውን ይከኣል እዩ። ምእንቲ ናጽነት!! ይብሉ ነበሩ!!

### 2. መስዋእቲ ከም በለጽ

ኣብ ገድሊ ኤርትራ መስዋእቲ ከም በለጽ፡ ዝሕሰበሉ ኣጋጣሚ ነይሩ። መስዋእቲ'ስ በለጽ፧ ኲነታት እንተ ጸንኪሩን፡ መሬት ሓዊ እንተ ተፊኣ፡ ጥሜትን ዕርቃንን ንግስነቶም ኣብ ዝእውጅሉ እዋን፡ ኮታ ምንባር ከም ዓይኒ መርፍእ ኣብ እትጸበሉ ህሞት ምስዋእ፡ ገለ ተጋደልቲ በለጽ ይሓስብዎ።

"ከመይ ጌሮም፧" እንተ ኢልካ፣

"መስዋእቲ ደኣ ሓላል እንድዩ። መከራ ሰውራ ገዲፍካ ምስዋእ ከኣ በለጽ እዩ። ነብስኻ ምፍታው።" ይብሉኻ ብስምዒት። መስዋእቲ በለጽ ኣብ ዝኾነሉ መሪር ተጋድሎ፡ ዘይምስዋእ ንኹሉ መከራታት ኣብ ዝባንካ ምጽሓይ እዩ። ይብሉ ነበሩ!

### 3. ተጋዳላይ ዝበሃል ምህዞ

ንሓደ ሓርበኛ ሓንቲ ሕቶ ወስ ኣቢለሉ። "ሰውራ ኤርትራ ብኸመይ ተዓዊቱ፡ ብዝሒ ሰራዊት ኣይነበሮን፡ ቀረብ ኣጽዋር ኣይነበሮን፡ ደገፍ ዓርሞሸሻውያን ሓይልታት ውን ኣይረኸበን፡ ግን ብኸመይ ተዓዊቱ፧" ምስ በልክዎ፣

"ውድብ ጸገማ ፈሊጣ ምህዞ ምሂዛ፧" ኢሉኒ።

"እንታይ ዝበሃል ምህዞ፧" ምስ በልክዎ፣

"ተጋዳላይ!" ኢሉኒ።

ሓቂ እዩ ነይሩ። ተጋዳላይ! ንውሑድ ቍጽሪ ዘራብሕ፡ ኲናት ውዒሉን ብጾቱ ቐቢሩን ተወደብ ዝስዕስዕ፡ ጠምየን ጸሚኣን ዘይወጽ፡ ዓሪቀ ዘይብል፡ ንሞት ዝነዓቐ፡ 'ዓወት ንሓፋሽ' ዝመዝሙሩ ፍሉይ ምህዞ እዩ። 'ሰብ ኬንኳ ታዕሊም ትወርድ። ሽዑ ተጋዳላይ ቀይሮም ይውዝዑኻ' ወሲኹኒ።

### 4. ፈውሲ ዕርቃንን ጥሜትን ኲናት እዩ

ህዝባዊ ግንባር ኩሉ ዓይነታዊ ሕጽረት ነይርዎ። ግን ውሑድ በሊዑ፡ ነዊሕ ዝቓለስ ተጋዳላይ 'ተማሂዙ'። ጥሜት ውን ኣካል እቲ ቃልሲ ተሓሲቡ። ዕርቃን እሞ ዘረባ የብሉን። በጀልጀል እናበልካ ምግዳል፡ ተራ ሕጽረት ይኸውን ነይሩ። ሕፍረትካ ምሽፉን ጥራይ እዩ ዘገድስ። ክሻ ክዳን ዝኾነሉ እዋናት ነይሩ። ክሻ መትሓዚ እኸሊ!

ኲናት ግን ክልተ ነገራት ሒዙ እዩ ዝመጽእ። በቲ ሓደ መስዋእትን መውጋእትን። በቲ ካልእ ከኣ፣ መግብን ክዳንን። ተጋደልቲ ኣብ ኲናት ኣትዮምን ጥይት እንተ ስሒታቶም፡ ናይ ጸላኢ እስቓጥላታት መግቢ ይረኽቡ። ዝዓረቐ ክዳውንቶም ውን ብሓድሽ ይትክእዎ። ካብ ምዉታት ሰራዊት ደርግ ማለት እዩ። ስለዚ ኲናት እንተ ኣሎ፡ ቕያር መግቢ ኣሎ። ኲናት እንተ ኣሎ፡ ዝዓረቀ ምኽዳን ኣሎ። 'ኲናት ከም ኣውደኣመት' ይብሉ ነበሩ!